ኢፕድ
# ወጋሕታ
1ይ ዓመት | ቑፅሪ 027 | 5 ጉንበት 2013 ዓ.ም | ሓሙስ | ብር 10.00



# «ኹሳትና ናብ ሓድነትን ምርድዳእን ንመለስ፣ እስላማዊ ዝኾነ ኣካይዳ ንኺድ»

**- ተቐዳሚ ሙፍቲ ሐጂ ዑመር እድሪስ**

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- «ኹሳትና ናብ ሓድነትን ምርድዳእን ንመለስ፣እስላማዊ ዝኾነ ኣካይዳ ንኺድ» ክብሉ ተቐዳሚ ሙፍቲ ሐጂ ዑመር እድሪስ ገሊፆም።

ፕሬዝደንት ጠቕላሊ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያ ተቐዳሚ ሙፍቲ ሐጂ ዑመር እድሪስ መበል 1442 በዓል ዒድኣልፈጥር ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ፣ «ኣንሕና ዝኾነ ሰብ ክብደል፣ ክጉዳእ፣ ክፅገም ኣይንደልን፤ ሰላምና ዘፍርስ 'ውን ኣይንፈቅድን ኣይንሑገስን፤ በጃኻትኩም ግደፉ ኢና ንብል፤ኣብ ውሽጢ ዓድን ደገን ዘለኹም ኣሕዋትና ናብ ሓድነትን ሰላምን ንመለስ፣ናብ ልምዓት ንመለስ፣ናብ ምቅርራብን ምምኽኻርን ንመለስ፣ናብ ምትሕብባር ንመለስ፣ሓደራ እስላማዊ ዝኾነ ኣካይዳ ንኺድ» ኢሎም።

ብፍላይ ነብይና ሱ.ዓ.ወ «ሙስሊም ማለት ካብ ኽፉእ ዝርሓቐ እዩ፣ኣብ መልሓሱን ኣብ ኢዱን ተንኮል ትፅቢት ዘይግበሮ፣ ኽፉእ ዝሓስብን ዝገብርን ድማ ኢማን (ሃይማኖት) የብሉን ይብለና» ክብሉ ገሊፆም።

ድኻታት ምርዳእ «ዘካ» ኣብ ሰዓቱ ክግበር ከም ዘለዎን እቲ ኻሊእ ድማ ብንግሆ ናብ መስገዲ ቦታ ምኻድ ግድን ከም ዝኾነን ሕልፊ ምስጋድ ከምዘይፍቀድን፤



እኳድኣስ ንድኻታት ምግቢ ምብላዕን ሰደቓ ምብርካትን ከም ዝግባእ ገሊፆም።

ብተወሳኺ ድማ ዓቕመ ድኹማትን ፣ሕሙማትን ምርኣይ፣ካብ ዘለና ምምቃልን ብሓባር ምብላዕን ምሕጓስን፣ምትሕብባርን ምቅርራብን ሃይማኖታዊ ተግባርን ኣድላይን እዩ ክብሉ ኣዘኻኺሮም።

እቶም ናይ ሃይማኖት ኣቦ ብዛዕባ ኣከባብራ እቲ በዓል ከምዝበልዎ «ዓሚ ኣብ መስጊድ ኣሕሊፍናዮ ኢና ሎምዘበን ግና ከምቲ ዝተለመደ ኣብ ስታድየም ኢና ክንሰግድ ምስ መንግስቲ'ውን ተመኻኺርና ኢና፣ኣንጊህና ምኻድ የድሊ፤ብሰላም ምኻድ የድሊ ከምኡ 'ውን ሶላትና ብሰላም ክንፍፅም ይግበኣና፤ክንምለስ ከላና'ውን ብሰላም ተመሊስና ናብ ገዛውትና ክንበፅሕ የድሊ፤ምኽንያቱ ሰላምን ሓድነትን ተዘይሃልዩ ናብራ ይበላሾ ኣኺራ 'ውን ይበላሾ ከምኡ 'ውን ናይ ዱንያ ህይወት ይበላሾ እዩ ክብሉ ሚዒዶም።

«ብሓፈሻ ንኹሉ ሙስሊም ንሰብኣይ ይኹን ንሰበይቲ፤ ከመሓላልፎ ዝደልዩ ሰላማዊ ዝኾነ ኣካይዳ ንኽንኸይድ ሓደራ ይብል፤ሶላትና 'ውን ሰላማዊ ብዝኾነ መገዲ፣ብስነ ስርዓት ኽንሰግድ ኣለና ይብል፤ክንምለስ ከለና'ውን ብሰላም ንኽንምለስ ሓደራ ይብል ክብሉ ተማሕፂኖም።

«ሙስሊም ዝተኸበረ እዩ፤ሙስሊም ስነ ስርዓት ዘለዎ ሰብ እዩ፣ሙስሊም ምስ ሰብ ዝቀራረብ ሰብ እዩ፤ሙስሊም ናይ ምክብባር ሰብ እዩ ስለዝኾነ ተኸባቢርና ሶላትና ሰጊድና ናይ ሃገርና ሰላም ሓሊውና፤ንድኻታት ክነማቕል

—ኹሳትና ... 9

# «ሃገርና ምፍታው እንትንጅምር እምነትና ዝበለፀ ሙሉእ ይኸውን»

**- ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ**

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ንመበል 1442 ግዘ ዝኸበር በዓል ዒድ ኣልፈጥር ናይ እንኳዕ ኣብፀሐኩም መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም። ነንባዕልና እንትንተሓሳሰብን ሃገርና ምፍታው እንትንጅምርን እምነትና ዝበለፀ ሙሉእ ይኸውን ክብሉ ተዛሪቦም።

እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ከምዝበልዎ፣ ነብዩ መሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) «ንሃገርኻ ዘለካ ፍቕሪ፣ሓደ ኣካል እምነትኻ እዩ፤ ኣብ ድንበር ከለዉ፣ብድቃስ ከይተስዓሩ ሃገር ኣላህ ብዝፈትዎ መገዲ ምሕላው፣ልዕሊ ኹሉ

"ሃገርና ... 9

# «ኣብ ትግራይ ህዱእ ህዝባዊ ሰላምን ምምሕዳርን ንምርግጋፅ ተሳትፎ መንግስትን ህዝብን ኣድላይ እዩ»

**- ዶክተር ኣብርሃም በላይ**

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ህዝቢ ማእኸል ዝገበረ ህዱእ ህዝባዊ ሰላምን ምምሕዳርን ኣብ ትግራይ ንምርግጋፅን ህዝቢ ሓበራዊ ሰላምን ምርግጋፅን ቅድምያ ብምሃብ ንዝሓለፉ ክፍተታት ይቕርታ ብምግባር ኣብ ቕድሜና ወሳናይ ምድሓን ህይወትን ዳግም ህንፀት ዓድናን መላእ ህዝቢ ንክሳተፍ ዋና ስራሕ ፈፃሚ ግዜያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ዶክተር ኣብርሃም በላይ ፃዉዒት ኣቕሪቦም።

ኣብ ቐረባ እዋን ዋና ስራህ ፈፃሚ ግዜያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኮይኖም ንክሰርሑ ሓላፊነት ዝተውሃቦም ዶክተር ኣብርሃም በላይ ንመራኸቢ ሓፋሽ

"ኣብ ... 2

# ሱዳን ቕዋማ ክትቕይር ዝገበራ ፅዕንቶ ግብፅን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዘሎ ዘይምርግጋፅን እዩ ተባሂሉ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሱዳን ቕድሚ ሕዚ ኣብ ግድብ ህዳሰ ዝነበራ ቅዋም ኣብ ቐረባ ግዜ ክትቕይር ዝገበራ ፅዕንቶ ግብፅን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዘሎ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋፅ እዩ ክብላ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ተማሃሪት ፒኤችዲ ዝኾና ወይዘሮ መካ ኣደም ተዛሪበን።

ወይዘሮ መካ ኣደም ምስ ትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝገበረኦ ቓለ መሕትት ከምዝገለፀኦ፣ሱዳን ን9 ዓመታት ብተኻታታሊ ግድብ ህዳሰ ንህዝቢ ሱዳን ከምዝጠቕም ስለ እትፈልጥ ኣብ ጎኒ ኢትዮጵያ ኮይና ከትሕግዝ ድሕሪ ምፅንሓ ኣብ ቐረባ ግዜ ቕዋማ ክትቕይር ዝገበራ ፅዕንቶ ግብፅን ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ

ሱዳን ... 9

«ነቲ መረፃ ንምትዕንቓፍ ድልየት ዘለዎም ኣካላት እንተሃለዉ ' ውን ኣይሳኸዐሎምን»

-ኣይተ ገዱ ኣንዳርጋቸው



ገፅ 5

«ግብፂ ግድብ ህዳሰ ንምስንኻል ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ብዓመፅ ዝንቀሳቐሱ ኣካላት እናደገፈት እያ ትርከብ »

- ወይዘሮ መካ ኣደም



ገፅ 6

ወጋሕታ

# ዜና

## ሽርሒ ዓንቀፍቲ ሃገራዊ ምርጫ ከምዘፍሸለ ሓይሊ ዕማም ደሕንነትን ፀጥታን ገሊፁ

መሰረት ገ/ዮሐንስ

ኣዲስ ኣበባ:- መበል ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ንምትዕንቓፍ ብሕቡእ ተወዲቦም ዝንቀሳቐሱ ናይ ዝነበሩ ጉጅለታት እኩይ ሽርሒ ከምዘፍሸለ ሓበራዊ ሓይሊ ዕማም ደሕንነትን ፀጥታን ገሊፁ።

ኣብ ሃገራት ወፃኢ ብዝነብሩ ውሱናት ፅንፈኛታት ኣባላት ዲያስፖራ ደገፍ ፋይናንስ፣ ሓሳብን ሎጀስቲክስን ኣብ ዉሽጢ ዓዲ ዓመፅን ጎንፅን ተልዕኾ ብምሃብ ንክፍፅሙ ብሕቡእ ንዝወደቡዎም ኣካላት ብምውፋር ህውከትን ዕግርግርን ብምፍጣር መበል ሻድሻይ ሃገራዊ ምርጫ ንምትዕንቓፍ ብሕቡእ ተወዲቦም ይንቀሳቐሱ ከምዝነበሩ ሓይሊ ዕማም ደሕንነትን ፀጥታን ንመራኸቢ ሓፋሽ ኣብ ዝዘርግሖ መግለፂ ኣፍሊጡ።




በቲ ሓይሊ ዕማም ብዝተገበረ ክትትል ድማ ኣወዳድቦኦም፣ ኣመራርሓ፣ ዘይሕጋዊ መሳርሒታት ኩናት፣ ዝተፈላለዩ ናውቲታት፣ ዝውውር ደገፍ ገንዘብ ዝተገበረሎም መረዳእታታት፣ እቲ ተልእኾ ዝምልከት ዝተፈላለዩ መረዳእታት ተዋዲዶም ስጉምቲ ይውሰድ ከምዘሎ እቲ መግለፂ ሓቢሩ።

እቶም ብሕቡእ ተወዲቦም ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ጉጅለታት ምስ ውሱናት ኣባላትን ኣመራርሓን መንግስቲ፣ ምስ ኣመራርሓ ገዛእን ተነሓናሒቲ ፓርትታት ፖለቲካ፣ ካብ ትካላት ደሕንነትን ፀጥታን ምስ ዝለቐቑን ኣብ ስራሕ ምስዘለውን ሰባት ሚስጢራዊ ርክብ ብምፍጣርን ምስ ብሕቡእ ዝተወደቡ ዕጡቓት ምትእስሳር ብምፍጣር ሃገራዊ ትርምስ ንምፍጣር ዘኽእል ሽርሒ ብምሓዝ ይንቀሳቀሱ ከምዝነበሩ መግለፂ ሓይሊ ዕማም ኣብሪሁ።

‹‹ብዛዕባ ኣዲስ ኣበባ ስቕ ኣይንብልን›› ብዝብል ኣብ ውሽጢ ዓዲን ወፃኢን ብዝርከቡ ውልቀ ሰባት ዝተፈጠረ ኣወዳድባ ኣብታ ከተማ ንዝርከቡ ኣተሓባበርቲ ሕቡእ ጉጅለ ዝተፈላለዩ ተልእኾታት እንትወሃብ ነይሩ ኢሉ።ክሳብ 300 ዝኾኑ ኣባል መናእሰይ ብምውዳብ ትልሚ ብምሓዝ ምድላው ዓመፅ ይግበር ከምዝነበረ ድማ ገሊፁ።

ህውከትን ዕግርግርን ብምፍጣር መበል ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ብምትዕንቓፍ ብሓይሊ ናብ ስልጣን ንምድያብ ብሕቡእ ዝንቀሳቐስ ሓይሊ ካብ መንጎ ዝመርሑ ዝነበሩ ብጉድለት ስነ ምግባር ካብ ሰራዊት ዝተሰናበተ ሃምሳ ኣለቃ ይሁኔ ጀምበሬ ሓደ ከምዝኾነ እቲ መግለፂ ሓቢሩ።

ኮማንደር ኣባል ሰራዊት ነበር ሙሉጌታ ፅጌ ጥላሁን ዝተብሃለ ውልቀ ሰብ'ውን ምስ ሃምሳ ኣለቃ ይሁኔ ጀምበሬ ብሕቡእ ይንቀሳቐስ ከምዝነበረ ኣብ መግለፂ ሓይሊ ዕማም ደሕንነትን ፀጥታን ተገሊፁ ኣሎ። ክልቲኦም ሓዊሱ 15 ተጠርጠርቲ ንእኩይ ሽርሖም ይጥቀሙሎም ምስ ዝነበሩ ሰነዳት፣ በረርቲ ወረቀታት፣ ላፕቶፕን ዴስክቶፕ ኮምፒዩተራት፣ ኣፅዋር ኩናት፣ ዝተፈላለዩ ደብተር ኣካውንት ባንክ ኣብ ትሕቲ ቑፅፅር ምውዓሎም እቲ መግለፂ ኣብሪሁ።

እቶም ውልቀሰባት ብተደጋጋሚ ካብ ኣዲስ ኣበባ ናብ ክልል ኣምሓራ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ብምንቅስቓስ መናእሰይ እንትምልምሉን ስልጠና እንትህቡን ፀኒሖም ኢዮም ዝበለ እቲ መግለፂ ፣ብተወሳኺ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ካልኦት ከባቢታትን ብዕጥቂ ዝተደገፈ ዓመፅ ብምፍጣር ዝተዋደደ ሁውከት ንምፍጣር ብሕቡዕ ይንቀሳቐሱ ነይሮም ኢሉ።

ኣብ ኣሜሪካ ምስ ዝነብር ፕሮፌሰር ኣበራ መሸሻ ዝተብሃለ ውልቀሰብ ህግን ስርዓትን ብዝጠሓሰ ብሕቡእ መገዲ 85 ገፅ ዘለዎ ዘይ ሕጋዊ ሓዱሽ ረቒቕ ሕገመንግስቲ ብምድላው ሓደ ሺሕ ኮፒ ተሓቲሙ ንክብተን ኣብ ምድላው እናሃለወ ኢድ ብኢድ ከምዝተትሓዘ ተገሊፁ።

ኣብዚ ሕቡእ መርበብ ርክብ ኣብ ሃገረ ጀርመን ዝነብሩ 45 ፅንፈኛ ዳያስፖራታት ተወዲቦም ናይዚ ዘይሕጋዊ ምንቅስቓሽ ኣካል ኮይኖም ከምተረኸቡ ዘመልከተ መግለፂ ሓይሊ ዕማም፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ዝርከብ‹‹መሰረት የበጎ አድራጎት ድርጅት››ዝተብሃለ ዘይመንግስታዊ ትካል ከም ከውሊ ብምጥቃም በሽም እቲ ትካል ካብ ወፃኢ ካብ ቐረፅ ነፃ ብዘእተውዎም ናይ ትምህርቲ ናውቲ ሓገዝ፣ ክዳውንቲ፣ መጥለፊ ስልኪ፣ ናይ ዙም ምይይጥ ዘገልግሉ ናውቲ፣ ሰርቨር ቴሌን ካልኦት ናይ ኤሌክትሮኒክስ ናውቲ ብምእታው ንዝተወደቡ ጉጅለ ጥፍኣት እንተከፋፍሉ ኢድ ብኢድ ከምተታሓዙ ኣመልኪቱ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ወፃኢ ሃገራት ኮይኖም ንዚ ሕቡእ ውዳበ ዘተሓባበሩ ከምኡ'ውን ብፋይናንስ፣ብሓሳብን ብሎጅስቲክ ሓገዝ ይገብሩ ዝነበሩ ፕሮፌሰር ኣበራ መሸሻ፣ ኣይተ ተሻለ ከበደ ኢዶ፣ ወይዘሮ የሀረርወርቅ ጋሻው፣ ኣይተ ኣስፋው ጀቤሳ፣ ኣይተ መዕርግ፣ኣይተ ቢኒያም፣ኣይተ ኩሩቤል፣ ወይዘሪት ኒሻን ኣሕመድ፣ ዶክተር ገነት፣ ወይዘሮ ኣረጋሽ፣ ኢንጅነር ሊሻን ግዛውን ኣይተ ሃገሬ ኣዲስ ምስ ፈተውቲ ሃገራትን ኢንተርፖልን ብምትሕብባር ኣብቲ ትሕቲ ቑፅፅር ንምውዓል እቲ ሓይሊ ዕማም እናሰርሐ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ሓበራዊ ሓይሊ ዕማም ደሕነትን ፀጥታን ሚኒስቴር ምክልኻል ሃገር፣ ግልጋሎት ብሄራዊ ሓበሬታን ደሕንነትን፣ኮሚሽን ፖሊስ ፌደራል ከምኡ'ውን ኤጀንሲ ደሕንነት መርበብ ኢንፎርሜሽን ዘካተተ እዩ።

## ንኹሉ ዜጋ እትምቹ ሃገር ክንሃንፅ ኢና ተባሂሉ

መሰረት ገ/ዮሐንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ፕሮጀክት መገዲ ሞጆ-መቂ-ባቱን ዝተዋደደ ፓርክ ኢንዱስትሪ ግብርና ቡልቡላ መሪቖም። ንፀላእትና ብፀጋማይ ኢድና እናሓለና ብየማናይ ኢድና እናሰራሕና ንኹሉ ዜጋ እትምቹ ሃገር ክንሃንፅ ኢና ኢሎም።

ቐዳማይ ሚኒስትር ፌዴሪኢ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ፕሮጀክት መገዲ ሞጆ-መቂ-ባቱ መሪቖም እንትኸፍቱ ከምዝገለፅዎ፣ሃገርና እንሃንፅ ንፀላእትና ብፀጋማይ ኢድና እናሓለና ብየማናይ ኢድና እናሰራሕና ክኸውን ኣለዎ።

ሐዚ ብዘለው ፈተናታት ተስፋ እንተይቖረፅና ንፀላእትና ተስፋ እናቑረፅናን ሪቫን እናቖረፅናን ክንቅፅል ኢና ፣ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ብዙሓት ፀገማት ብምርኣይ ዜጋታት ነቲ ለውጢ ንክጠራጠርዎ ገይሩዎም ኢዩ እውን ኢሎም።

እቲ ፕሮጀክት መገዲ ኣብ ቀረባ እዋን ምስ ዝተመረቐ መገዲ ሞያሌ- ሃዋሳ ብምዃን ንምዕባለ ኢኮኖሚ ልዑል ግደ ከምዝህልዎ ገሊፆም።እቲ ፕሮጀክት ንክዕወት ሓገዝ ፋይናንስ ንዝገበሩ ባንኪ ልምዓት ኣፍሪካን ባንኪ ኤግዚም ኮርያን ኣመስጊኖም።

ሚኒስትር ትራንስፖርት ወይዘሮ ዳግማዊት ሞገስ ብግደኣን፣ ድሕንነት እቲ መገዲ ኣብ ምሕላው ነበርቲ እቲ ከባቢ ግደኦም ክዋፅኡ ሓቲተን።

እቲ ፕሮጀክት 92 ኪሎ ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ እንትኸውን፣ ካብ ሞጆ-መቂ 56 ነጥቢ 4 ኪሎ ሜትር፣ ካብ መቂ ባቱ ዘሎ ድማ 37 ኪሎ ሜትር ዝሸፍን ኢዩ።ነቲ መገዲ ብድምሩ ብር 6 ነጥቢ 3 ቢሊየን ወፃኢ ከምዝተገበረሉ'ውን ተገሊፁ።

እቲ ፕሮጀክት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ንዝግበር ምትእስሳር ሓደ ኣካል እንትኸውን፣ ኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ንዘለዋ ምትእስሳር ኢኮኖሚ ልዑል ግደ ክህልዎ ኢዩ ዝብል ትፅቢት ኣሎ።

ኣብ ጅቡቲ ወደብ ተንጠልጢሉ ዝነበረ ምንቅስቓስ ኣማራፂ ፍሪያት ወፃኢን ኣታዊን ኢትዮጵያ ብምስፋሕ ወደብ ለሙ ብዝግባእ ንክትጥቀም እቲ ፕሮጀክት ልዑል ግደ ከምዘለዎ ተገሊፁ።

እቲ መገዲ ናይ ኣዲስ ኣበባ - ሞያሌ - ናይሮቢ - ሞምባሳ ከምኡ'ውን 10 ሺህ ኪሎ ሜትር ዝሸፍን ካብ ካይሮ ተበጊሱ ደቡብ ኣፍሪካ ኬፕታውን ዝበፅሕ ምትእስሳር መገዲ ሃይዌይ ትራንስ ኣፍሪካ ሓደ ኣካል ኢዩ ተባሂሉ። ቀፃሊ ክፋል ህንፀት እቲ መገዲ ዝኾነ ህንፀት መገዲ ባቱ-ኣርሲ-ነገሌ-ሃዋሳ ይሳለጥ ከምዘሎ እውን ተሓቢሩ።

ኣስታት ብር 9 ቢሊየን ወፃኢ ዝተገበረሉ ፖርክ ኢንዱስትሪ ዝተዋደደ ግብርና ቡልቡላ እንትምርቑ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ፣ ንኹሉ ዜጋ እትምቹ ሃገር ንሃንፅ ኣለና ኢሎም።ንሕና በዕቱብ ንስራሕ፣ ፀላእትና ፅባሕ ተንበርኪኾም ይቕሬታ ክሓቱ እዮም ኢሎም።

ሕርሻ እንተ ዘይዘሚኑን እንተ ዘይተቐይሩን ሂወት ሓረስቶትን ኢትዮጵያን ኣይቕየርን ዝበሉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፣ ህይወት ሓረስቶትን ሰበኽ ሳግምን ንምቕያር ብትኹረት ከምዝስራሕ ተዛሪቦም።ብዕቱብ ብምስራሕ፣ ብሕውነትን ሰላምን ንኹሉ ምሕቛፍ እትኽእል ኢትዮጵያ ክንሃንፅ ኢና እውን ኢሎም።

ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኦሮሚያ ኣይተ ሽመልስ ኣብዲሳ ብግደኦም፣ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ተጎዲኡ ዝነበረ ህንፀት ፓርክ ኢንዱስትሪ ብልዑል ክትትልን ደገፍን ንምረቓ ምብቅዑ ገሊፆም።እዚ ድማ ንማሕበረሰብ እቲ ከባቢን መላእ ሃገርን ልዑል ግደ ከምዘለዎ ኣብሪሆም።

ኣብቲ ስነ ስርዓት ምረቓ ቐዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ ሓዊሱ፣ ኣፈጉባኤ ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ኣይተ ታገሰ ጫፎ፣ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኦሮሚያ ኣይተ ሽመልስ ኣብዲሳ፣ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ደቡብ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣይተ ርስቱ ይርዳን ካልኦት ሓለፍቲ ስራሕ መንግስቲን ተረኺቦም እዮም።

ዝተዋደደ ፖርክ ኢንዱስትሪ ግብርና ቡልቡላ ክሳብ 200 ዝኾኑ ሰብ ሃፍቲ ዘተኣናግድ ኢዩ ተባሂሉ።ህንፀት እቲ ፓርክ ሰለስተ ዓመታት ዝወደአ እንትኸውን፣ ብሙሉእ ዓቕሙ ናብ ስራሕ እንትኣቱ ካብ 70 ክሳብ 100 ሺሕ ንዝኾኑ ዜጋታት ዕድል ስራሕ ዝፈጥር ኢዩ ተባሂሉ።

ነቲ ፓርክ ዝኸውን እታዎት ዘቕርቡ ማእከላት ኣብ ክልል ኦሮሚያ ዝተፈላለዩ ዞባታት ይለምዑ ከምዘለዉ ተገሊፁ።ናብቲ ፓርክ ንዝኣትዉ ሰብ ሃፍቲ መንበሪ ኣባይቲ ሓዊሱ ኣድላዪ መሰረተ ልምዓታት ተማሊኡሎም ኣሎ።እቲ ፓርክ ብድምሩ ኣብ 271 ሄክታር ስፍሓት መሬት ዝዓረፈ ከምዝኾነ'ውን ተገሊፁ ኣሎ።

## ‹‹ኣብ ትግራይ ህዱእ...

ኣብ ዝዘርግሖዎ ፅሑፍ ከምዝገለፅዎ፣ኣብ ክልል ትግራይ ቅድም ክብል ዘጋጠሙ ፀገማት በብቦትኡ ብዝርኣዩ ጥቕዓታት ንክቕንሱን ጠጠው ንክብሉን ፣ተበፃሕነት ግልጋሎት መሰረተ ልምዓት ንምዕባይን ሰላምን ድሕንነትን ህዝብና ንምሕላውን ኣብ ተሳትፎ ህዝብን ዓበይቲ ዓድን ልዑል ስራሕ ክስራሕ ይግባእ ኢሎም። ኣብ ትግራይ ዘጋጠመ ፀገም ብግልፂ ወፂኡ ብምዝራብን እቲ ኹነታት ብዝቕይሮ መልክዑ ስራሕቲ ምስራሕን ኣካል መፍትሒ ምዃን ወገናውነት ዓሌትን ዘርእን ኣይሓትትን ዛዕባ ኹሉ እዩ ክብሉ ኣመልኪቶም።

ካብ ቀረባ እዋናት ናብዚ ኣብ ሞንጎ ኣሕዋትን ኣሓትን ህዝብታት ሃገርና ውጥረት ንምፍጣር ንዓመታት ዝተሰርሑ ስራሕቲ ናብ ጎኒ ብምግዳፍ ብዘይጠቕሙ ህልኽን ፅልኢትን መሰረት ዝገበሩ ሕማቓት ክቡር ሂወት ሰብ ክጠፍእን ካብ መረበቱ ክመዛበልን ዝገብሩ ግሁድ ሓቂ እናተዓዘብና ንርከብ ዝበሉ ዶክተር ኣብርሃም፣ ንዓመታት ዝተሃንፀ ሕብረትና፣ ዝተኣሳሰረ ዝምድናና፣ ንዘበናት ዝፀንሐ ታሪኽና ፈፂሙ ዘይነፃፀር ብምዃኑ ከም ህዝቢ ሓደ ሃገር ብምስትውዓልን ህድኣትን ከይወዓልና ከይሓደርና ስራሕ ክንጅምርን ንመፃኢ ወለዶ ፅልኢ፣ ቂም፣ ሕነ-ምፍዳይን ጥፍኣትን ካብ እነስንቆ፤ ይቕረ ምብህሃል፣ ምትእምማን፣ ምትሕግጋዝ ወዘተ ሕብረት ዘጠናኽሩ ምዃኖም ክነረጋግፅ ናይ ወለዶ ሓላፍነት ኣለና ኢሎም።

ሰብኣዊ ሓገዝ ብምሃብ ኣብ ከይዲ ዳግመ ህንፀት ኢድኩም ዝሓወስኩም መላእ ህዝብታት ሃገርና ግዜኹምን ሓገዝኹምን ከምኡ እውን ዓቕምኹም ዝፈቐዶ ኩሉ ብምግባር ተሳትፎኹም ንክትቕፅሉ ፃውዒት ዘቕረቡ ዶክተር ኣብርሃም ፣እዋናዊ ፀገማት ክልልና ኣብ ምፍታሕ ብኹሉ መዳይ ብዘላቕነት ንምፍታሕ ዝሕግዙ ሃነፅትን ሰላማውን ሕጋውን መማረፅታት ምስ ዘለዎ ኣካል ብቐረባ ንምስራሕ ምሉእ ድልውነት ዘለዎም ምዃኖም ገሊፆም።

ኣብዚ ታሪኻዊ ሓላፍነት ዝራኣየሉ እዋን ኩሉ ዜጋ ኣብ ጎንና ብምዃን ክረባረብን እጃሙ ክዋፃእን ናይ ሓደራ መልእኽተይ የማሓላላፍ ክብሉ ዶክተር ኣብርሃም በላይ ፃውዒት ኣቕሪቦም እዮም። ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣብ ወገናትና ዝበፅሐ ፀገም ንምፍታሕ ብግልፂ ምትእምማን ፣ግቡእ ፍትሕን ፍታሕን ብምሃብ ቁስልን በሰላን ምቕናስ ኢሉ እውን በምፍዋስን ኸዚ ዘሎ ወድዓዊ ኩነታት ንምቕያር ብመንፈስ ሰላም ብዘረጋግፁ ቆራፅ ስጉምትታት ብምውሳድ ሃገረይን ህዝበይን ንምግልጋል ዝተውሃበኒ ዓብይ ሓላፍነት ዕውት ንክኾን ሙሉእ ድጋፍ ካብ ፌደራል መንግስትን መላእ ሕብረተሰብን ከምዝረክብ እምነት ኣለኒ ክብሉ ዶክተር ኣብርሃም በላይ ገሊፆም እዮም።

## ‹‹ቴሌብር›› ብፋይናንስ ንዘይተሓቖፉ ክፋል ሕብረተሰብ ግልጋሎት ሞባይል ዘባፅሕ እዩ ተባሂሉ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- "ቴሌብር" ብፋይናንስ ዘይተሓቖፉ ክፋል ሕብረተሰብ ግልጋሎት ሞባይል ንምብፃሕ ዘኽእል እዩ ክብላ ዋና ስራሕ መካየዲት ኢትዮ- ቴሌኮም ወይዘሪት ፍሬሕይወት ታምሩ ገሊፀን፡፡

ወይዘሪት ፍሬህይወት ታምሩ ነዚ ዝገለፃ ኢትዮ-ቴሌኮም ኣብ ‹‹ኣደባባይ ወዳጅነት›› ኣብ ዘዳለዎ መርሃ ግብሪ ምጅማር ስርዓት ‹‹ቴሌብር›› (ክፍሊት ሞባይል) እዩ፡፡

እቲ ስርዓት ክፍሊት ቴሌ-ብር ኣየር ሰዓት ሞባይል ንምምላእን ክፍሊት ካልኦት ግልጋሎታትን ንምፍፃምን ዘኽእል እዩ፡፡ ክፍሊት ሞባይል ኔትወርክ ኣብ ዘለዎም ከባቢታት ዝኾነ ይኹን ዓይነት ቆፎ ስልኪ ብምጥቃም ዘኽእል ከምዝኾነ ገሊፀን።ዓማዊል እቲ ኩባንያ ስርዓት ክፍሊት ብዘይ ካሽ ወይ ድማ ቼክ ዝኾነ ዓይነት ክፍሊት ንኽፍፅሙ ዝሕግዝ ከምዝኾነ ወሲኸን ሓቢረን።

እዚ ስርዓት እዚ ብብርኪ ሃገር ኮነ ዓለምለኽ ገንዘብ ንምልእኣኽን ኣቁሑት ንምዕዳግን ዝግበሩ ናይ ገንዘብ ምልውዋጥ ንምፍፃም ከም ዝጠቕም ሓቢረን፡፡ ብተወሳኺ ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ኢትዮጵያውን ገንዘብ ንምዕቋር፣ ንምቕባል፣ ልቓሕ ንምርካብን ከምኡ 'ውን ባንኪ ኣካውንት ምስ ‹‹ቴሌብር›› ንምትእስሳር ዘኽእል እዩ ክብላ ኣረዲአን፡፡

እቲ ኩባንያ ኣብዝሓለፉ 127 ዓመታት ካብ ዘቕርቦም ዝነበረ ግልጋሎታት ዝተፈለየ ስርዓት ግልጋሎት ‹‹ቴሌብር›› ምጅማሩን እዚ ስርዓት እዚ ዘመናዊ ስርዓት ኢኮኖሚ ንምዝርጋሕ ዝሕግዝ እዩ ኢለን፡፡ መሰረተ ልምዓት ቴሌኮም ብምስፍሕፋሑ ብግልጋሎት ፋይናንስ ተበፃሕነት ንኽህሉ ረብሓኡ ዝላዕለ ከምዝኾነ ሓቢረን፡፡

ኣብ ገጠር ዝርከቡ ትሑት እቶት ዘለዎም ክፋል ሕብረተሰብ ብፋይናንስ ተጠቓምቲ ንምግባር ዓሊሙ ዝተዳለወ እንትኸውን ገንዘብ ንምልኣኽ፣ ንምቕባል ከምኡ 'ውን ክፍሊት ንምፍፃም ዘኽእል ስርዓት ምዃኑ ኣርዲአን፡፡

‹‹ቴሌብር›› ንሕትመት ጥረ ገንዘብ ዝወፅእ ዝነበረ ወፃኢ ብምቕናስ ድሌት ልምዓት ሕብረተሰብ ተበፃሕነት ንምግባር ዝሕግዝ እዩ ኢለን፡፡

53 ሚልዮን ዜጋታት ቴሌብር ክጥቀሙ ትፅቢት ከም ዝግበርን እቲ ግልጋሎት ብሓሙሽተ ቋንቋታት ምርካብ ከምዝከኣል ወይዘሪት ፍረህይወት ተዛሪበን፡፡

ብኻሊእ ወገን ኣብቲ ስነስርዓት ናይ ክብሪ ጋሻ ኮይኖም ዝተረኸቡ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ከም ዝገለፅዎ፣ ‹‹ቴሌብር›› እንትጅመር ኣለምለኽ ፅዕንቶታት ብምፅዋር እዩ፡ ፡ ከምሃገር ብሞባይል ግልጋሎት ብር ምዝውዋር እንትጅመር ንትካላት ዓለምለኽ ፍቓድ ዘይምሃብ ፅዕንቶ ዋላ የሕድር ብቐዳምነት ንሃገር ብምሕሳብ ተገይሩ ከምተሰርሐ ሓቢሮም፡፡

ቴሌብር ብሞባይል ገንዘብ ንምዝውዋር ፍቓድ ንኢትዮ ቴሌኮም እንትውሃብ እቲ ትካል ዓቕሚ ኣዕብዩ ምስ ኣብ ወፃኢ ዝርከቡ ትካላት ናይ ምውድዳር ዓቕሙ ከዕቢ ተሓሳቢ ብምግባር ምዃኑ ተዛሪቦም፡፡

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ህዝባዊ ሰላምን ምርድዳእን ኣብ ትግራይ ንምርግጋፅ ንዝቐረበ ፃውዒት ኣወንታዊ ምላሽ ምሃብ ይግባእ

ህዝቢ ትግራይ ንዴሞክራሲን ንምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ዝተቓለሰ ህዝቢ እዩ።ንዚ’ውን ኣብ 17 ዓመታት ብረታዊ ቓልሲ ልዕሊ 60ሺ መላምል ደቁ ሰዊኡ፣ልዕሊ 100ሺውን ኣካል ጉዳኣት ኮይኖም።ኮይኑ ግና ክንዲቲ ዝተቓለሶ፣ክንዲቲ ዝተሰውኦን ኣካሉ ዝጎዶሎን ተረባሒ ኣይኮነን።ምኽንያቱ ድማ ኣብ ስልጣን ዝወፅአ ጉጅለ ኣብ ክንዲ ንረብሓ ህዝቢ ዝሰርሕ ንውልቀ ተረባሕነት ዒላማ ገይሩ ይንቀሳቐስ ስለዝነበረ እዩ።ኣብ መዳይ ሰናይ ምምሕዳርን ኣብ ኣተሓሕዛን ኣከባብራ ሰብኣዊ መሰላትውን ንህዝቢ ናብ ናዕቢ ዝደፍኡ ናይ ግህሰት ተግባራት ይፍፅም ስለዝነበረ ለውጢ ክመፅእ ግድን ኮይኑ።

ይኹን’ምበር ንዚ ለውጢ ዘይተቐበለን ሓቢሩ ንምስራሕውን ድልው ዘይኮነ ጉጅለ ህወሓት ንሓድነት ህዝብታት ዝጎድእ ተግባር እናሰርሐ፣ሸርሕታት እናፋሓሰ ምፅንሑ ይፍለጥ። ኣብ መውዳእታ’ውን ምስ ፌደራል መንግስቲ ናብ ጎንፂ ኣትዩ እቲ ጎንፂ ናብ ኲናት ተቐይሩ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ክልል ትግራይ ብግዝያዊ ምምሕዳር እናተመረሐት ትርከብ።እቲ ህዝቢ ድማ ኣብ ማሕበራዊ ቕልውላው ኣትዩ ኣሎ።ንዚ ፀገም ንምፍታሕ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዋና ስራሕ ፈፃሚ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ዝነበሩ ዶክተር ሙሉ ነጋ ዝከኣሎም ሰሪሖም ሐዚ ብዶክተር ኣብርሃም በላይ ተተኪኦም ኣለው።

ዶክተር ኣብርሃም በላይ ንመራኽቢ ሓፋሻት «ህዝቢ ማእኸል ዝገበረ ህዱእ ህዝባዊ ሰላምን ምርድዳእን ኣብ ትግራይ ንምርግጋፅ ዝቐረበ ፃውዒት» ብዝብል ኣብ ዝዘርግሕዎ ፅሑፍ፣ «ኣብ ክልል ትግራይ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ብዝተፈጥረ ጎንፂ ምኽንያት ብርክት ዝበለ ሰብኣዊን ንዋታውን ዕንወት ከምዝበፅሐ ይፍለጥ። ሞት ወገናት፣ ጉድኣት ኣካል፣ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ምምዝባልን ልዑል ጉድኣት ስነ-ልቦናን ስነኣእምሮን፣ ብኽነትን ምንዘዐ ውልቃዊን መንግስታዊ ንብረትን ብሓፈሻ ዘየድልዩ ምትፍናናትን ምድፍፋእን ኣጓኒፎምዎ እዮም። እዚይን ካልኦት ኣብ ህዝብና ዘንፀላልዩ ፀገማትን ንምፍታሕ ዘኽእል ብግልፂ ብምትእምማን፣ ግቡእ ፍትሒን ፍታሕን ብምሃብ ቁስልን በሰላን ህዝብና ምቕናስ ኢሉ እውን ብምፍዋስ ከምኡ እውን ኣብ መሬት ዘሎ ወድዓዊ ኹነታት ብተግባር ብምልዋጥን እዩ። ስለዝኾነ ድማ ብመንፈስ ይቅርታን ሰላም ብዘረጋግፁ ቆራፅ ስጉምትታትን ብምውሳድ ሃገረይን ህዝበይን ከገልግል ዝተውሃበኒ ዓብዪ ሓላፍነት ተመዲበ ስራሐይ እንትጅምር ዕውት ንክኸውን ሙሉእ ሓገዝን ድጋፍን ብህዝብና፣ ብመንግስቲ ፌደራል፣ ብመላእ ህዝብታት ሃገርና፣ ብማሕበረሰብ ዲያስፖራን ማሕበረሰብ ዓለምን ከምዝረክብ በዓል ምሉእ እምነት እየ» ክብሉ ዕውት ስራሕ ንክሰርሑ ሓገዝ ኩሉ ህዝቢን መዳርግቲ ኣካላትን ከምዘድልዮም ገሊፆም እዮም።ስለዚ ስርሖም ዕውት ንክኾን ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ህዝብን መንእሰይ ትግራይን ብቕንዕና ክሕግዞም ይግባእ።እዚ ሓገዝ ህዝቢ ትግራይ ዝተረጋገዐ ሰላም ንክህልዎን ናብርኡ ናብ ዝነበሮ ንምምላስን ይሕግዞ እዩ።

ዶክተር ኣብርሃም «ኣብ ክልል ትግራይ ዘሎ ወድዓዊ ነባራዊ ኹነታት ብፍላይ ፀገማት ብእሩይ ቁፅር መሚኻ ብምውፃእ ፍታሕ ክረኽቡ ምግባር ፈላሚ ስራሕቲ እዮም። ብተወሳኺ ድማ፣ ባህሪን መንቀልን እዞም ፀገማት ምርዳእ፣ ፅዕንቶ ተተሓሓዝቲ ጉዳያት ምፍላይ በቢብርኩ ዝትግበሩ መፍትሒ ሓሳባት ምምንጫይ፣ ዝመንጨዉ መፍትሒ ሓሳባት ብህዝባዊ ተቐባልነትን ርብርብን ብድፍረትን ብጥበብን ዝፍፀም ቆራፅነት ዝሓትት ስራሕ ከምዝኾነ እውን ምርዳእ የድሊ» ክብሉ ኣብ ፃዊዕት መልእኽቶም ኣተሓሳሲቦም እዮም።ስለዚ ኣብቲ ክልል ዘለዉ ፀገማት ብዕርይ ቑፅር ፈሊኻ መፍትሒ ንምንዳይ ዋኒን ግዝያዊ ምምሕዳር ጥራይ ክኸውን ኣይግቦኦን።

ዋላኳ ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ኣብቲ ክልል ዘሎ ወድዓዊ ነባራዊ ኹነታት ንምልዋጥ ዝተሰርሑ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ተሰሪሖም ዋላ እንተኾኑ፣ ጭቡጥ ውፅኢት ንምምፃእ ዝኾልፉ ርኡያት ዕንቅፋታት ነይሮም እዮም። ቀንዲ ስራሕቲን ቐዳምነት ዝውሃቦ ህይወት ሰብ ኣብ ምድሓን፣ ሰብኣዊ ቕልውላዋት ከይበኣኣሱ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ። ኮይኑ ግና እዚ ንፅባሕ ዘይበሃል ስራሕና ኣብ እንሰርሐሉ እዋን ከቢድ ዝገብሩን ንተወሳኺ ጉድኣት ዝዕድሙን ርኡያት ፀገማት ምንባሮም ምርዳእ የድሊ። ስለዚ ኣብ ትግራይ መሰረታዊ ለውጢ ንምምፃእ፣ሰላምን ምርግጋዕን ብዘተኣማምን ደረጃ ንክህልው እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ፣ እዋናዊ ፀገማት ክልልና ኣብ ምፍታሕ ብኹሉ መዳይ ብዘላቕነት ንምፍታሕ ዝሕግዙ ሃነፅትን ሰላማውን ሕጋዊን መማረፅታት ምስዘለዎ ኣካል ኩሉ ብቐረባ ንምስራሕ ምሉእ ድልውነት ስለዝኾነ ኩሉ ክሕግዞ ይግባእ።


ኢፕድ

# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**

ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ፍቓዱ ሞላ

**ኣድራሻ**

የካ ክ/ከ

ወረዳ 14

የቤት ቁጥር 520/20

ኢሜይል - fekadumola@press.et

ስልክ ቁጥር - 011-1-56-98-77

**ኣሰናዳእቲ**

ማዕረግ ገ/ሄር

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ትርሓስ ፍቓዱ

ኣማንሚካኤል መስፍን

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**

ኢሜይል - epapromotion@press.et

ስልክ - 011-156-98-73

ፋክስ - 011-126-58-12

**ክፍሊ መቕበሊ ምልላይ**

ስልክ ቁጥር - 011-156-98-65

ፋክስ - 011-157-44-40

**መተሓባበሪ ምልላይ ዕዳጋ**

ስልክ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**

ስልክ ቁጥር - 011-157-02-70


# ነፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ:: ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቅዋም ኣይኮኑን::

## ሕጋዊ ተሓታትነት ሳዕቤን ምፍፃም ግብረ ራዕዲ

ትርሓስ ፍቓዱ

«ህወሓትን ሸኔን » ብግብረ ራዕዳውያን ንክስየሙ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ኣብ ቐረባ እዋን ናይ ውሳነ ሓሳብ ከምዘመሓላለፈ ዝዝከር እዩ።ነዚ ስዒቡ ቤት ምኽሪ ፌዴሪኢ ንቲ ውሳነ ሓሳብ ብሓደ ድምፀ ተዓቕቦ ብኣብዝሓ ድምፂ ኣፅዲቑ። እዞም ኽልተ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ራዕዲ ዝፍፅሙ፣ መሰረተ ልምዓታት ዘውድሙን ሕገ መንግስቲ ዝጥሕሱ ከምዝኾኑን ይግለፅ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ እዋን ገበን ግብረ ራዕዲ ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ዝወፀ ኣዋጅ ቑፅሪ 1176/2012 ዓ.ም ራዕዲ ዓብይ መጉዳእቲ እናብፀሐ ዝርከብ ገበን እዩ ይብል።እዚ ገበን ንሃገርናን ንድሕንነት ህዝቢ ዓለምን ዓብይ ስግኣት ከምዝኾነ ብምግንዛብ፤ መንግስቲ ደሕንነት ህዝብን ሃገርን ናይ ምሕላው ሓላፍነት ስለዘለዎ ገበን ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ጥንኩር ዓቕምን ምድላው ምግባርን፤ ጥፍኣተኛታት ምስ ድርጊቶም ዝመጣጠንን መምሃራይን መቕፃዕቲ ክገብሩ ንምግባር ጥንኩር ናይ ሕጊ ማእኸል ስለዘድሊ ዕላማ ናይቲ ኣዋጅ ከምዝኾነ ይግለፅ።

ብመሰረት እቲ ኣዋጅ ናይ ራዕዲ ተግባር ዝበሃል ዝኾነ ሰብ ናይ ፖለቲካ፣ ሃይማኖት፣ ወይ ድማ ዕላማ ርእዮተ ዓለም ንምስኻዕ ብምሕሳብ ህዝቢ ወይ ድማ ዝተወሰነ ክፋል ማሕበረሰብ ንምርዓድ ወይ ድማ መንግስቲ፣ናይ ወፃኢ ሃገር መንግስቲ፤ ወይ ‘ውን ዓለምለኸ ትካል ንምግዳድ፣ ኣብ ልዕሊ ኣካል ሰብ ልዑል ጉድኣት ዘብፅሐ፤ ህይወት ሰብ ኣብ ጉድኣት ዘውደቐ፣ናይ ህዝቢ ወይ ድማ ማሕበራዊ ግልጋሎት ንኸይወሃብ ብልዑል ኹነታት ዘተኣጓጎለ፣ ካብ ዓሰርተ እስካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ እዩ ይብል።

በቲ ኣዋጅ ዝተፈፀመ ተግባር፣ ሰብ ምቕታል፣ ኣብ ታሪኻዊ ይኹን ኣብ ናይ ባህሊ ቅርሲ፣ ኣብ መሰረተ ልምዓት ዓብይ ጉድኣት ብምብፃሕ እንተኾይኑ እስካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ እስራት ወይ ድማ ብሞት ከምዝቕፃዕ የቕምጥ።

ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 3 ብዝምልከት ዕዮ ግብረ ራዕዲ ንምፍፃም ዝተሓነየ ሰብ ካብ ሓደ ዓመት እስካብ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ እስራት ይቕፃዕ። ምሕናይ ዘቕፅዕ፤ እቲ ዝተሓነየ ሰብ ክገብሮ እየ ወይ ድማ ንኽግበር ክገብር እየ ዝበሎ ኹነታት ወይ ድማ ዘለዎ ዕድል፤ ወይ እቲ ዝተሓነዮ ኣፍቲ ሕብረተሰብ ወይ ኸዓ ማሕበረሰብ ዝፈጠሮ ወይ ድማ ክፈጥሮ ዝኽእል ራዕዲ ብምግንዛብ ይኸውን።

ገበን ግብረ ራዕዲ ንምፍፃም ምትላምን ምስንዳእን፤ ዝኾነ ሰብ ኣብ ኣዋጅ ዓንቀፅ 3 ብዝምልከት ገበን ግብረ ራዕዲ ንምፍፃም ወይ ድማ ክፍፀም ንምግባር እንተለዓዒሉ ካብ ሓሙሽተ እስካብ ዓሰርተ ኽልተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

**ብግብረ ራዕዲ ንዝተፈረደ ጉጅለ ይኹን ትካል ድጋፍ ምግባር ተሓታትነት ዘስዕብ እዩ**

ብሕሶት ናይ ግብረ ራዕዲ ምፍርራሕ ብዝምልከት እቲ ኣዋጅ ዘርዚሩ እዩ። ብፍላይ ዝኾነ ሰብ ሕሶት ምዃኑ እናፈለጠ ህውከትን ረብሻን እንተፈጢሩ ወይ ድማ ስግኣት እንተፈጢሩ፤ ብቐሊል ማእሰርቲ ወይ ኸዓ እቲ ነገር ጉድኣት እንተብፂሑ ካብ ሰለስተ እስካብ ዓሰርተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ከምዘቕፅዕ እዩ ተቐሚጡ።

ብግብረ ራዕዲ ንዝተፈረጀ ጉጅለ ይኹን ትካል ድጋፍ ምግባር ተሓታትነት ዘስዕብ እዩ። ዝኾነ ሰብ ኣፈፃፅማ ገበን ግብረ ራዕዲ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መገዲ እናበታተዐ ወይ ኸዓ እናረድአ ከምዘሎ እናፈለጠ ወይ ድማ ንምርዳእ ብምሕሳብ፣ ብምቕራብ፣ ምኽሪ ብምሃብ፣ ናይ ሞያ ድጋፍ ዝሃበ፣ ዝኾነ ነታጒ፣ ዝቀፃፀል ንጥረ ነገር፣ኣፅዋር ወይ ድማ ኻሊእ ቐታሊ ናውቲ ወይ ድማ መረዝቲ ንጥረ ነገራት ዘዳለወ፣ ዘቕረበ፣ ዝሸጠ ወይ ድማ ስልጠና ዝሃበ ወይ ድማ ኣባላት ዝመልመለ፤ ካብ ሸውዓተ እስካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

እቲ ኻሊእ ዝግበር ድጋፍ ናይ ንብረት እንተኾይኑ ብገበን ዝተረኸበ ገንዘብ ወይ ድማ ንብረት ሕጋዊ ኣምሲልኻ ምቕራብን ግብረ ራዕዲ ብገንዘብ ምርዳእ ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ብዝወፀ መሰረት ኣዋጅ ቑፅሪ 780/2005 ዓ/ም ይቕፃዕ።

እቲ ፈፃሚ ዋና ዕዮ ግብረ ራዕዲ ተዘይፈፀመ’ውን ድጋፍ ከምዝገበረ ተፈልዩ እንተተፈሊጡ፤ምስቲ ድጋፍ ዝገብር ሰብ ርክብ ተዘይሃለዎ ‘ውን ደጋፊ ግብረ ራዕዲ ብምዃኑ ይቕፃዕ። እቲ ዕዮ ዝፈፀሞ ብሸልተኝነት እንተኾይኑ እቲ መቕፃዕቲ ካብ ሓደ እስካብ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ቐሊል ማእሰርቲ ይኸውን።

ንተግባር ግብረ ራዕዲ ምልዕዓል ‘ውን ሕጋዊ ተሓታትነት የምፅእ እዩ። ዝኾነ ሰብ ኾነ ኢሉ ነቲ ኻሊእ ሰብ ብምቕስቓስ፣ ተስፋ ብምሃብ፣ ብገንዘብ፣ ብውህብቶ፣ ብምፍርራሕ ወይ ድማ ዝኾነ ኻሊእ ሜላ ብምጥቃም ገበን ንክፍፅም ምግባር ብዘረባ፣ ብፅሑፍ፣ ብስእሊ ወይ ድማ ብኻሊእ መልክዑ ነቲ ወንጀል እንተፈፂሙ ወይ ድማ ፈተነ እንተገይሩ፤ ከምዚ ዓይነት ትሕዝቶ ከምዘለዎ እናፈለጠ ዘሐተመ፣ ንኽሕትም ዝገበረ፣ ዘመሓላለፈ፣ ዘሰራጨወ፣ ዝኸዘነ፣ ዝሸጠ ወይ ድማ ብዝኾነ መገዲ ንህዝቢ ተበፃሒ ዝገበረን እቲ ገበን እንተተፈፂሙ ወይ ድማ ፈተነ እንተተገይሩ፣ ካብ ሰለስተ እስካብ ሸውዓተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ።

ብተመሳሳሊ ድርጊት እቲ ገበን ተፈፂሙ፤እቲ ክፍፀም ዝተደለየ ግብረ ራዕዲ ዘይተፈተነ ወይ ድማ ዘይተፈፀመ እንተኾይኑ ኣፍቲ ንኡስ ዓንቀፃት ዝተብሃሉ ግብርታት ዝፈፀመ ሰብ ካብ ሓደ ዓመት እስካብ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ፅኑዕ ማእሰርቲ ይቕፃዕ። ስለዝኾነ ግብረ ራዕዲ ዘኸትሎ ሕጋዊ ተሓታትነት ብምግንዛብ ካብ ምትንኻፍ ምስ ህወሓትን ሸኔን ናፃ ምዃን የድሊ። እዞም ኽልቲኦም ራዕዳውያን ጉጅለታት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ንዘብፅሕዎ ጥፍኣት ብሓባር ብምዃን ምቅላስ የድልይ።

ወጋሕታ ዜና

# መረፃ ናፃን ፍትሓዊን ንምግባር እናሰርሐ ምኧኑ ቦርዲ መረፃ ኣፍሊጡ

## . ቑፅሪ ዝተመዝገቡ መረፅቲ 31ሚልዮን 724ሽሕ 947 ከምዝበፅሐ ተገሊፁ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፦ 6ይ ሃገራዊ መረፃ ናፃን ፍትሓዊን ንምግባር መዳርግቲ ኣካላት ብዘሳተፈ መልክዑ እናተሰርሐ ምኧኑ ቦርዲ መረፃ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ። ንመረፃ ዝተመዝገቡ ዜጋታት 31ሚልየን 724ሽሕን 947 ከምዝሓለፈን ተገሊፁ።

ብሄራዊ ቦርዲ መረፃ ኢትዮጵያ፣ ፍሉይ ልኡኽ ኣሜሪካ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ጀፍሪ ፌልትማንን ሴናተራት ኣሜሪካን እቲ መረፃ ናፃ፣ ፍትሓዊን ግልፂን ንምግባር እቲ ሃገራዊ መረፃ ቅድሚ ምክያዱ መሰረታዊ ለውጢታት ንኽካየድ ብፅሑፍ ንዘቕረቡዎ ሓሳብ ኣመልኪቱ ብደብዳበ ምላሽ ሂቡ።

28 ጉንበት 2013 ዓ.ም ዝሳለጥ ሃገራዊ መረፃ ካብ መጀመርትኡ ኣትሒዙ ተናሓናሕቲ ፓርቲታት ፖለቲካን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ንቑሕ ተሳትፎ እናገበሩ ከምዝኾኑ ኣብቲ ደብዳቤኡ ምግላፁ ኢቢሲ ፀብፂቡ።

ካብ ሞንጎ ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዎም 49 ፓርቲታት ፖለቲካ ነቶም 48 ፓርቲታት ዝወከሉ 9 ሺሕን ሕፁያት ምውፋሮም፣ 32 ሃገር ለኸ ትካላት መረፃ ንምዕዛብ ፍቓድ ወሲዶም እናሰርሑ ከምዝኾኑ እቲ ቦርዲ ኣፍሊጡ።

ፓርቲታት ፖለቲካን ሕፁያቶምን ኣብ ከይዲ መረፃ ሃናፂ ግደ እናተፃወቱ ከምዝኾኑ ዝሓበረ እቲ ቦርዲ፣ ኣብ መላእ ሃገር ስራሕቲ መረፃ ንምምራሕ ልዕሊ 100 ሺሕ ኣፈፀምቲ መረፃ እናተንቀሳቐሱ ይርከቡ ኢሉ።

ናይዚ ዓመት ሃገራዊ መረፃ ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንላዕሊ ብግልፅነት እናተመርሐ ከምዝኾነ ዝሓበረ እቲ ቦርዲ፣ቅድሚ ሕዚ ዝነበሩ ሃገራዊ መረፃታት ዝነበረ ፀገም ተኣማኒነት ንምፍታሕ ዘኽእል ስራሕ ከምዝተሰርሐ ኣብሪሁ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን መረፃ ንምክያድ ካሊእ ሓዱሽ ዕረያ(ሪፎርም) ንኽግበር ዝቐረበ ሓሳብ ብመንፅር ወፃኢን ግዘን ካልኦት ጉዳያትን ዝመዓድን ዝምረፅን ኣካይዳ ኣይኮነን ኢሉ።

ስለዝኾነ ድማ እቲ ሃገራዊ መረፃ ንምክያድ ክሳብ ሕዚ ዝተኻየዱ ስራሕቲ ዕረያ ብምጥንኻር ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ሕጊታት መረፃ ኣኽቢሮም ተሳትፎኦም ንኽጠናኽሩ ሓቲቱ።

መንግስቲ ኣሜሪካ ብዩኤስ ኣይዲ ኣቢሉ ኢትዮጵያ እናካየደቶ ዝርከብ ዴሞክራሲያዊ ስግግር እናገበሮ ዝርከብ ሓገዝ ቦርዲ መረፃ ኢትዮጵያ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣብ ኢትዮጵያ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ጋህዲ ንኽኸውን ኣብ ቐፃሊ ዝግበር ሓገዝ ተጠናኺሩ ንኽቕፅል እቲ ቦርዲ ኣብ ዝፈነዎ ደብዳበ ፃውዒት ኣቕሪቡ።

ብተመሳሳሊ ዜና ንሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ቁፅሪ ተመዝገብቲ ዜጋታት 31ሚልየን 724ሽሕን 947 ከምዝሓለፈ ተገሊፁ።ፀጥታ ፀገም ዘለዎም ዝተወሰኑ ቦታታት ብፍሉይ ኩነታት ምዝገባ ከምዝጀመረ ገሊፁ።

ኣካቢት ቦርዲ ብሄራዊ መረፃ ኢትዮጵያ ወይዘሪት ብርቱኳን ሚደቅሳ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃብኦ መግለፂ ከምዝገለፅኦ ፣ክሳብ ግንቦት 30/2013 ዓ.ም ንመረፃ ዝተመዝገቡ ዜጋታት 31ሚልየን 724ሽሕ 947 በፂሑ።ካብ ዝተመዝገቡ 46 ሚኢታዊ ደቂ ኣንስትዮ እንትኾና 54 ሚኢታዊ ደቂ ተባዕትዮ እዮም ።

ፀገም ፀጥታ ዘለዉዎም ቦታታት ብፍሉይ ኩነታት ምዝገባ መረፃ ንምክያድ ዘኽእል ስራሕ ከምዝተጀመረ ዘመልከታ ወይዘሮ ብርቱኳን፣ በቢክልሉ ምስ ፀጥታ ኣካላት ብምትሕብባር ንኣፈፀምቲ ስልጠናን ናውቲ ዝርገሐ ተሰሪሑ እዩ ኢለን እየን።

ኣብ ኣርባዕቴኦን ዞባታት ወለጋ ዝርከቡ 24 ጣብያ መረፃ ፣ክልል ቤኒሻንጉል ጉሙዝ ካማሽ ዝርከቡ ኣርባዕተ መረፃ ክልላትን ፣ክልል ኣምሓራ ዞባ ምምሕዳር ኦሮሞ ብሄረሰብ ዝርከቡ ሰለስተ መረፃ ክልላት ካብ ሚያዝያ 29/2013ዓ.ም ጀሚሩ ብፍሉይ ኩነታት ምዝገባ መረፅቲ ንክካየድ ተወሲኑ እዩ።ኣብቲ ኸባቢ ዝርከቡ ጣብያ መረፃታት ኣብዝሓ ምዝገባ ከም ዝጀመሩ ኣመልኪተን።

ፀገም ፀጥታ ዘለዎምን ንምዝገባ መረፃ ኣፀጋሚ ዝነበሩ ቤኒሻንጉል ጉሙዝ ክልል ዞባ መተከል ፣ኣብ ክልል ኣምሓራ ሰሜን ሸዋ ዞባ ኣጣዬ ብፉሉይ ኹነታት ምዝገባ ንምኽያድ ምስቲ ከባቢ ምምሕዳርን ክልላትን ምዝርራብ የድሊ እዩ ዝበላ ወይዘሪት ብርቱኳን፣ኣብዚ ከባቢ ብፍሉይ መገዲ ምዝገባ መረፅቲ ዝካየደሉ ዘተ ምስተኻየደ ክረአ ከምዝኽእል ገሊፀን እየን።

ኣብ ክልል ሶማሌ ምስ ዝተፈላለዩ ፓርትታት ፖለቲካ ከይዲ መረፃ ምዝገባ ኣመልኪቱ ቅሬታ ምቕራቦም ዝገለፃ እተን ኣካቢት ቦርድ ፣እዚ ቕሬታ ስዒቡ ብልሹው ኣሰራርሓ ተፈፂሙ ክኾን ከምዝኽእል ግንዛበ ከምዝተወሰደ ኣመልኪተን እየን።በዚ መሰረት ኣብ ክልል ሶማሌ ጣብያ መረፃ ማለት'ውን ኣራቢ፣ ደግሃመዶ፣ ጎዴ፣ ቀብሪደሃር፣ ቀላፎ፣ ዋርዴራን ጅግጂጋ፣ ክልላት መረፃ ቅሬታ ዝቐረበሎም ጣብያ ምዝገባ መረፅቲ ብግዝያውነት ንከይስራሕ ተወሲኑ እዩ ኢለን።ቅሬታ ዝቐረበሎም ክልል ሶማሌ መረፃ ጣብያታት ዘሎ ከይዲ ዘፃሪ ጉጅለ እቲ ቦርድ ከምዘጣየሸ ኣፍሊጠን እየን።

ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዝርከቡ መረፃ ጣብያታት ኣብ ትሑት ብርኪ ዝርከቡ ኣካላት ምምሕዳር ኢድ ኣታውነት ተስተውዒሉ እዩ።ትኽከለኛ ዝኾነ ዘለዎም ባነራት ኣብ መረፃ ጣብያ ምቕማጥ ፣ንኣፈፀምቲ መረፃ መምርሒ ስራሕ ምሃብ ከምኡ'ውን ኻልኦት ዝተስተዋዓሉ ኢድ ኣታውነት ንኽስተኻኸሉ ነቲ ከተማ ምምሕዳር ኣፍሊጥና ኢና ኢለን።

ብኣግባቡ ሓላፍነቶም ዘይሰርሑ ሰባት መተሓባበርቲ መረፃ ጣብያ ውዕሊ ስራሕ ዘቋረፀ ምኧኑ ዘፍለጣ ወይዘሮ ብርቱኳን ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዴስክ መረፃ ሓላፊ ውዕሊ ስርሆም ከምዝተቋረፀ ገሊፀን እየን።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ሓባር መንበሪ ገዛ ዝርከቡ መረፅቲ ምዝገባ ፀገም ንምፍታሕ 47 ሓደሽቲ መረፃ ጣብያ ንምኽፋት ንምምሕዳር ሕቶ ከምዝቐረበ ዝገላፃ ወይዘሪት ብርቱኳን ኣብዘን ቦታታት ናውቲ ዕደላ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ገሊፀን እየን።

እቲ ቦርድ ዕለት ዕላዊ ኣብ ዝገበሮ ሓበሬታ መሰረት፣ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሓደ ነጥቢ ክልተ ሚልየን ዜጋታት ንመረፃ ተመዝጊቦም እዮም።ኣብ ኦሮምያ ክልል ልዕሊ 14ነጥቢ 3 ሚልየን ዜጋታት፣ክልል ኣምሓራ ልዕሊ 5ነጥቢ 2 ዜጋታት ከምኡ'ውን ኣብ ክልል ሱማሌ ልዕሊ 3ነጥቢ8 ንመረፃ ተመዝጊቦም እዮም። ህዝብታት ብሄር ብሄረሰባት ደቡብ 3ነጥቢ 5 ሚልየን ዝፅጋዕ ዝተመዝገበ እንትኸውን፣ ኣብ ክልል ዓፋር ልዕሊ 1ነጥቢ 7ሚልየን ንምምራፅ ተመዝጊቦም እዮም።እቲ ምዝገባ ጋምቤላ፣ ሃረሪ፣ ቤኒሻንጉል ጉሙዝ ፣ ሲዳማ ክልልን ድሬዳዋ ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኣብ ዝርከቡ 43ሽሕ 17 ጣብያ ምዝገባ መረፅቲ እናተሰርሐ እዩ።

ብሄራዊ ቦርዲ መረፃ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋ ፣ክልል ኣምሓራ ቤኒሻንጉል ጉሙዝ ፣ ህዝብታት ደቡብ ብሄርን ብሄረሰባትን ፣ ጋምቤላ ፣ ሃረሪ፣ ኦሮምያን ሲዳማ ምዝገባ መረፅቲ ክሳብ ዓርቢ 6ጉንበት 2013 ዓ.ም ንክስራሕ ከምዝተወሰነ ዝዝከር እዩ።

# "ህወሓት ስልጣን ድሕሪ ምስኣኑ "መምርሒ ሓይሊ ፀጥታ" ዝብል ዘፈር ወዲቡ ንግብረ ራዕዲ እንትንቀሳቐስ ፀኒሑ እዩ"

## - ጠቕላሊ ዓቃቤ ሕጊ

**መሰረት ገ/ዮሐንስ**

ኣዲስ ኣበባ፦ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራት (ህወሓት) ኣብ ማዕኸላዊ መንግስቲ ዝነበሮ ስልጣን ድሕሪ ምስኣኑ ናብ ትግራይ ብምኻድ ካብ 2011 ዓ.ም ጀሚሩ «መምርሒ ሓይሊ ፀጥታ»ዝብል ዘፈር ወዲቡ ንግብረ ራዕዲ እንትንቀሳቐስ ፀኒሑ ኢዩ ክብል ጠቕላሊዓቃቤ ሕጊ ገሊፁ።

ጠቕላሊ ዓቃቤ ሕጊ ፌዴራል 'ህወሓትን ሸኔን' ሽብርተኛ ዘበሎም ምኽንያትን ኣብ ኣክሱም ከተማ ብዛዕባ ዝተፈጸመ መቕተልቲ ኣመልኪቱ መግለፂ ሂቡ።ነቲ መግለፂ ዝሃቡ ምክትል ጠቕላሊ ዐቃቤ ሕጊ ፍቃዱ ፀጋ፣ ክልቲኦም ውድባት ራዕደኛ ዘበሎም ምኽንያትን ኣመልኪቶም መግለፂ ሂቦም።

"ክልቲኦም ውድባት ራዕደኛ ዘበሎም ምኽንያት ሰላማዊ ህዝቢ ካብ መጥቃዕቲ ንምክልኻል፣ምኽባር ልዕልነት ሕጊ ንምጥንኻርን ተሓባበርቲ ንምቁፅፃርን ንክሕግዝ ኢዩ" ኢሉ።

እቶም ውድባት ብመሠረት ሕጊ ፀረ ራዕዲ፣ ራዕዲ ዕላማ ብምግባር ዝንቀሳቀሱ ብምኧኖም፣ ተግባሮም መግለፂ ራዕዲ ብምኧኑን ዉሳነ ወሃብቲ ኣካላት እቶም ውድባት ራዕደኛ ምኧኖም ብምቕባሎም ኢዩ ኢሎም።

ብፍላይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራት (ህወሓት) ኣብ ማዕኸላዊ መንግስቲ ዝነበሮ ስልጣን ድሕሪ ምስኣኑ ናብ ትግራይ ብምኻድ ካብ 2011 ዓ ም ጀሚሩ " መምርሒ ሓይሊ ፀጥታ" ዝብል ዘፈር ወዲቡ ካብ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብዝወፅኡ መኮንናት ክምራሕ ብምግባር ንግብረ ራዕዲ እንትንቀሳቐስ ፀኒሑ ኢዩ ኢሎም ።

እዚ ንምግባር ካብ ምሊሻ ጀሚሩ ንኩሎም ኣካላት ፀጥታ ስልጠናታት ብስፍሓት እናሃበ ምፅንሑ ኣዘኻኺሮም፣ንኣብነት ካብ 2011 ዓ.ም ጀሚሩ ክ37 ሽሕ ንላዕሊ ሚሊሻ ምስልጣኑ ገሊፆም።

ኣብ ዝቕድም ዓመታት ካብ 500 ንላዕሊ ፍሉይ ሓይሊ ዘየሰልጥን እንትነበረ'ውን ካብ ሒደት ዓመታት ናብዚ ግና በቢዓመቱ ልዕሊ 5 ሽሕ ፍሉይ ሓይሊ የሰልጥን ከምዝነበረ ኣመልኪቶም።

ህዝቢ እቲ ክልል ኣብ ኲናት ንምስታፍ'ውን ካብ ሓረስታይ ስጋብ ሰራሕተኛ መንግስቲ ስልጠናታት ብስፍሓት ይህብ ከምዝነበረ ዝተዛረቡ ምክትል ጠቕላሊ ዐቃቤ ሕጊ ፍቃዱ ጸጋ፣ካብዚ ብተወሳኺ ህወሓት ዘይሕጋዊ መረፃ ብምግባር፣ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ንመንግስቲ ፌደራል ምቑፅፃር ዘኽእል ትልሚ ብምውፃእን ጎንፅታት ብገንዘብ ይምውል ከምዝነበረ ከምተረጋገፀ ገሊፆም።

«ኣብ ክልል ዓፋር፣ ኣምሓራ፣ ጋምቤላን ቤኒሻንጉል ጉምዝን ጎንፅታት ንክጋደዱ ምግባርን ካልኦት ናይ ውድብ ተግባራት ብግብረ ራዕዲ ዘሰይሙ እዮም»ኢሎም።

እዚ ጥራይ ዘይኮነስ 19 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም «ቆዲሚካ ምጥቃዕ» ብዝብል ምድላው ብምግባር 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ጥቕዓት ብምፍፃም ንሰራዊት ምክልኻል ሃገር ምውራዱ'ውን ካሊእ ግብረ ራዕዲ ዘበሎ ተግባር ምኧኑ ኣረዲኦም።

ብተመሳሳሊ «ሸኔ» ዝተብሃለ ውድብ ኣብ ምዕራብ ኦሮሚያን ደቡብ ኦሮሚያን «ኣባ ቶርቤ» ዝተብሃለ ጉጅለ ብምውዳብ ኣብ ኣካላት ፀጥታን ኣመራርሓን ይቕንፅል ከምዝነበረን፣ንፁሃን ዜጋታት ካብ ምቕታል ብተወሳኺ መሓውር መንግስቲ ናይ ምፍራስ ስራሕ ይሰርሕ ከምዝነበረ እቶም ምክትል ጠቕላሊ ዓቃቢ ሕጊ ገሊፆም።

ከም ገለፃ ምክትል ጠቕላሊ ዐቃቤ ሕጊ ፍቃዱ ፀጋ፣እቲ ጉጅለ ኣብ 2013 ዓ.ም ጥራሕ ኣብ ክልል ኦሮሚያ ኣብ ልዕሊ 463 ሰባት ጉድኣት ዘብፅሐ እንትኾን፣ካብዚኦም 112 ፖሊስ፣57 ሚሊሻ፣18 ዝተፈላለየ ብርኪ ዘለዎም ኣመራርሓታት ቐቲሉ እዩ።

# ሕብረት ኣውሮፓ ተዓዛብቲ መረፃ ዘይምልኣኹ ዘሕድሮ ፅዕንቶ ከምዘይህሉ ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፦ ሕብረት ኣውሮፓ ተዓዘብቲ መረፃ ዘይምልኣኹ ኣብ ከይዲ መረፃ ዘሐድሮ ፅዕንቶ ከምዘይህሉ ፖለቲከኛታት ገሊፆም።

ፕሬዝዳንት ሶሻል ዴሞክራቲክ ፓርቲ ኢትዮጵያን ምኽትል ዋና ስራሕ ኣካያዲ ፅንዓት ፖሊሲ ኢንስቲትዩትን ፕሮፌሰር በየነ ጴጥሮስ ብፍላይ ንጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ከምዝገለፅዎ፣ ሕብረት ኣውሮፓ ኣብ 6ይ ሃገራዊ መረፃ ኢትዮጵያ ተዓዘብቲ ምልኣኽን ዘይምልኣኽን ዘሕድሮ ፅዕንቶ የለን። ምኽንያቱ ቕድሚ ሕዚ ኣብዝተኻየዱ መረፃታት ተዓዘብቲ ኮይኖም ኣብ ዝመፅሉ እዋን ቕሬታ ካብ ምፍጣሩ ሓሊፉ ዝጠቐመ ነገር የለን።

ከም ገለፃ ፕሮፌሰር በየነ፣ ብፍላይ ኣብ 1997 ዓ.ም ዝተኻየደ መረፃ ሕብረት ኣውሮፓ ተዓዚበ ኢሉ ዘውፅኦ ሓበሬታ ከም ሃገር ብዙሕ ዋጋ ዘኽፈለ፣ ረብሻ ዝተፈጠረሉ ካብ ምኧን ሓሊፉ ዘምፀኦ ትርጉም ኣይነበረን። ሰብዘበን ኢትዮጵያ ኣብ እተካይዶ መረፃ ተዓዛቢ ኣይንልእኽን ምባሎም ዝፈጥሮ ፀገም ከምዘይህሉን ኢትዮጵያ'ውን ትፅበዮ ጉዳይ ከምዘይኮነ ተዛሪቦም።

ብዙሕ መረፃ ካብ ብምስታፈይ ተላዒሉ ብዘለኒ ልምዲ ሕብረት ኣወሮፓ ተዓዘብቲ መረፃ ተባሂሎም እንተመፁ 'ውን ዝተውሃቦም ሓላፍነት ብኣግባቡ ክሰርሑ ኣይራእኹን ዝበሉ ፕሮፌሰር በየነ፣ እኳደኣስ ሓደ ሓደ እዋን ስርሖም ሙሉእ ብሙሉእ ብምርሳዕ ከም ቱሪስት ይኾኑ ከምዝነበሩ ኣመልኪቶም። ካብ ተዓዛብነት ምቕራዮም ኢትዮጵያ ውሽጣዊ ዓቕማ ተጠቒማ እቲ መረፃ ተኣማኒ ንኽኸውን ዕድል ዝህብ ይምስለኒ ክብሉ ተዛሪቦም።

ዋና ዳይሬክተር ቤት ፅሕፈት ምትሕብባር ህዝባዊ ተሳትፎ ግድብ ህዳሰን ኣቦ ወንበር ትግራይ ዲሞክራስያዊ ፓርትን ዝኾኑ ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ ብወገኖም፣ እቲ ሕብረት ሃገራዊ መረፃ ኢትዮጵያ ኣይዕዘብን ምባሉ ናይ ባዕሉ ተኣማንነት ካብ ምስኣን ሓሊፉ ኣብዚ መረፃ እዚ ይኹን ኣብ ህዝቢ ምንም ዓይነት ዝፈጥሮ ፀገም ከምዘይህሉ ተዛሪቦም።

ከም ገለፃ ዶክተር ኣረጋዊ፣ ሰብዘበን ዝካየድ ሃገራዊ መረፃ ለውጢ ዘምፅእን ምርግጋፅ ዘስፍንን ምኧኑ ተኣሚኑሉ ምድላው እናተገብረ እዩ፤ ኮይኑ ግና ሕብረት ኣውሮፓ ከምዚ ዓይነት ውሳነ ክውስን እንተሎ ፅዕንቶ ጁንታን ካልኦት ሓይልታትን ዘለዎ ከምዝመስል ጠቑሞም።

ሕብረት ኣውሮፓ ተዓዛቢ ዘይምልኣኹ ኣብቲ መረፃ ዝኾነ ዓይነት ፅዕንቶ ዘየሕድር ምኧኑ ክነርኢ ንኽእል ብፍላይ ኣብዛ ሃገር ዝንቐሳቐሱ ማሕበራት ሲቪክ ዓቕሞሙን መሰሎምን ብዝግባእ ክጥቐሙ እንትኽእሉ ጥራይ እዩ ዝበሉ ዶክተር ኣረጋዊ፣ ነዚ ዕድል ንምጥቃም ኣብቲ መረፃ ዘይሻራዊ ኮይኖም ክዕዘቡ ከምዘለዎም ኣመልኪቶም።

እቲ ሕብረት ኣብ ሓንቲ ልኣላዊት ሃገር ናይ ባዕለይ ናይ ኮሚዩኒኬሽን መሳርሒ ሒዘ እንተዘይኣትየ ከምኡ'ውን ውፅኢት መረፃ ቐዲመ ዕላው እንተዘይገይረ ዝብል ሓሳብ ኡእላውነት ካብ ምድፋር ሓሊፉ ብጣዕሚ መሕፈሪ እዩ። እዚ ፍፁም ክኸውን ከምዘይኽእል እቲ ሕብረት ክርደኦ ከምዘለዎ ኣመልኪቶም።

ብኻሊእ ወገን ፍሉጥ ፖለቲከኛን ስራሕ መካየዲ ኢሳት ዝኾኑ ኣይተ ኣንዳርጋቸው ፅጌ፣ ሕብረት ኣውሮፓ ቅድሚ ሕዚ ናፃ ንሕንሕ፣ ናፃ ሚድያ፣ ናፃ ቦርድ መረፃ ኣብ ዘይነበረሉ እዋናት ኣትዩ ዝዕዘብ ዝነበረ ንዲሞክራሲ ስርዓት ተገዲሱ ኮይኑ እንተይኮነስ ንናይ ባዕሉ ዕላማ ንምስኻዕ ከምዝነበረ ተዛሪቦም። ተዓዘብቲ ንዘይ ምልኣኽ ዝወሰነሉ ንሕብረት ሃገራት ዘይእዘዝን ዘይጥወይን መንግስቲ እዩ ዝብል ስግኣት ስለ ዘለዎ ምኧኑ ኣመልኪቶም።

ከም ገለፃ ኣይተ ኣንዳርጋቸው፣ ኣባላት እቲ ሕብረት ናይ ባዕሎም ዋና ዕላማ ብዓሓር ሓቢኦም እቲ ጥፍኣት ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምጥቃን ዝደለይሉ ምኽንያት ዝተቐብረ ወያነ ናብ ጠረጴዛ ድርድር ብምምፃእ ስልጣን ክካፈል ናይ ምግባር ዋና ዕላመኦም ብምኧኑ እዩ። ብተወሳኺ ዴሞክራሲን ሰላማዊን ብዝኾነ መገዲ ፖለቲካዊ ንሕንሕ ክህሉ ፍቓደኛ ዘይኮኑ፣ ሓድነት ህዝቢ ዘዳኽሙ፣ ራዕድን ዕግርግርን ክፍጠር ዝገብሩ ሓይልታት ናብ መድረኽ ፖለቲካ ክመፁን ዝተዳኸመ መንግስቲ ክምስረት ናይ ምግባር ድሌት ከምዘለዎም ኣመልኪቶም።

ከም መብርሂ ኣይተ እንዳርጋቸው፣ ናይ ደገ ኣካላት ብዘይ ምዕዛቦም ዓለም ለኸ ፅዕንቶ ክህሉ ዝኽእል መንግስቲ እታ ሃገር እንታይ ክገብር ሓሲቡ ኣሎ ምስ ዝብል ነገር ዝተሓሓዝ እዩ። ዝኾነ ድኹም መንግስቲ ፅዕንቶ ክፍጠሮ ዝኽእል ናታቶም ተረፍ መረፍ ተፀባዩን ጫማ እግሮም እናሳዓመን ኣብ ትሕቲኦም ክነብር ኣለኒ ኢሉ እንተወሲኑ ጥራይ እዩ።

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ነቲ መረፃ ንምትዕንቓፍ ድልየት ዘለዎም ኣካላት እንተሃለዉ ‘ ውን ኣይሳኸዐሎምን››

**-ኣይተ ገዱ ኣንዳርጋቸው**

ትርሓስ ፍቃዱ



**ኢትዮጵያ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጉንበት ሃገራዊ መረፃ ንምግባር ኣብ ምድላው ትርከብ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ትኹረት ዝሃቦ፣ብዙሕ ቆራፅነት ዘርኣየሉ ህዝብን ሓይልታት ፖለቲካን ብሃንቀውታ ዝፅበይዎ ወሳኒ ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ኣዘራራቢ ኮይኑ ኣሎ። ብፍላይ ድማ ኣብ ሓደ ሓደ ከባብታት ሃገርና ዝተኸሰቱ ጎንፅታትን ምምዝባላትን እቲ መረፃ ብዘተኣማምን ፀጥታ ንምፍፃምን ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ንምግባር ክንደየናይ ዕድል ኣለዎ ዝብል ቁልፊ ሕቶ እዩ።እዚ መበገሲ ብምግባር መብርሂ ንምርካብ ንዝምልከቶ ናይ መንግስቲ ኣካል ምዝርራብ ኣድላዪ ከምዝኾነ ብምእማን ንኣማኻሪ ጉዳያት ደሕንነት ቀዳማይ ሚኒስትር ኣይተ ገዱ ኣንዳርጋቸው ጋሻ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ እትሕተም መፅሄት ዘመን ናይ ወርሒ ሚያዝያ ሕታማ ጋሻ ገይራቶም ኣላ።እታ መፅሄት ንኣይተ ገዱ ኣንዳርጋቸው ኣብ ቅድመን ድሕረን መረፃ ዝህልዉ ፀገማት ፀጥታ ብምቁፅፃር መንግስቲ ኣወንታዊ ትርጉም ዘለዎ መረፃ ንምክያድ ኣብ ዘሎ ኹነታት ቃለ መሕትት ገይራ ኣላ።ጋዜጣ ወጋሕታ‘ውን ናብ ትግርኛ ብምትርጓም ከምዝስዕብ ኣቕሪባቶ ኣላ።ሰናይ ንባብ።**

**ወጋሕታ፡- ሃገራዊ መረፃ ኢትዮጵያ 2013 ዓ/ም በቲ ዝድለይ መልክዑ ንምፍፃም፤ወድዓዊ ኹነታት ፀጥታ ሃገርና መንግስቲ ዝገምገመሉ ርኢቶ እንታይ እዩ?**

**ኣይተ ገዱ፡-** መንግስቲ ሃገራዊ መረፃ ኢትዮጵያ 2013 ዓ/ም ሰላማዊ ንክኸውን መላእ ህዝቢ ብዘይ ሓንቲ ስግኣትን ሰኽፈትን ዝደልዮ ዝመርፀሉ ምቹው ኹነታት ንምፍጣር እናሰርሐ እዩ።ኣብዚ ድማ መረፃ ምክያድ ጥራሕ ዘይኮነስ ድሕሪ እቲ መረፃ ምክያዱ እምነት ህዝቢ ዝረኸበ መረፃ ንክኸውን ቕድሚ ኣዋርሕ ዘለናሉ ኹነታት ንምግምጋም ፈተነ ተገይሩ እዩ።እቲ ናይ ሎሚ መረፃ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጢ ሓደ ኸይዲ ስግግር ዝካየድ መረፃ ብምዃኑ ዝተፈላለዩ ዕንቅፋታት ፀጥታ ከጋጥምዎ ከምዝኽእሉ ኣብ ግምት ብምእታው ምድላዋት ክግበሩ ፀኒሖም እዮም።

ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ፀገማት ፀጥታ ከጋጥሙ ይኽእሉ እዮም።ቕድም ኢልና ዝገምገምናዮ ኣብ መብዛሕትኡ ኸባቢ ዘሎ ህዝቢ እቲ መረፃ ሰላማዊ ኮይኑ ንኽካየድ ልዑል ድሌት ስለዘለዎ ኸይዲ እቲ መረፃ ዝሐሸ ክኸውን እዩ ንብል።

ሐዚ ዘለናሉ ኹነታት እንትንርኢ ኣብ መብዛሕትኡ ከባብታት ሃገርና ምቹው ኹነታት እንተሃለወ ‘ውን፤ኣብ ከባቢ ቤንሻንጉል መተከል እቲ ፀገም እናተቓለለ እንተመፀ’ውን መረፃ ንምክያድ ኣፀጋሚ እዩ።ኣብ ምዕራብ ወለጋ ዘለዉ ዞባታት ኣብ ኹሉ መደዳ ተዘይኮነ’ውን ትርጉም ብዝህብ መልክዑ ፀገማት ፀጥታ ዘለዎም ከባብታት እዮም።ኣብ ክልል ኣምሓራን ዞባ ምምሕዳር ብሄረሰብ ኦሮሞ ዘለዉ ዝተወሰኑ ወረዳታት ፀገማት ፀጥታ ይርኣዩ እዮም።ኣብ ኣዋሰንቲ ቦታታት ደቡብን ኦሮምያን ፀገም ፀጥታ ዝርኣይሎም ከባብታት ኣለዉ።ነዚኦም ፈሊኻ ስራሕ እናተሰርሐ እዩ።

ኣብ መብዛሕትኡ ከባብታት ሃገርና እንትንርኢ ንመረፃ ዕንቅፋት ይኸውን እዩ እንብሎ ፀገም የለን።እዚ ድማ ህዝቢ እቲ መረፃ ሰላማዊ ኮይኑ ንኽፍፀም ብዘለዎ ፅኑዕ ድሌት እዩ።እቶም ኣካላት ፀጥታ’ውን ፀገም ኣብ ዘለዎም ኸባብታት ነቲ ፀገም ንምፍታሕ እናተንቀሳቐሱ ስለዝርከቡ እቲ መረፃ ንምክያድ ብመንፅር ሰላም ዝተወሰኑ ፀገማት እንተሃለዉ’ውን ሓፈሻዊ መረፃ ግና ክተዓናቕፍ እዩ ዝብል እምነት የብልናን።

**ወጋሕታ፡-ፀገም ኣለዎም ተባሂሎም ዝተፈለዩ ቦታታት ፀጥታ ንምኽባር እናተወሰዱ ዘለዉ ስጉምትታት ንሃገራዊ መረፃ ተሳተፍቲ ዝኾኑሉ ዕድል ንኽህሉ እንታይ ይሰራሕ ኣሎ?**

**ኣይተ ገዱ፡-** እዞም ከባብታት ብዝምልከት ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር፣ፌደራል ፖሊስ፣ምስ ሓይልታት ፀጥታ ክልል ብምቅንጃው ሰፋሕቲ ስራሕቲ እናተሰርሑ እዮም።ከም ዝፍለጥ ኣብ ከባቢ መተከል ብመከላኸሊ ሃገር ዝምራሕ ኮማንድ ፖስት ኣለዎ፤ኣብዚ ኸባቢ እቲ ኮማንድ ፖስት እስካብ ሐዚ ዝሰርሖ ስራሕቲ፤እቲ ዝበፅሐ ፀገም ከምዘሎ ኾይኑ እቲ ፀገም ከይጋፋሕን እቲ ኸባቢ ናብ ዝነበሮ ሰላም ንኽምለስ ሰፊሕ ስራሕ እናተሰርሐ እዩ።ዝተረኸቡ ውፅኢታት’ውን ኣለዉ እዮም።ኣፍቲ ስራሕ ግና ስግኣት ፀጥታ ዝኾነ ሓይሊ ሙሉእ ንሙሉእ ኣይተወገደን፤ሐዚ’ውን ሓሊፉ ሓሊፉ ህይወት ሰብን ንብረትን ይጠፍእ እዩ።እዞም ፀገማት ሙሉእ ንሙሉእ እስካዕ ዝውገዱ ዝተቓናጀወ ስራሕ እናቐፀለ እዩ።

ኣብ ካልኦት ከባብታት ንኣብነት ጉራፈርዳ፣ከባቢ ኦሞ፣ ከባቢ ኣማሮ ጎንፅታት ነይሮም እዮም።እቶም ጎንፅታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ምድንጋፅን ምምዝባልን ዘስዐብሉ ኹነታት ኣሎ።እዚ ኹነታት ንምቕያር ድማ ዝተሰርሑ ስራሕታት ኣለዉ እዮም።ብተመሳሳሊ ኣብ መዋሰንቲ ቦታታት ዓፋርን ሱማሌን ፀገም ፀጥታ ኣሎ እዩ።

እዞም ኹሎም ፀገማት ደሚርና እንትንዕዘብ ምስቲ ሃገራዊ መረፃ ተተሓሒዙ እቶም ዕንቅፋታት ከምዘለዉ ኾይኖም ሃገራዊ ፅዕንተኦም ግና ትሑት እዩ ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር።ኣብዞም ከባብታት’ውን እቶም ፀገማት ንምፍታሕ እናተሰርሐ ይርከብ።ኣብ ክልል ኣምሓራ ኣብ መዋሰንቲ ከባቢ ዞባ ብሄረሰብ ኦሮሞን መንገዲ ኣዲስ ኣበባ እስካብ ደሴ ኣብ ዘለዉ ቦታታት ዝስትውዓል ፀገማት ፀጥታ ኣለዉ።ኣብዞም ከባብታት እንታይ ክግበሩ ከም ዘለዎም ዝተቐመጡ ኣንፈታት ኣለዉ።በዚ መገዲ ድማ እናተሰርሐ እዩ።

**ወጋሕታ፡-ብሕጋዊ ኽይድታትን ብዓርሰ ፍቓድን ካፍቲ መረፃ ዓርሶም ዘግለሉን ዝተፈላለየ ድሌት ዘለዎም ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝንቀሳቐሱ ሓይልታት ፖለቲካ ኣፍቲ መረፃ ዘሕድርዎ ፅዕንቶ ተገምጊሙ ድዩ?**

**ኣይተ ገዱ፡-** ብሓፈሻ ዘለና ባህሊ ፖለቲካ ክንርኢ ኸለና ኣዝዩ ድሑር እዩ፤ ሐዚ ድማ ኣተሓሳስባ ፅንፈኝነት ብልዑል ኹነታት ዝርኣየሉ ኹነታት እዩ ዘሎ።ሰላማዊ መገዲ ዝመረፁ ብርክት ዝበሉ ፓርትታት እንተሃለዉ ‘ውን ሓደ ሓዲኦም ኣብ መገዲ ዓመፅን ምዝራግ ሰላምን ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ፈላማይ ቕድመ መረፃ፣እዋን መረፃን ድሕረ መረፃን ኣብ ዝህሉ ኹነታት ፀጥታ እቲ ሕብረተሰብ ካብ መጀመርታ እስካብ መወዳእታ ብናፅነት ኣፍቲ መረፃ ንኽሳተፍ ብምግባር እዩ።‹‹እዚ መረፃ ንዓይ እዩ፣ሓሳበይ ብዘይ ሓንቲ ፅዕንቶ ብናፅነት ገሊፀሉ እየ››ኢሉ እስካዕ ዝኣመነ እቲ ሕብረተሰብ መረፅኡ ብካርዱ ብዘተኣማምን ኹነታት ንኽገልፅ እንተተገይሩ ድሌት ዓመፅ ዘለዎም ኣካላት እንተሃለዉ’ውን ዝሳኻዕ ኣይኮነን።

በቲ ኻሊእ መዳይ ሓላፍነት ምኽባር ሕጊ መንግስቲ ኣሎ።ሓይልታት ፀጥታ መንግስቲ ይትረፍዶ ኣብ እዋን ፀጥታስ ማለት ‘ውን ኣብ ከም ሃገርና ዝበላ ዝተፈላለየ ፀገማት ፀጥታ ዘለወንን ኣብ ዝተረጋገአ ኹነታት ዝግበር መረፃ ‘ውን ብባህሪኡ ዝተወሰኑ ፀገማት ኽፍጠሩ ይኽእሉ እዮም።ብመንፅር እዚ፤ እቲ ሕብረተሰብ እቲ ዝደልዮ ብናፅነት ንኽመርፅ ካብ መጀመርታ እስካብ መወዳእታ ሓሳቡ ብናፅነት ዝገልፀሉ ኹነታት እንድሕር ተፈጢርሉ ካብ ቑፅፅር ኣይወፅእን።እቲ ዋና በዓል ቤት ሕብረተሰብ እንትኸውን ቖፂሉ ኣካላት ኣኽበርቲ ሕጊ ፌደራልን ሓይልታት ፀጥታ ክልልን ኣብ ዝሰርሕዎ ኸይዲ ምኽባር ሕጊ ሕልሚ ሓይልታት ዓመፅ ክሳኻዕ ኣይኽእልን።ነዚ ድማ ብፍሉይ ትኹረት ክስራሕ ኣለዎ ማለት እዩ።

ምኽባር ሕገ መንግስቲ ብዝምልከት ካብ ላዕሊ እስካብ ታሕቲ ስልጠናታት ተዋሂቦም እዮም፤እቲ ዝተውሃበ ስልጠናን መምርሕን መበገሲ ገይሩ እስካብ ታሕቲ ውዳበታት ኣዳልዮም እዮም።እቲ ውዳበ ብዝተኸኣለ መጠን ፀገም ምፍታሕ ብዘኽእል መገዲ ድልው ንምግባር ፃዕርታት ተገይሩ እዩ።ነቲ መረፃ ስዒቡ ዝተፈላለየ ድሌት ዘለዎም ሓይልታት፤ ምንቅስቓስ እንተሃለወ ‘ውን እቲ ማሕበረሰብ ፈታዊ ሰላምን ፈታዊ ዓዱን ስለዝኾነ እዚ ዓብዪ ዓቕሚ እዩ።

እቶም ኻልኦት ተወዳደርቲ ዝኾኑ መብዛሕትኦም ፓርትታት እዚ መረፃ ብሰላም ንኽዛዘም ይደልዩ እዮም።እቲ መረፃ ሰላማዊ ኸይዲ ንኽህልዎ ግደኦም እናበርከቱ እዮም።ቕንዕና ፓርትታት ምስ መንግስቲ ብሓባር ኾይኖም ዝተሳኸዐ መረፃ ንምግባር ዘለዎም ድሌት ዓብዪ ዓቕሚ ኾይኑ የገልግል።እዚኣቶም ብሓፈሻ እንትንሪኦም ፀገማት ዘጋጥሙሉ ኹነታት እንተሃለዩ ‘ውን እቲ መረፃ ሰላማዊ ኾይኑ ንኽዛዘም ድሌት ዘለዎም ሓይልታት ብሚዛን ዝሐሸ ስለዝኾነ እቲ መረፃ ሰላማዊ ብዝኾነ መገዲ ክዛዘም እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።

**ወጋሕታ፡- ንዝኽሰቱ ፀገማት ፀጥታ ቕድመን ድህረ መረፃ፤ ንምቁፅፃር ምድላውን ምውዳድን ሓይሊ ፀጥታ ክንደየናይ ዘተኣማምን እዩ?**

**ኣይተ ገዱ፡-** ብመንፅር ምድላው ምኽባር ሓላፍነት ናይቲ ፀጥታ ሓይሊ ከምዝኾነን፤እዚ ማለት ድማ ፓርትታት ፖለቲካ ብናፅነት ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ውሽጢ ግዛ ይኹን ኣብ ኣደባባይ ሓሳቦም ዝገልፁሉ፣ሕፁያት ብዘይ ሓንቲ ሰኽፈት፣ኣብ ስግኣት ከይኣተዉ ዝተወከሉሉ ፓርቲ ወኪሎም ተወዳዲሮም ንምስዓር ዝገብርዎ ፃዕሪ ብዘይ ሓንቲ መሰናኸል ንኽፍፀም ምግባር፤ፈፀምቲ ኣካላት መረፃ ‘ውን ብዝተፈለየ መገዲ ፅዕንቶ ንኸይግበሮም ወይ ድማ ኣብ ምንቅስቓሶም ዕንቅፋ ዝኾነ ሓይሊ ንኸይህሉ ኣብ ምግባር ግደ ናይቲ ሓይሊ ፀጥታ ዓብዪ ከምዝኾነ ክግንዘብን፤ ከምኡ ‘ውን እቲ ሕብረተሰብ ኣብ እዋን ምዝገባ መረፃ ይኹን ፓርትታት ኣብ ዝገብርዎም ናይ መድረኻት ፃውዒት ተረኺቦም ኣብ ምድማፅ ወይ ድማ ምስ ዝድግፎ ፓርቲ ኣብ ኣደባባይ ሰልፊ ምግባር ክኸውን ይኽእል፤ብዝተፈላለየ መገዲ ሓሳቡ ዘንፀባርቐሉን ዝደልዮ ፓርቲ ንምምራፅ ዝገብሮ ፃዕሪ ዘዐንቅፍ ነገር ንኸይህሉ ሕጊ መሰረት ብምግባር ገለልተኛ ኾይኖም፤ዝሰርሑ ኣካላት ንኸተኣናግዱ መምርሒ ተዋሂብዎም እዩ።

ስርሖም እንትሰርሑ‘ውን ብሸም ምክባር ሕጊ ኻሊእ ፅዕንቶ ከየሕድሩ ናይ ስነ ምግባር ኮድ በብትካላት ተዳሊዉ ዘተ ተገይሮም እዮም።እስካዕ ጣብያ መምርሒ ዝተውሃበሉ ኹነታት ‘ውን ኣሎ እዩ።ብፍላይ ፖሊስ ፌደራል ዓብዪ ግደ ስለዘለዎ፤ናውቲ መረፃ ብምዕጃብ እስካብ ኣፍቲ ቦታ ናይ ምብፃሕ ስራሕ ፖሊስ ዓብዪ ግደ ስለዘለዎ፤ናውቲ መረፃ ዓጂቡ ናይ ምብፃሕ ስራሕ እናሰርሐ ሓላፍነቱ ንኽዋፃእ ዘድልዩ ምድላዋት ተገይሮም እዮም።

እዚ ብኣተሓሳስባን ብግንዛበን ዝተሰርሐ ስራሕ እንትኸውን፤እቲ ስራሕ ግን በብኸባቢኡ ብተናፀል እንተተሰሪሑ ዝመፅእ ውፅኢት የለን ።ስለዝኾነ ሓይልታት ፀጥታ ፌደራልን ክልልን በቢኸባቢኡ ብዝተዋደደ መልክዕ ተናቢቦም ንኽሰርሑ ኣድላዪ እዩ።በብርኪ ሃገርለኸ ‘ውን ኮሚቴ እቲ ፀጥታ እንትዋቐር ዝተዋቐረ ካብ ፌደራል ጥራሕ ኣይኮነን።ካብ ክልል ‘ውን ሓለፍቲ ፀጥታ (ኮምሽነራት)ዓቀብቲ ሕጊ፣ዝኣመሰሉ ብሓባር ክውደቡ ተገይሩ እዩ።ኣባል ናይቲ ሓይሊ ፀጥታ እዮም ማለት እዩ።

**ወጋሕታ፡-ናይቲ ፀጥታ ሓይሊ ብዘይ ኣግባብ ዝወስዶም ስጉምትታት እንተሃልዮም ብመንፅር ተሓታታይነት ክንደየናይ ምድላው ቆራፅነት ኣሎ?**

**ኣይተ ገዱ፡-** እቲ መረፃ ናፃ ክኸውን ኣለዎ እንትበሃል ካብ መን እዩ ናፃ ዝኸውን፤ካብ ኣካላት መንግስቲ ናፃ ክኸውን ኣለዎ፤ሓይልታት ፀጥታ ንዘይደልይዎ ናይ ፖለቲካ ሓይሊ ብምፍርራሕ ይኹን ፍልይ ብዝበለ መግለፂ ካብ ዘሕድርዎ ፅዕንቶ ናፃ ይኸውን ማለት እዩ። ስለዝኾነ ነዚ ጥሒሱ እቲ መረፃ ሰላማውን ሕጋውን ንኸይኸውን ዝግበር ኣካይዳ ሃገርን ህዝብን ዝጎድእ ስለዝኾነ ክሕተት ይግባእ።ንኣብነት ኣባላት ፖሊስ ፌደራል ትፅቢት ዝግበረሎም ሓላፍነት ብግልፂ ብመምርሒ ዝተቐመጠሉ ኹነታት ኣሎ። ኸይዲ

‹‹ነቲ መረፃ ...9

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ግብፂ ግድብ ህዳሰ ንምስንኻል ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ብዓመፅ ዝንቀሳቀሱ ኣካላት እናደገፈት እያ ትርከብ››

**- ወይዘሮ መካ ኣደም**

መኣርግ ገ/ሄር

ወይዘሮ መካ ኣደም ኣብ ክልል ትግራይ ከተማ ሑመራ ተወሊዳ። ወለዳ ብህፃና ናብ ሱዳን ሒዞማ ስለዝኸዱ ኣብ ሃገረ ሱዳን እያ ዓብያ። ከምኡ 'ውን ትምህርታ ክሳብ ቀዳማይ ዲግሪ ኣብ ሱዳን ዝወደአት እንትትኸውን ካልኣይ ድግሪ ግና ብማይክሮ ቫዮሎጂ ኣብ ዩኒቨርስቲ ሃዋሳ እያ ተማሂራ፤ ኣብ ክልል ሲዳማ ከተማ ይርጋለም ኣብ ሜ ዲካል ኮሌጅ መምህርት እንትትኸውን ሕዚ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ፒ.ኤች.ዲ እናተማሃረት ትርከብ። ወይዘሮ መካ ኣብ ሱዳን ዝዓበየት ምስ ምኳና ተተሓሒዙ ቋንቋ ዓረብኛ ብዝግባእ እያ ትዛረብ። ወይዘሮ መካ ብዛዕባ ግድብ ህዳሰ ብወገን ግብፂን ሱዳንን ብቋንቋ ዓረብኛ ዝመሓላለፉ መልእኽቲታት ብዝምልከት ሓበሬታን ርኢቶን ከትህበና ኣብ ናይ ሎሚ ሕታምና ጋሻና ገይርናያ ኣለና። ሰናይ ንባብ።

**ወጋሕታ፡- ኣብ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ዘሎ ተሳትፎ ህዝቢ ከምኡ 'ውን እቲ ግድብ ንኢትዮጵያውያን ዘለዎ ረብሓ ከመይ ትገልፅዮ?**

**ወይዘሮ መካ፡-** ማይ ኣባይ ክሳብ ሕዚ ኢትዮጵያ ተጠቒማትሉ ኣይትፈልጥን፤ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት እዩ ዝፈስስ ነይሩ። ሩባ ኣባይ ማይ ጥራሕ እንትይኮነስ ሓመድ 'ውን ሒዙ ይጓዓዝ ስለ ዝነበረ ንብዙሕ ዘመናት ንኢትዮጵያውያን ዘሕዝን እዩ ነይሩ። ነዚ ፕሮጀክት ንምጅማር ነበር ቀዳማይ ሚኒስትር መለስ ዜናዊ እምነ ኩርናዕ ኣንቢሮም ኣብ ዝተጀመረሉ እዋን ኩሉ ኢትዮጵያዊ ንብዙሕ ዘመናት ዝነበሮ ጣዕሳ መልሲ ስለ ዝረኸበ ብዓብዪ ታሕጓስ እዩ ተቐቢልዎ። በዚ ዝተላዕለ ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ማለት ሃፍታም ምስድኻ ካብታ ዘለቶ ንእሽተይ እቶቱ እናቐነሰ ፅባሕ ክሓልፈለይ እዩ ብዝብል ተስፋ ክሳብ ሕዚ ብዘይምቁራፅ ተሳትፍኡ እናቐፀለ እዩ ዘሎ።

ከምዝፍለጥ ኢትዮጵያውያን ገና ካብ ድኽነት ዘይወፃእና ህዝቢታት ኢና። እዚ ፕሮጀክት እዚ እንትጅመር ኢትዮጵያውያን ብሓደ ልቢ ደጊፎሞ ከምዝነበሩን ሕዚ 'ውን ዝኾነ ዓይነት ደጋዊ ይኹን ውሽጣዊ ፅዕንቶ ሓቢሩ እናመከተ ኣብ ምርብራብ እዩ ዝርከብ። 65ሚኢታዊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ግልጋሎት ኤሌክትሪክ መብራህቲ ኣይረክብን። ከምዝፍለጥ መብዛሕትኡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ገጠር እዩ ዝነብር። እዚ ህዝቢ እዚ ግልጋሎት የድልዮ እዩ። ግልጋሎት ንምርካብ ድማ ብቐዳምነት መብራሕቲ ወሳኒ እዩ። እዚ ህዝቢ እዚ ክሳብ ሕዚ ካብ ፀልማት ኣይወፀን ዘሎ። ነዚ ድማ እዩ ካብዚ ኩነታት እዚ ንኽወፅእ ድኻ ምስ ሃፍታም ተስፋ ሰኒቑ ዝሳተፍ ዘሎ።

ክሳብ ሕዚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዘይምቁራፅ ቦንድ ኣብ ምግዛእ ይኹን ኣብ ምውፋይ ይሳተፍ እዩ ዘሎ። ህዝቢ መፈፀምትኡ ንኽርኢ ክሳብ መወዳእታ ተሳትፍኡ ኣሐይሉ ክቕፅል እዩ ዝግባእ። ኣብ ግድብ ህዳሰ ኩሉ ተተሓባቢሩ ዝኸብድ ነገር ኣይህሉን። እቲ ግድብ ንዕቤት ኢትዮጵያ ብጣዕሚ ወሳኒ እዩ። ኣብ ወሳኒ ብርኪ 'ውን በፂሑ ኣሎ እዩ። ህዝቢ ክሳብ መወዳእታ ተሓባቢርና ክንውድኦ ኢና ኢሉ እዩ ብሕራነ ጀሚርዎ፤ ከምቲ ዝጀመሮ 'ውን ተጠናኺሩ ይኸድ ኣሎ።

ኢትዮጵያ ነዚ ፕሮጀክት እዚ ክትጅምሮ እንተላ ብወገን ግብፃውያን ኢትዮጵያ 5 ቢልዮን ዶላር ስለ ዘይትረክብ ክትግድቦ ኣይትኽእልን ዝብል ሓሳብ እዩ ነይርዎም። ድሓረ ግና ጥንካረ ኢትዮጵያውያን ተረዲኦም ብተፈላለዩ መራኸቢ ሓፋሻት ተጠቂሞም ነዚ ግድብ እዚ ንምስንኻል መርዚ ምንዛሕ ጀሚሮም እዮም።

**ወጋሕታ፡- ቅዋም ግብፅን ሱዳንን ንምምካት ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሊ?**

**ወይዘሮ መካ፡-** ብዛዕባ ኣባይ ኩሉ ግዜ ብቋንቋ ኣምሓርኛ መልእኽቲ ምምሕልላፍ ንውሽጢ ሃገር እዩ ዝጠቕም። ንሃገራት ዓረብ ኣይጠቕምን። ኢትዮጵያ ብሃገራት ዓዕራብ ዝተኸበበት ሃገር ከም ምኳና መጠን ብዝሰምዕዎ ብቋንቋ ዓረብኛ ገይራ እቲ ሓቂ ንማሕበረሰብ ዓለም ክተርድእ ኣለዋ። ኣብዚ ኩነታት እዚ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ዝከኣሎ ኣስተዋፅኦ ክገብር ኣለዎ።

ግብፅን ሱዳንን ኣብ ግድብ ህዳሰ ዝገብርዎ ፅዕንቶ ንምምካት መንግሰቲ ኢትዮጵያ ጠንኪሩ ክሰርሕ ኣለዎ። ብሰልስቲኦም ሚኒስትራት ማይን መስኖን ዝግበር ልዝብ ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ። ኢትዮጵያ ንቕድሚት ብዙሕ ርሕቐት ከይዳ እያ። ይኹን'ምበር ሓደ ዓብዪ ፀገም ግና ኣለዋ። ንሱ 'ውን ነንባዕሉ ኣብ ምስምዕማዕ ጉድለታት ኣለዉ እዮም። እዚኦም ቐልጢፎም ክእረሙ ኣለዎም። ብሄራዊ ምስምዕማዕን ሓድነት ሕዝብታትን ደካማ ብምኳኑ እዩ ፀገም ዝፍጠር ዘሎ። ነዚ ዘጋጥም ዘሎ ፀገም ንምምካት ሓድነት ብጣዕሚ ኣድላይ እዩ። ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሓድነት ጠንካራ እንተዘይኮይኑ ንናይ ደገ ሓደጋ ዘቓልዕ ስለ ዝኾነ ስምምዕን ሓድነትን ክህልወና በርቲዕና ክንሰርሕ ኣለና። ግዝያዊ ውሽጣዊ ፀገም ከጋጥመና ይኽእል እዩ፤ እዚ ብልዝብ እናፈታሕና ትኹረትና ንናይ ደገ ፀላኢ ሓደ ኮይና ኣብ ምምካት ክኸውን ኣለዎ። ሱዳን 9 ዓመታት ዝኣክል ንግድብ ህዳሰ ክትድግፍ ፀኒሓ ሕዚ ሓሳባ ክትቕይር ዝኸኣለት ናይ ውሽጥና ናይ ዘይምርግጋዕ ኩነታት ተረዲኣ እያ።

ካሊእ ሱዳን ቕዋማ ክትቕይር ዝገበራ ናይ ግብፂ ፅዕንቶ እዩ። ክሳብ ቐረባ ግዜ ግድብ ኣባይ ንህዝቢ ሱዳን ጠቓሚ ከምዝኾነ ናይ ባዕልቶም ሰበ ስልጣናት ይገልፁ ነይሮም እዮም። እዚ ግድብ እዚ ንህዝቢ ሱዳን ዝጠቕም ምኳኑ ህዝቢ ሱዳን ይፈልጥ እዩ። እቲ ፀገም ፖለቲከኛታት ሱዳን እዮም ዝፈጥርዎ ዘለዉ። ሱዳናውያን ኢትዮጵያ ብናይ ውሽጣ ኵናት ተዳኺማ እያ። ሕዚ ኢና ክነጥቕዓ ንኽእል ብዝብል እዮም ኣብ ዶብ ይኹን ኣብ ጉዳይ ግድብ ህዳሰ ፀገም እናፈጠሩ ዝርከቡ። ናይ 1959 ዓ.ም.ፈ ምምቓል ማይ ሩባ ኣባይ ሱዳንን ግብፅን ጥራሕ ንኽጥቀማሉ ተሰማዕሚኣን ምንባረን ይፍለጥ እዩ። ኮይኑ ግና ዋላ ክልቲኣን ሃገራት ይስማዕማዓ ኢትዮጵያ ዘይተሳተፈትሉን ዘይፈረመትሉን ስለ ዝኾነ ንኢትዮጵያ ክግድዳ ኣይክእልን እዩ። ግብፅን ሱዳንን ግና ነዚ ተግባራዊ ክገብራ እዩ ድሌተን። ብዛዕባ እዚ ክልቲኣን ሃገራት ክስማዕማዓ ከለዋ ኣብቲ እዋን ንሱ ሃፀይ ሃይለ ስለሴ ንሱዳንን ግብፅን ከምኡ 'ውን ንቤት ምኽሪ ፀጥታ ጥርዓን ኣቕሪቦም ነይሮም እዮም። ክልቲኣን ዝተስማዕማዓሉ ሚዛናዊን ፍትሓዊን ስለዘይነበረ ሕዚ ክሰርሕ ኣይኽእልን እዩ። ኣብቲ ግዜ ንሱ ግብፅን ሱዳንን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንግሊዝ ብምንባረን ናይ እንግሊዝ ፅዕንቶ 'ውን ነይርዎ እዩ። ብሓፈሩ ግና ነዚ ኩነታት ንምምካት ውሽጣዊ ሓድነትን ጥንካረ ኢትዮጵያውያንን ኣድላይ እዩ።

**ወጋሕታ፡- ሱዳን "ክልል ቤንሻንጉል ጉምዝ" ናተይ እዩ ዝብል ሓሳብ ተቕርብ እያ ኣብዚ ዘለኺ ርኢቶ ተትገልፅልና?**

**ወይዘሮ መካ፡-** ብኣይ ወገን ኣብዚ ጉዳይ እዚ ሱዳን እተልዕሎ ዘላ ሓሳብ ኣብ ኢትዮጵያ ፀገም ንምፍጣር እዩ ዝመስለኒ። ሱዳናውያን ከም መከራኸሪ ዘቕርብዎ ሓሳብ ብ1902 ዓ.ም.ፈ ሱዳን ቤንሻንጉል ጉምዝ ንኢትዮጵያ ከምዝሃበታ ኢትዮጵያ ድማ ሩባ ኣባይ ከይትጥቀም ከምተስማዕመዐት ገይራ እያ ክተቕርብ እትስማዕ። ኮይኑ ግና እዚ ሓሳብ ትኽክል ኣይኮነን ዝብል ሓሳብ እዩ ዘለኒ። ንምንታይ እንተይልና 5 ሽሕ ዝኾኑ ሰራዊት ቤንሻንጉል ጉምዝ ኣብ ዘመነ ምንሊክ ኣብ ኵናት ዓድዋ ወፊሮም እዮም። ስለዚ እዚ ዘሪኣካ ቕድሚ 1902 ዓ.ም.ፈ ክልል ቤንሻንጉል ኣካል ኢትዮጵያ ምንባራ እዩ። እዚ ዘልዕልዎ ዘለዉ ሓሳብ ትርጉም ዘለዎ ኣይመስለንን። ፀገም ንምፍጣር እዩ ኢለ እየ ዝኣምን። ኣብ ቤንሻንጉል ከባቢ መተከል ዝሞት ዘሎ ህዝቢ ምስዚ ዝተተሓሓዘ ይመስለኒ። ነዚ ብዓሓር ኮይኖም ዘላዓዕልዎ ዘለዉ ድማ ግብፂ ይመስለኒ። ኣብዚ ኩነታት እዚ ግብፃውያን ንተመዛበልቲ ቤንሻንጉል ጉምዝ ገንዘብ ኣውፅኢና ንሓግዞ እናበሉ ምንቕስቓሳት ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ድማ ምእንቲ ክግንፀል እዩ። ግብፃውያን ክሳብ ክንዲዚ እዮም ዝኸዱ ዘለዉ። ኢትዮጵያ ነዚ ኩነታት እዚ ብቕልጡፍ ተኸታቲላ መፍትሒ ክተቕምጠሉ ኣለዋ። ኣብ ቤንሻንጉል ዘሎ ናይ ፀጥታ ኣካል ክጠናኸር ኣለዎ። ሱዳን ከምእትብሎ ዶብ ብናይ ባዕዳውያን ገዛእቲ መሰረት ዝገበረ ክኾን የብሉን። በዚ እንተኾይኑ ንቡዙሓት ሃገራት ኣፍሪካ ኣብ ፀገም ዘአቱ እዩ።

**ወጋሕታ፡- ኣብ ዓለም ብዙሓት ዶብ ተሳገርቲ ሩባታት ኣለዉ እዮም። ኣብዚኦም ታሕተዎት ተፋሰስቲ ሃገራት እዙይ ዝባሃል ፅዕንቶ ክሕድሩ ኣይረአይን። ኣብ ሩባ ኣባይ ግና ካብተን ተፋሰስቲ ሃገራት ዝኾና ብፍላይ ግብፅን ሱዳንን ፅዕንቶ ክሕድራ እየን ዝረአያ ዘለዋ። እዚ ንምንታይ እዩ ከምዚ ኮይኑ?**

**ወይዘሮ መካ፡-** ኣነ ከምዝመስለኒ ከምዚ ዓይነት ፅዕንቶ ክፈጥሩ ዝኸኣሉ ብናይ ባዕዳውያን ገዛእቲ ውዕል ምኽንያት እዩ። ኣብቲ እዋን ንሱ ዝነበረ ናይ ባዕዳውያን ገዛእቲ ውዕል ኢትዮጵያ ኣይተሳተፈትን። ኣብ 1959 ዓ.ም.ፈ ግብፅን ሱዳንን ኣብ ዝገበረኦ ውዕል 'ውን ንኢትዮጵያ ኣግሊለንኣ እየን። ኢትዮጵያ ኣብቲ ግዜ ንሱ ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ኣይነበረትን። ኢትዮጵያ ናፃ ሃገር እያ ነይራ፤ መንግስቲ ነይርዋ እዩ፤ ክልቲኣን ክፋራረማ እንተለዋ ከሳትፍኣ ነይርወን። ኣብዚ ኢትዮጵያ ኣይተሳተፈትን። ኣብቲ እዋን ንሱ ከምዚ ዝገበራ ኢትዮጵያ ምንም ኣይትገብርን ብዝብል ንዕቐት ይመስለኒ፤ ኮይኑ ግና ሃፀይ ሃይለ ስላሴ ንሱዳንን ግብፅን ከምኡ 'ውን ንቤት ምኽሪ ፀጥታ ተቓውሞኦም ኣቕሪቦም እዮም። ክልቲን ሃገራት ብእንግሊዝ ይግዝኣ ስለዝነበራ ፀብለልታ ሒዘን ፀኒሐን እየን። በዚ ዝተላዕለ እዩ ክሳብ ሕዚ ፅዕንቶ ንምሕዳር ዝንቐሳቐሳ ዘለዋ። ክልቲኣን ሃገራት ማዕረ ክንጥቀም ኣይደልያን እየን።

**ወጋሕታ፡- ኢትዮጵያ ካልኣይ ዙር ማይ ምምላእ ኣብ ተካይደሉ እዋን ፅዕንቶ ግብፅን ሱዳንን እንታይ ክኸውን እዩ ኢልኪ ትግምቲ? ኢትዮጵያ ኸ ኣብዚ ጉዳይ እዚ እንታይ ዓይነት ምድላው ከትገብር ኣለዋ?**

**ወይዘሮ መካ፡-** ኣብዚ ሕዚ እዋን ግብፂ ንእሽተይ ዝሕል ኢላ ኣላ። ምምልኡ ከምዘይቐሪ እናኣመነት ዝመፀት ይመስለኒ። እዚ ግድብ እዚ ሚኒስትር ማይን መስኖን ግብፂ ብዙሕ ፅዕንቶ ከምዘየሐድር ተዛሪቦም ነይሮም። ኢትዮጵያ ካልኣይ ዙር ማይ እንተመሊኣ ኣብ ጂኦ ፖለቲካል ሓይሊ እናረኸበት ክትኸይድ እያ። ናይ ኣባይ ጂኦ ፖለቲካል ክቕየር እዩ ኢለ እየ ዝግምት። ስለዚ ኢትዮጵያ ተሰማዕነታ ልዕል እናበለ ክኸይድ እዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ፀገማት ተፃዊራ ማይ ምምላእ ክትቕፅል ኣለዋ እየ ዝብል። ኣብዚ ኩነታት እዚ ክልቲኣን ሃገራት ፅዕንቶ ክገብራ ይኽእላ እየን። ነዚ ፅዕንቶ ምምካት ዝካኣል ድማ ኩሎም ፖለቲካዊ ውድባት ሃገርና ኣብ ጉዳይ ሃገር ብሓደ ጠጠው ክብሉ ኣለዎም። እዚ ግድብ እዚ ካብ ፖለቲካ ወፃኢ እዩ፤ ጉዳይ ሃገር እዩ። ስለዚ ኣብዚ ኩነታት እዚ ኩሉ ፖለቲካዊ ፓርቲ ይኹን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓደ ልቢ ደው ክብል ኣለዎ እየ ዝብል። ፖለቲካዊ ውድባት ንረብሓ ህዝቢ ኢና ንሰርሕ ዝብሉ እንተኾይኖም ድማ እዚ ግድብ እዚ ናይ ህዝቢ ስለ ዝኾነ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ኮይኖም ክድግፉ ኣለዎም። እንተኒእሱ መግለፂ ከውፅኡ ኣለዎም። ንግብፂ ዘሐጉሶም ዘሎ ናይ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ሓደ ዘይምኳን እዩ ዝመስለኒ። ብሓፈሻ ክንሪኦ እንተለና ኢትዮጵያ ካልኣይ ዙር ምምላእ ማይ እንተገይራ ካብኡ እቲ ኩነታት እናተስተኻኸለ ክኸይድ እዩ ዝብል እምነት እዩ ዘለኒ።

**ወጋሕታ፡-ኣብ መንጎ ሰለስቲአን ሃገራት ዝግበር ዘተ ግብፂ ኣሜሪካን ባይቶ ኣባላት ፀጥታ ሕቡራት መንግስትታት ኣብቲ ዘተ ንኽኣትዉ ዘለዋ ድሌት ካብ ምንታይ ዝነቐለ እዩ ትብሊ?**

**ወይዘሮ መካ፡-** ግብፃውያን ድሌቶም ሓንቲን ሓንቲን እያ። እዚኦም ክኣትዉ ሕብረት ኣፍሪካ ድማ ክግለል እዩ ድሌታ። ንዕኦም ዝህግዝዎም ትካላት ጥራሕ'ምበር ንሓበራዊ ረብሓ ኣይሓስቡን እዮም። በዞም ሓይልታት እዚኦም ተጠቒሞም ኣብ ርእሲ ኢትዮጵያ ፅዕንቶ ንምፍጣር እዩ ድሌቶም። ኣሜሪካ ብግልፂ ምስ ግብፂ ምኳና ብግልፂ ኣፍሊጣ እያ። ንኣብነት ፕሬዚዳንት ትራምፕ ‹‹ኢትዮጵያ ንሕና ብዝበልናዮ ሓሳብ እንተዘይተስማዕሚዓ ኣዝዩ ሓደጋ እዩ፤ ግብፂ ክተፍንደአ እትኽእል እያ›› ኢሎም ኣብ ኣዳባባይ ተዛሪቦም እዮም። ግብፃውያን ድማ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ነቲ ግድብ ጠጠው ከብለሎምን ንኢትዮጵያ ዝጎድእ ስምምዕ ክህሉ እዩ ድሌቶም። ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ነዚ ዝሸከም ዓቕሊ ኣይህልዎን፤ ብሄራዊ ጥቕሙ ኣሕሊፉ ዝህብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሃገርና ኣብ ድኽነት እያ ዘላ። እዚ ብሕብረት ኣፍሪካ እዩ ክውዳእ ዘለዎ። ምኽንያቱ ሕብረት ኣፍሪካ ናይ ኣፍሪካ ፀገም ብዝግባእ ይፈለጥ እዩ። ከምዝፍለጥ ሩባ ኣባይ ናይ ኣፍሪካ ሩባ እዩ። ኣብ ትሕቲኡ 11 ሃገራት ናይ ተፋሰስ ኣለዋ። ስለዚ እዚ ጉዳይ እዚ ብሕብረት ብኣፍሪካ እዩ ክፍታሕ ዝኽእል ዝብል እምነት ኣለኒ።

ኣብዚ ሰሙን እዚ ሚኒስትር ጉዳይ ወፃኢ ሱዳን መግለፂ ሂቡ ነይሩ። እቲ መግለፂ ድማ ኣብ ሰለስቲኦም ዝግበር ዘተ ብሕብረት ኣፍሪካ ክካየድ ዝብል እዩ። ስለዚ እዚ ጉዳይ እዚ ብሕብረት ኣፍሪካ ክካየድ ኢትዮጵያ ልዑል ፃዕሪ ክትገብር ኣለዋ እየ ዝብል።

‹‹ግብፂ ...9



# እዋናዊ ዛዕባ

## ሰብኣዊ ሓገዝን ኩነታት ትግራይን

**መሰረት ገ/ዮሓንስ**

ኣብ ትግራይ ዝተኻየደ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ስዒቡ ኣብቲ ክልል ማሕበራዊ ቕልውላው ተፈጢሩ እዩ።ብሚሊዮን ዝቖፀሩ ዜጋታት ተመዛቢሎምን ተፀበይቲ ሓገዝ ኮይኖም እዮም። ቐፃሊ እዋን ክራማት ስለዝኾነ ደማ ዝተመዛበለ ሓረስታይ ናብ መረበቱ ተመሊሱ ንክሓርስን በዝተፈላለየ መገዲ ሓገዝ ንክረክብን መንግስቲ እናሰርሐ ምዃኑ ይገልፅ ኣሎ።

ኣብ ክልል ትግራይ ኣብዚ ኸዚ እዋን 4ነጥቢ 5 ሚልዮን ዜጋታት ሰብኣዊ ሓገዝ የድልዮም እዩ፤ ንዚኦም ዜጋታት ዕለታዊ ሓገዝን ንዘሌቕታ ንምጥያሽ መንግስቲ ምስ መዳርግቲ ዝኾኑ ትካላት ብምትሕብባር እናሰርሐ ይርከብ።

ኮምሽን ብሄራዊ ስግኣት ኣመራራሓ ምስ ሚኒስቴር ሰላም ብምዃን ኣብዚ ሰሙን ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ፣ ኣብ ትግራይ ሓገዝ ዘድልዮም ዜጋታት 4ነጥቢ 5 ሚልየን እንትኾኑ ኣብ መጀመርያ ዙር ንኹሉ ከምዝተባፅሐ ኣፍሊጦም እዮም። ኣብ ዝቕፅል ካልኣይ ዙር ድማ ን 2ነጥቢ 7 ሚልየን ዜጋታት ሓገዝ በፂሑ እዩ።ንዚ ድማ ልዕሊ ብር 3ነጥቢ 7 ቢልየን ወፃኢ ተገይሩ እዩ።

ንዚ ሓገዝ ዝሸፈን ሓገዝ ኣቕረብቲ ክንረኢ ኸለና 70ሚኢታዊ መንግስቲ ዝሸፈኖ እንትኸውን 30 ሚኢታዊ ድማ ኣጋር ኣካላት እዮም።እዞም ኣጋር ትካላት ማሕበር ረድኤት ትግራት(ማረት/ሬስት) ዝባሃል ሃገር በቖል ዝኾነ መንግስታዊ ዘይኾነ ትካል እዩ።ነዚ ሓጋዚ ድማ መንግስቲ ኣሜሪካ እንትኾን 27 ሚኢታዊ ዝኸውን እዚ ትካል ዝሸፈኖ እንትኾን ዝተረፈ 3 ሚኢታዊ ብፕሮግራም ዓለም ምግቢ ዝተሸፈነ እዩ።

ኮምሽነር ኮምሽን ብሄራዊ ስግኣት ኣመራራሓ ኣይተ ምትኩ ካሳ ኣብቲ መግለፂ ከምዝገለፅዎ፣ ሰብኣዊ ሓገዝ ክሳብ ኸዚ እናባፀሐ ዘሎ መንግስቲ እዩ፤ ኣብ ቀፃሊ ኣብ ዝግበር ሓገዝ ግና ኣካይዳ ለውጢ ተገይሩ እዩ።ሳልሳይ ዙር ኣብቲ ክልል ዘሎ ወረዳ ውሽጢ ን 86 ሚኢታዊ ብትካላት ረድኤት ሓገዝ ክረኽቡ እዮም ተባሂሉ እዩ። ንዝተረፉ 14 ሚኢታዊ ድማ መንግስቲ ሰብኣዊ ሓገዝ እናቕረበ ክቕፅል እዩ።ኣብዚ ኸዚ እዋን ብመንግስትን ዘይመንግስታዊ ትካል ማረትን ዝሸፈን ዝነበረ ኣቕርቦት ሓጋዝ ክሰፍሕ ብምግባር ኣርባዕተ ተወሳኺ ኦፕሬተራት ክኣትዩ እዮም።እዚኦም ኣርባዕተ ኦፕሬተራት ሓደ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም እንትኸውን ካልእ ድማ ሃገር በቖል መንግስታዊ ዘይኾነ ትካል ማረት እዩ ፣እዚ ትካል ቕድሚ ኸዚ'ውን ዝነበረ እዩ።ሳልሳይ ድማ ኬር ዝባሃል መንግስታዊ ዘይኾነ ዓለምለኻዊ ትካል ፣ወርልድ ቪዥን፣ ኤፍ ኤች ዝባሃሉ ትካላት ኣብ ትግራይ ምንቅስቓስ ዝገብሩ እዮም።

ሓገዝቲ ትካላት ሰብኣዊ ሓገዝ ንትግራይ ንምቕራብ ምቹው ኩነታት ኣይተስተኻኸለናን ብምባል ብተደጋጋሚ ቅሬታ ኣቕሪቦም እዮም። ቅድሚ ኸዚ ዝላዓሉ ፀገማት ኣብዚ ኸዚ እዋን ከምዝተመሓየሹ መንግስቲ ኣፍሊጡ እዩ። ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ዓሰርተ ኸለተ መዕቖቢታት ምስ ዘለዉ ተመዛበልቲ ዘተ ብምግባር ኣብ ዝምለስሉ ሰዓት ኣድላይ ዝኾነ ምግብን ካብ ምግቢ ወፃኢ ዝኾኑ ነገራት ብምቕራብ ንክምለሱ ምግባርን፤ ኻልኣይ ድማ ሙሉእ ብሙሉእ ሰላም ዘይተረጋገፀሉ ቦታ ክምለሱ ዘይኽእልሉ ቦታ እንተኾይኑ ድማ ዘመድ ዘለዎም ኣብ ዘመድ ተፀጊዖም ክፀንሑ ምግባር፤ እዚ ኣብ ኻልኦት ሃገራት እውን ዝተለመደ ኣሰራርሓ እዩ፤ምስ ስደራ ብሓባር ምሕላፍ ባዕሉ ፅቡቅ ኣጋጣሚ እዩ።እዚ ገይርና ኣብ ኣፀጋሚ ከባቢ ዘለዉ ተመዛበልቲ ድማ ግዝያዊ መፅለሊ ጣብያ ብምጥያሽ ሙሉእ ብሙሉእ ሰላም ክሳብ ዝረጋገፅ ኣድላይ ሓገዝ እናተገበረሎም ንኽፀንሑ ሰላም ምስተረጋገፀ ንክምለሱ ኣብ ምግባር ስራሕ እናተሰርሐ ከምዝርከብ እቶም ኮምሽነር ገሊፆም እዮም።

ከም መልዓሊ ኣብ መቐለ ዓብይ መፅለሊ ጣብያ እናተሰርሐ ይርከብ። ንዝተማዛበለን ንፀገም ንዝተቓልዑ ዜጋታት ኣቕርቦት ሓገዝ ካብ ምሃብ ንላዕሊ ኻሊእ ትኹረት ዝተውሃቦ ጉዳይ መሰረታዊ ናብሮኦም ንምስትኽኻል እዩ። ሙሉእ ብሙሉእ ሰላም ኣብ ዝተረጋገፀሎም ቦታታት ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱ እዮም ተባሂሎም እዮም።ዜጋታት ብድልየት ዝምለስሎም ሰለስተ መገዲ እውን ተፈልዮም እዮም። ተመዛባልቲ ካብ




**ኣብ ክልል ትግራይ ኣብዚ ኸዚ እዋን 4ነጥቢ 5 ሚልየን ዜጋታት ሰብኣዊ ሓገዝ የድልዮም እዩ፤ ንዚኦም ዜጋታት ዕለታዊ ሓገዝን ንዘሌቕታ ንምጥያሽ መንግስቲ ምስ መዳርግቲ ዝኾኑ ትካላት ብምትሕብባር እናሰርሐ ይርከብ**

ምጥያሽ ብዝዘለለ ናብ ስሩዕ ህይወቶም ንክምለሱ ምግባር እውን ካልእ ትኹረት ዝደለ እዩ። ናይቲ ክልል ሓረስቶት ኣብ ዝቕፅል ክረምቲ ሓሪሶም ኣብ 2014ዓ.ም ካብ ሓገዝ ኽላቐቑ ምስ ግብርና ሚንስተር ብምኳን እናተሰርሐ ከምዝኾነ ተገሊፁ እዩ።

ብሚኒስትር ግብርና ንግብርና ግብኣት ዘድሊ ልዕሊ 126ሽሕ ኩንታል መዳበርያ ካብ ወደብ ጁብቲ እናተጉዓዘ እዩ ዝርከብ።ተጠቀምቲ ሓረስቶትን ዝሸፍን ሄክታር መሬትን ተፈልዮም እዮም። ከምኡ'ውን ብር 5ነጥቢ 5 ሚልየን ዝግመት 5 ሽሕን 588 ኩንታል ምሩፅ ዘርኢ ንምቕራብ ስራሕቲ እናሰራሕና ኢና ንርከብ ኢሎም።እዚ ድማ ብቐጥታ ንስራሕቲ ኽረምቲ ድልው ኾይኑ ሕድ ሕድ ኣብ ትግራይ ክልል ዘሎ ሓረስታይ ኣብ ቐፃሊ ዓመት ተረዳኢ ንክይኾን እናተሰርሐ ይርከብ ።

ኣብዚ ኸዚ ዘሎ ኩነታት ብኹሉ መልክዑ ንኽጠናኸር እናተሰርሐ እዩ።ናይቲ ክልል መሓውር ምድጋፍን ዝዓነዉ ትካላት ንምህናፅ ዝጥቀሱ እዮም።ናይቲ ክልል ሓይሊ ፖሊስን ኩነታት ፀጥታ ንምጥንኻር ትኹረት ተዋሂብዎ እዩ።ናይቲ ክልል ፀጥታ ኩነታት ኣብቲ ክልል ብዝርከቡ ሓይሊ ፖሊስ ምጥንኻር ስራሕቲ እናተሰርሑ ከምዝርከብ'ውን ኣብቲ መግለፂ ተሓቢሩ እዩ።

## ‹‹ንኢትዮጵያ ከድሕን ዝኽእል ህዝቢ ኢትዮጵያ ጥራሕ እዩ ››

- ጀነራል ብርሃኑ ጁላ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን መዓርግ፣ ኣርማ፣ ደንቢ ክዳንን ሓይሊ ባሕሪ ፌዴሪኢን ህንፀት ማእኸል መሰልጠኒ መሰረታዊ ባሕረኛን ኣብ ቢሾፍቱ ዕላዊ ኣብ ዝገበርሉ እዋን ‹‹ኢትዮጵያ ካብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንላዕሊ ውሽጣዊን ግዳማዊን ፀላእቲ ግንባር ፈጢሮም ዝተበገሱላ ሃገር ብምዃና ነታ ሃገር ንምድሓን ኩሉ ሰብ ሓድነት ክህልዎ ኣለዎ›› ክብሉ ላዕለዋይ ኢታማዦር ሹም ሓይሊታት ምክልኻል ሃገር ጄኔራል ብርሃኑ ጁላ ተዛሪቦም እዮም። እቶም ጀነራል ኣብቲ መድረኽ ዘሕለፍዎ መልእኽቲ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና።

ሃገርና ናይ ወፃእን ውሽጣውን ፀላእቲ ግንባር ፈጢሮም ዝተልዓሉ፣ ሃገርና ብምጭንናቕ ሃገርና ካብ ፀገም ንከይትወፅእ፣ ሃገርና ልዕልነታ ኣሐይላ ንከይትኸይድ... እዚ ዓይነት ስራሕ እናተሰርሐ እዩ። ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ሓደ ግዘ ብሶማሌ ክልል፣ ብሲዳማ፣ ኣዲስ ኣበባ ፣ብወለጋ ብዝተፈላላዩ ቦታታት በምኻድ ዝፍጠረሉ ጎንፂ እናምኸነ ይርከብ። ነዚ ዓብይን ጀግና ሰራዊት ብህይወቱን ደሙን ሃገር ዝሕሉ ሰራዊት ኹላትና ክነመስግኖ ይግባእ።

እዚኹሉ ምብላዕ ንሃገርና ንምድኻም እዩ።ኢትዮጵያ ክትዳኸም ብመሬታ፣ ብሩባኣን ሃፍታን ብማዕድና ክትጥቀም ኣይትኽእልን። ተተዳኺማ ምንም ክትሰርሕ ኣይትኽእልን፣ ምልማን እዩ ስራሓ ዝኸውን። ንቡዙሕ ዓመታት እዛ ሃገር ንምድኻም ዝሰርሑ ሓይልታት ሎሚ ድማ ተጠናኺሮምን ተወዲቦምን ኣብ ሃገርና ወፊሮም እዮም። ንሕና ኢትዮጵያውን ድማ ናይዚ ሰለባ ኾይና ኢና። ሃገር ብገንዘብ ዝሸይጥ ብዙሕ ባንዳ ኣፍሪና ኢና። ንኢትዮጵያ ከድሕን ዝኽእል ህዝቢ ኢትዮጵያ ጥራሕ እዩ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ ንሰራዊት ምክልኻልን ካልኦት




**ሓደ እንትንኸውን እንምነያ ኢትዮጵያ ምፍጣር ንኽእል ኢና፣ ሃፍትና ምጥቃም ንኽእል ኢና፣ ሚኢትን ዓሰርተን ሚልዮን ህዝቢ ምምጋብ ንኽእል ኢና፣ ሓደ እንትንኸውን ንኽበር ኢና፣ ሓደ እንትንኸውን ዓበይቲ ንኸውን ኢና፣ ተዘይኾይና ግና ተበታቲና ኣደዳ ፀላኢ ካብ ምኳን ኣይንድሕንን**

ሓይሊ ፀጥታ ሒዙ ፀላኢ ፈልዩ ብምርኣይ ካብ ወፃእን ውሽጥን ዝኸበቦ ፀላኢ ዝወፀሉ ትልሚ ኣፍሪሱ ምስ ምክልኻል ሰራዊት ብምዃን ክከላኸል ኣለዎ።

ኣብዚ ኸዚ እዋን ዘለናዮ ኹነታት ወይ ሰይርና ስዒርና ናብ ብልፅግናን ዓባይ ዓዲ ንምህናፅ እንሰጋገረሉ ወይ ድማ ፀላእትና ትልሚ ከምዘውፅኡልና ነኒባዕልና ተባሊዕና እንበታተነሉ ምዕራፍ ከምዘለና ህዝቢ ኢትዮጵያ ክፈልጥ ኣለዎ። ተበታቲና እንረኽቦ ውፅኢት ጥፍኣት፣ ምብትታን ከም ሶርያን የመንን ዓይነት ውፅኢት እዩ ዝህልዎ፤ ኻልእ ውፅኢት ክህልዎ ኣይኽእልን።

በቢክልል ተበታቲኑ ሃገር መስሪቱ ሃገር ዝመስረተ የለን። ኣብዚ ዓይነት ብርኪ ከምዘለና ኹላትና ክንግዘብ ኣለና። ሃገርና ንምድሓን ኹላትና ሓደ ንኹን፣ተጋግዮም ናይ ፀላኢ መሳርሒ ዝኾኑ ወገናት ጠጠው ኢሎም ክሓስቡ ከምዘለዎምን ፣እዚ ፖለቲካ ዝመሰሎም በዚ ዓይነት ስልጣን ዝርከብ ዝመሰሎም ንሃገርም ጥፍኣት እናደገፉ እዮም። ንኻልኦት ሓይልታት፣ ንኻልኦት ታሪኻዊ ፀላእቲ በሪ እናኸፈቱ እዮም። እዚ ግንዛበ ክረከብ ኣለዎ ።

ሓደ እንትንኸውን እንምነያ ኢትዮጵያ ምፍጣር ንኽእል ኢና፣ ሃፍትና ምጥቃም ንኽእል ኢና፣ ሚኢትን ዓሰርተን ሚልየን ህዝቢ ምምጋብ ንኽእል ኢና ፣ሓደ እንትንኸውን ንኽበር ኢና፣ ሓደ እንትንኸውን ዓበይቲ ንኸውን ኢና፣ ተዘይኾይና ግና ተበታቲና ኣደዳ ፀላኢ ካብ ምኳን ኣይንድሕንን።

ስለዚ ብቆራፅነት ሃገርና ንምቕያር እናተገበረ ዘሎ ፃዕሪ ዓብይ እዩ።ንኻልኦት ኣፍሪካ ሃገራት ኣብነት ዝኸውን ግድብ እናሰራሕና ኢና። እዚ ግድብ ንኢትዮጵያ ታሪኻዊ እዩ። ካልኦት ፃዕርታት እናካየድና ኢና። ነዚ እዩ'ውን ፀላኢ ዝበዝሐና።ነዚ እዩ በቢከባቢኡ ወፍሪ እናመፀ ዘሎ፣ንዚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክግንዘብ ኣለዎ።

ሰራዊት ምክልኻልና ካብ ካልእ ዝበለፀ ዝተደራራበ ግቡእ እዩ ዝፅበዮ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ምስተረደኦ ኩሉ ሓደ ኾይኑ ጠጠው ክብል እዩ፣ እዚ ፈተና ምሕላፍ ይካኣል እዩ። ኣብ መወዳእታ ካብ ኢትዮጵያ እነብልፆ ምንም ነገር ስለዘየለ ንሕና ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብዙሓት መፃወዲ ሰባቢርና ኣብዚ ዝበፃሕና ጀጋኑ ደቂ ኢትዮጵያ ስለዝኾና ኢትዮጵያ ንምሕላው ክሳብ መወዳእታ ክንቃለስ ኢና።

እዚ ኹሉ መፃወድያ ክንሓልፍ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ጎንና እዩ ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ትግራይ ዝተደገሰ ኹናት ብጣዕሚ ሓደገኛ እዩ ነይሩ። እዚ ኹናት ህዝብና ሒዝና ስዕሪና ኢና። ኸዚ ድማ ካልእ ምኽንያት እናተደለየ እንተኾነ 'ውን ኹሉ ምኽንያት ዝሰርሕ ኣይኾነን። ኢትዮጵያ ንቕድሚት ክትጓዓዝ እያ። እዚ ፀገም ክትሰግር እያ፣ ክትብልፅግ እያ፣ እግዚኣብሄር ምሳና እዩ ።

# እዋናዊ ዛዕባ

# ህዝቢ ማእኸል ዝገበረ ህዱእ ህዝባዊ ሰላምን ምምሕዳርን ኣብ ትግራይ ንምርግጋፅ ዝቕረበ ፃውዒት

- ዶ/ር ኣብርሃም በላይ በርሀ
ዋና ፈፃሚ ስራሕ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ



ኣብ ክልልና ትግራይ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ብዝተፈጥረ ጎንፂ ምኽንያት ብርክት ዝበለ ሰብኣዊን ንዋታውን ዕንወት ከምዝበፅሐ ይፍለጥ። ሞት ወገናት፣ ጉድኣት ኣካል፣ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ምምዝባልን ልዑል ጉድኣት ስነ-ልቦናን ስነኣእምሮን፣ ብኽነትን ምንዘዐ ውልቃዊን መንግስታዊ ንብረትን ብሓፈሻ ዘየድልዩ ምትፍናናትን ምድፍፋእን ኣጓኒፎምዎ እዮም። እዚይን ካልኦት ኣብ ህዝብና ዘንፀላልዩ ፀገማትን ንምፍታሕ ዘኽእል ብግልፂ ብምትእምማን፣ ግቡእ ፍትሒን ፍታሕን ብምሃብ ቁስልን በሰላን ህዝብና ምቕናስ ኢሉ እውን ብምፍዋስ ከምኡ እውን ኣብ መሬት ዘሎ ወድዓዊ ኹነታት ብተግባር ብምልዋጥን እዩ። ስለዝኾነ ድማ ብመንፈስ ይቕርታን ሰላም ብዘረጋግፁ ቆራፅ ስጉምትታትን ብምውሳድ ሃገረይን ህዝበይን ከገልግል ዝተውሃበኒ ዓብዪ ሓላፍነት ተመዲበ ስርሐይ እንትጅምር ዕውት ንክኸውን ሙሉእ ሓገዝን ድጋፍን ብህዝብና፣ ብመንግስቲ ፌደራል፣ ብመላእ ህዝብታት ሃገርና፣ ብማሕበረሰብ ዲያስፖራን ማሕበረሰብ ዓለምን ከምዝረክብ በዓል ምሉእ እምነት እየ።

ኣብ ክልልና ትግራይ ዘሎ ወድዓዊ ነባራዊ ኹነታት ብፍላይ ፀገማት ብእሩይ ቁፅር መሚኻ ብምውፃእ ፍታሕ ክረኽቡ ምግባር ፈላሚ ስራሕቲ እዮም። ብተወሳኺ ድማ፣ ባህርን መንቀልን እዞም ፀገማት ምርዳእ፣ ፅዕንቶ ተተሓሓዝቲ ጉዳያት ምፍላይ በቢብርኩ ዝትግበሩ መፍትሒ ሓሳባት ምምንጫይ፣ ዝመንጨዉ መፍትሒ ሓሳባት ብህዝባዊ ተቐባልነትን ርብርብን ብድፍረትን ብጥበብን ዝፍፀም ቆራፅነት ዝሓትት ስራሕ ከምዝኾነ እውን ምርዳእ የድሊ።

ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ኣብ ክልልና ትግራይ ዘሎ ወድዓዊ ነባራዊ ኹነታት ንምልዋጥ ዝተሰርሑ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ተሰሪሖም ዋላ እንተኾኑ፣ ጭቡጥ ውፅኢት ንምምፃእ ዝኾልፉ ርኢያት ዕንቅፋታት ነይሮም እዮም። ቀንዲ ስራሕቲና ድማ ቅድምያ ንዝወሃቦ ህይወት ሰብ ኣብ ምድሓን፣ ሰብኣዊ ቀውስታት ከይበኣኣሱ ኣብ ምስራሕ ቆላሕታ ሂብና ተንቀሳቒስና ኢና። ኮይኑ ግና እዚ ንፅባሕ ዘይበሃል ስራሕና ኣብ እንሰርሐሉ እዋን ከቢድ ዝገብሩን ንተወሳኺ ጉድኣት ዝዕድሙን ርኢያት ፀገማት ምንባሮም ምርዳእ የድሊ።

ኣብ ምዕራፍ ምኽባር ሕጊ ዘጓነፉ ጎንፅታትን ጥቕዓታትን፣ ሞትን ምምዝባልን ንፁሃት፣ ብድፍኢትን ስምዒትን ሞትን ጉድኣት ኣካልን ብርክት ዝበሉ ዕድሚኦም ዘይኣኸለ መናእሰይን ደቂ-ኣነስትዮን ሓዊሱ፣ ብርሰት ንብረት ወዘተ ምልዋጥን ናብ ንቡር ሰላም ንምምላስ ኣድላዪን ንፅባሕ ዘይበሃል እዚ እዋን ዝጠልቦ ናይ ኣመራርሓ ስጉምቲ ወሳናይ እዩ።

ኣብዚ ኣብ ምኽባር ሕጊ፣ ብመንግስቲ ፌደራል ዝተወስዱ ርኢያት ስጉምትታት፣ ሕጋዊ ሓላፍነትን ግቡእነትን መንግስቲ ንክዋፃእ ዝተፈጸመ፣ ብሓይልታት ምክልኻል ዝተሰርሑ ስራሕቲ እውን እንተኾነ ኣብ ሓድነት ሃገርን ልኣላዊነትን ዘንፀላለወ ሓደጋ ንምምካት ኣድላዪ ምኳኑ ተኣሚኑሉ ዝተፈጸመ ግዳጅ እዩ። ኣብ ክልልና ክርእ ጀሚሩ ዘሎ ኣንፃራዊ ሰላም እውን መስዋእቲ ብዙሓት ተኸፊሉዎ ዝተረጋገፀ ከምዝኾነ ንዝሓለፉ ኣዋርሕ ኣብ ክልልና ንዘሎ ኩለመዳያዊ ምንቅስቓስ ክከታተል ዝተውሃበኒ ፍሉይ ሓላፍነት ዘረጋገፅክዎ ምኳኑ ግልፂ ክገብር ይፎቱ።

ኮይኑ ግና፣ ኣብዘን ዝሓለፉ ሽድሽተ ኣዋርሕ ኣብ ትግራይ ኣብ ዝነበረ ጎንፅን መጥቃዕትን፣ ብዕጡቓት ሓይልታት ተፈፂሞም ዝተብሃሉ ስጉምትታት፣ ደም ብዙሓት ንፁሃት ዓርሶም ምክልኻል ዘይኽእሉ ዜጋታት ፈሲሱ፣ ኣካሎም ጎዲሉ፣ ብዙሕ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰል ተፈፂሙ፣ ህፃናት፣ ለጋልግን ዓበይትን ደቂኣነስትዮ ኣሕዋትን ኣደታትን ተደፊረን፣ ብቢልዮን ዝግመት ገንዘብ ዝወፀሎም ትካላት መንግስትን ውልቀን (ትካላት ጥዕናን ትምህርትን ሓዊሱ) ዓንዮምን ተጓሕጊሖምን፣ ተፃዒኖም ተወሲዶም፣ ካልእ ይትረፍ ጠለበጊዕን ከፍትን ሓረስቶት፣ ቀለብ ዕለትን ኣቑሑ ገዛን ከይተረፈ ተጓሕጉሑ እዩ። ኣነ ኣብ ልዑል መንግስታዊ ሓላፍነት እንኾለኹ፣ እዚ መሕዘኒን መሰቐቒን ተግባር ኣብ ህዝብና እንትበፅሐ ቀዳሚ ስራሕ ክኸውን ዝግባእ ዝበፅሐ ጉድኣት ብተግባር ምቕናስ፣ ተወሳኺ ፀገም ከይበፅሕ ዘኽእሉ ስራሕቲ ብዘይወዓል ሕደር ምትግባር ይኸውን። ኣብ ድሕንነት ሃገር ዘንፀላለወ ርኡይ ሓደጋ ምምካት፣ኢሉ እውን ሃገርና ናብ ሙሉእ ሰላምን ምርግጋዕን ዘብፅሑ ዋና ዋና ስራሕቲ ምስራሕ ኣገዳሲ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ካብ ተወሳኺ ሞትን ዕንወትን ክንናገፍ ይሕግዝ ኢለ ይኣምን። ኣብ ዝሓለፉ ሽድሽተ ኣዋርሕ ብውለቀይ ይኹን ብሕብረት ንትግራይ ኢሉ እውን ንሃገረይ ዝሰራሕኹዎም ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ዋላ እንተተሰርሑ እኹላት ኣይነበሩን። ስለዝኾነ እውን፣ ህዝብና ንሓበራዊ ሰላምን ርጋዕታን ቅድሚያ ብምሃብ ንዝሓለፉ ክፍተታት ይቕርታ ብምግባር፤ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ወሳናይ ምድሓን ሂወት፣ ሰላምን ምርግጋዕን፣ ዳግመ ህንፀት ዓድናን ውፅኢታዊ ክኸውን ብዘይ ተሳትፎ መላእ ህዝቢ ክመፅእ ስለዘይኽእል ክትሕግዙኒ ብትሕትና እምሕፀነኩም።

ኣብ ክልልና ትግራይ፣ ቅድም ክብል ብዘጓነፉ ፀገማትን በቢቦትኡ ብዝርኣዩ ጥቕዓታትን ንክቕንሱን ደው ክብሉን፣ ተበፃህነት ግልጋሎታትን መሰረተ ልምዓትን ንምዕባይን ሰላምን ደህንነትን ህዝብና ንምሕላውን ኣብ ተሳትፎ ህዝብን ዓበይቲ ዓድን ልዑል ስራሕ ክስራሕ ይግባእ። ብመዳይ እዚ መንግስቲ ድልየትን ጠለብን ህዝቢ ብምርዳእ፣ ዕለታዊ ፀገማቱ ነቒሱ ብምውፃእን መፍትሒን ፍትሒን ብምሃብ፣ ስግኣተይ ዝብሎም ኩነታት እውን ብግቡእ ምድማፅ ወሳናይ ዛዕባናን ዋኒናን እዩ። ስለዝኾነ እውን፣ ነዚ ሰናይ ተግባር መላእ ደላይ ሰላም ህዝብናን ደለይቲ ሰላም ሓይልታትን ብልቦና ምርዳእ የድሊ። ብኻሊእ መዳይ "ኣብ እዋን ጎንፂን ምዝራግ ሰላምን ትፅቢት ዝግበረሎም እዮም!" ዝብል መደምደምታን ኣብ ወገናትና ዝበፅሐ መሕዘኒ ጉድኣት ግቡእ ቆላሕታ ከምዘይተውሃቦ ገይርካ ምቑፃር ቅንዕና ዝጎዶሎ እዩ። ሰፋሕቲ ስራሕቲ ፌደራል መንግስትን ጊዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ኣፍልጦ ንዘይምሃብ ዝሰርሑ ውሽጣዊን ደጋዊን፣ ቀረባን ርሑቕን ዘለዉ ሽርሐኛታት ምፍላይን ግቡእ መኣረምታን ክግበረሎም ይግባእ።

ኣብ ትግራይ ዘጋጠመ ፀገም ኣመልኪቱ ብግልፂ ወፅኡ ንምዝራብን እቲ ኹነታት ብዝቕይር መልክዑ ስራሕቲ ምስራሕን ኣካል መፍትሒ ምኳንን ወገንታዊነት ዓሌትን ዘርእን ኣይሓትትን፤ ዛዕባ ኹሉ እዩ። ዜጋታት ኣብ ኩሉ ስፍራ ንወገኖም ክበፅሑሉ፣ ካብ ዘይምዕሩይ ዘረባታት ፅልኢት ተቖጢቦም ኣብ ስራሕን ካልኦት ማሕበራዊ ሂወትን ወገናቶም ክሕልዉ፣ ብውልቀ ይኹን ብጉጅለ ርህራሀን ሓቋፊነትን ተላቢሶም፣ ደለይቲ ሰላም ምኳኖም ብተግባር ክርእዩ፣ ልዝብን ስኽነትን ክፍጠር ኣዐርዮም ክሰርሑን ብስፉዕ መራኸብቲ ሓፋሽን ማሕበራዊ ሚድያን ካብ ዝንዝሑ መርዛማን ተንኻስን ዘረባታትን ኣብ ቀረባ ዝተለመዱ "መፀውዕታት" ካብ ምጥቃም ክቑጠቡ፣ ካብ ዕዳጋ ፅልኢ ትርፊ ንምርካብ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ሓይልታት ክተሕፍሩዎም፤ ብሓፈሻ ክልልና ትግራይ ናብ ሰላምን ምርግጋዕን ንምምላስ ኣብ ዝግበር ፅዑቕ ፃዕሪ እጃምኩም ክትዋፅኡ ሰብኣዊ ፃውዒተይ የቕርብ።

መላእ ህዝብታት ሃገርና!

ሰላም ኣጀንዳ ጅግናን ጀግንነትን እዩ !፤ ኣብዚሕካ ምዕጋስ፣ ኣስፊሕካ ምሕሳብ፣ ዘይካኣሉ ዝመስሉ ኩነታት ምድፋር፣ ኣብ ሎሚ ኾይንካ ፅባሕ ምእማትን ብሓቅታት ትማሊ ግልፂ ምርድዳእን ዝሓትት እዩ።

ካብ ቀረባ እዋናት ናብዚ ኣብ ሞንጎ ኣሕዋትን ኣሓትን ህዝብታት ሃገርና ውጥረት ንምፍጣር ንዓመታት ዝተሰርሑ ስራሕቲ ናብ ጎኒ ብምግዳፍ ብዘይጠቕሙ ህልኽን ፅልኢትን መሰረት ዝገበሩ ሕመቓት ክቡር ሂወት ሰብ ክጠፍእን ካብ መረበቱ ክመዛበልን ዝገብሩ ግሁድ ሓቂ እናተዓዘብና ንርከብ። ኮይኑ ግና ንዓመታት ዝተሃንፀ ሕብረትና፣ ዝተኣሳሰረ ዝምድናና፣ ንዘበናት ዝፀንሐ ታሪኽና ፈፂሙ ዘይነፃፀር ብምኳኑ ከም ህዝቢ ሓደ ሃገር ናብ ምስትውዓልን ህድኣትን ክይወዓልና ክይሓደርና ስራሕ ክንጅምር ይግባእ። ንመፃኢ ወለዶ ፅልኢ፣ ቂም፣ ሕነ-ምፍዳይን ጥፍኣትን ካብ እነስንቆ፤ ይቕረ ምብህሃል፣ ምትእምማን፣ ምትሕግጋዝ ወዘተ ሕብረት ዘጠናኽሩ ምኳኖም ክነረጋግፅ ናይ ወለዶ ሓላፍነት ኣለና።

ምስዚ ተተሓሒዙ፣ ኣብ ክልልና ትግራይ ሰላምን ደሕንነትን ኣብ ምስፋንን ምርግጋፅን ከምኡ እውን ፍትሒ ክዓስል ልዑል እጃም ዝገበርኩም ኣካላት፤ ብተወሳኺ ሰብኣዊ ሓገዝ ብምሃብ ኣብ ከይዲ ዳግመ ህንፀት ክልልና ኢድኩም ዝሓወስኩም መላእ ህዝብታት ሃገርና ብፍላይ ድማ ጎረብቲ ክልላት ሃገርና፣ መንግስቲ ፌደራል፣ ህዝቢ ኤርትራ፣ ዲያስፖራ፣ምሁራን፣ ሰብ ሃፍቲ፣ ማሕበራት ሞያ፣ ሰብ ሞያ ኪነጥበብን ፅዕንቶ ፈጠርቲ ትካላትን ውልቀ-ሰባትን፣ ሰብ ሞያ ሚድያ፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ሽማግለን ዓበይቲ ዓድን፣ ውዳበ መናእሰይን ደቂኣነስትዮን ኣብ ውልቀን መንግስትን እትሰርሑ ወገናት፣ ነዚ ጊዜ ዘይህብ ልእኽቶ ልብኹምን ግዜኹምን ሓገዝኩምን ከምኡ እውን ዓቕምኹ ዝፈቐዶ ኩሉ ብምግባር ክትሳተፉ ናይ ሓደራ ፃውዒተይ የቕርብ።

ኣብ መወዳእታ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ፣ እዋናዊ ፀጋመት ክልልና ኣብ ምፍታሕ ብኹሉ መዳይ ብዘላቕነት ንምፍታሕ ዝሕግዙ ሃነፅትን ሰላማውን ሕጋዊን መማረፅታት ምስዘለዎ ኣካል ኩሉ ብቐረባ ንምስራሕ ምሉእ ድልውነት ዘለዎ ምኳኑ ንምግላፅ ይፎቱ። ስለዝኾነ እውን፣ ኣብዚ ናይ ታሪኽ ሓላፍነት ዝርኣየሉ እዋን ኩሉ ዜጋ ኣብ ጎድንና ኾይኑ ክረባረብን እጃሙ ክውፃእን ናይ ሓደራ መልእኽተይ የመሓላልፍ።

ኣብ ትግራይ ዘጋጠመ ፀገም ኣመልኪቱ ብግልፂ ወፅኡ ንምዝራብን እቲ ኹነታት ብዝቕይር መልክዑ ስራሕቲ ምስራሕን ኣካል መፍትሒ ምኳንን ወገንታዊነት ዓሌትን ዘርእን ኣይሓትትን፤ ዛዕባ ኹሉ እዩ

ወጋሕታ

# ዜና

## ‹‹ኹሳትና ናብ ሓድነትን...

ክንሓዝን ሓደራ ክብል ይፎቱ» ኢሎም።

ኣብዚ ሐዚ እዋን እዛ ሃገር ኣብ ሓደሓደ ከባብታት ፅገማት እናተኸሰቱ እዮም፤ሩባ ኣባይ ብዝምልከት ብሱዳንን ግብፅን ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘለዉ ፅገማት ኣላህ ብሰላም ንኽፈትሖልና ዱዓ ክንገብር ይግበአና፤ዱዓ (ፀሎት)እናገበርና ኢና ኸሪምና ሐዚ'ውን ብዱዓ ክንዛዝሞ ይግበአና ክብሉ ተዛሪቦም።

ብተመሳሳሊ ፕሬዝደንት ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ኣዲስ ኣበባ ሓጂ ሱልጣን ኣማን ኤባ፤ዒድ ኣልፈጥር ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃብዎ መግለፂ፣ ዒድ ኣልፈጥር ማለት እቲ ሙስሊም ግቡኡ ዝኾነ ፆም ድሕሪ ምፃሙ ካብ ኣላህ ምሕረት ዝሓተሉ በዓል እዩ ክብሉ ገሊፆም።

እቲ በዓል ናይ ሰላምን ጥዕናን ክኾነልና እናተመነና፤ ኣብዚ ሐዚ እዋን ንሃገርና ዓብዪ ፈተና ኾይንዋ ዘሎ ተላባዒ ሕማም ኮቪድ 19፤ ህዝብና እናተፈታተኖ ስለዝርከብ ብመሰረት መምርሒ ሚኒስቴር ጥዕና ተጠንቂቕና ሶላት ክነካይድ ኣለና ምስ በሉ፤ ህዝበ ሙስሊም ኣብ ግድብ ህዳሰ ክሳብ ሐዚ እናገበሮ ከምዝፀንሐ ሐዚ'ውን ኣበርቲዑ ክቕፅሉ ሓደራ ይብል ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ብዕለት 3 ጉንበት 2013 ዓ.ም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ካብ ኣደባባይ ሜክስኮ ስጋብ ድልድል ባምቢስ ዝሸፈነ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ተኸተልቲ እምነት እስልምናን ዕዱማት ኣጋይሽ ኣብ ዝተረኸቡሉ ዓብይ ናይ ጎደና ኢፍጥር ተኻይዱ እዩ።

ኣብቲ ኢፍጥር ዝተረኸቡ ሰባት ከምዝገለፅዎ እቲ መርሃ ግብሪ ንሓድነትን ሰላምን ዘጠናኽር ከምዝኾነ ገሊፆም እዮም።

## ሱዳን ቕዋማ ክትቅይር...

ፖለቲካዊ ዘይምርግጋዕን እዩ።

ሱዳንን ግብፅን ኣብ ኢትዮጵያ ፅገም ንምፍጣር ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዘለዉ እቲ ግድብ ንህዝቢ ሱዳን ይጎድእ ኮይኑ እንተይኮነስ ፖለቲከኛታት ሱዳን ብድፌኢት ፖለቲከኛታት ግብፂ እዩ ዝበላ ወይዘሮ መካ፣ ሱዳናውያን ኣብ ዶብ ይኹን ኣብ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ፅገም ንምፍጣር ዝፍትኑ ዘለዉ ድሌት ህዝቢ መሰረት ዝገበረ ከምዘይኮነ ተዛሪበን።

ብኻሊእ ወገን ፖለቲከኛታት ሱዳን ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ካብ ጎኒ ኢትዮጵያ ርሒቖም ኣብ ጎኒ ግብፂ ክኾኑ ዝኸኣሉ ኣብ ኢትዮጵያ ኣጋጢሙ ዘሎ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ከም ኣጋጣሚ ተጠቒሞም ካብ ኢትዮጵያ መሬት ንምውራር ከምዝኾነ ሓቢረን። ፖለቲካዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ክልቲኣን ሃገራት ግድብ ዓብዪ ህዳሰ ንምትዕንቃፍ ከምፅቡቕ ኣጋጣሚ እናተጠቐማሉ እየን ኢለን።

ክሳብ ቐረባ ግዜ ግድብ ህዳሰ ንህዝቢ ሱዳን ጠቓሚ ከምዝኾነ ሰበ ስልጣናት ሱዳን ይገልፁ ከምዝነበሩ ዘዛኻኸራ ወይዘሮ መካ፣ ይኹን'ምበር እቲ ፅገም ዝፈጥርዎ ዘለዉ ውሱናት ፖለቲከኛታት ሱዳን ብናይ ፅዕንቶ ፖለቲከኛታት ግብፂ'ምበር ጥቕሚ ህዝቢ ሱዳን መሰረት ዝገበረ ከምዘይኮነ ተዛሪበን። እዚ ግድብ እዚ ንህዝቢ ሱዳን ዝጠቕም ምዃኑ ህዝቢ ሱዳን ይፈልጥ እዩ ኢለን።

ግብፅን ሱዳንን ብእንግሊዝ ይግዝኣ ስለዝነበራ ፀብለልታ ሒዘን ከምዝፀንሓ ብምጥቃም፣ ሕዚ ድማ ክልቲኣን ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ፅዕንቶ ንምሕዳር ዝንቕሳቐሳ ዘለዋ በዚ ዝተላዕለ እዩ ክብላ ተዛሪበን። ከምኡ 'ውን ክልቲኣን ሃገራት ፍትሓዊ ተጠቃሚነት ክህሉ ድሌት ከምዘይብለን ወሲኸን ሓቢረን።

ናይ 1959 ዓ.ም.ፈ ማይ ሩባ ኣባይ ሱዳንን ግብፅን ጥራሕ ንኽጥቀማሉ ተሰማዕሚኣን ምንባረን ዘዛኻኸራ ወይዘሮ መካ፣ ኮይኑ ግና ዋላ ክልቲኣን ሃገራት ይስማዕማዓ ኢትዮጵያ ዘይተሳተፈትሉን ዘይፈረመትሉን ብምዃኑ ሕዚ ንኢትዮጵያ ክግድዳ ኣይኽእልን እዩ ኢለን። ድሌት ግብፅን ሱዳንን ግና ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ከምዝኾነ ተዛሪበን።

ሱዳን “ክልል ቤንሻንጉል ጉምዝ” ናተይ እዩ ብዝብል እተልዕሎ ዘላ ሓሳብ ኣብ ኢትዮጵያ ፅገም ንምፍጣር እዩ ፣ ሱዳናውያን ከም መከራኸሪ ዘቕርብዎ ሓሳብ ብ1902 ዓ.ም.ፈ ሱዳን ቤንሻንጉል ጉምዝ ንኢትዮጵያ ከምዝሃበታ ኢትዮጵያ ድማ ሩባ ኣባይ ከይትጥቀም ከምተስማዕመዐት ገይሮም እዮም፤ ኮይኑ ግና እዚ ሓሳብ ትኽክል ኣይኮነን ክብላ ኣረዲአን።

ሓሙሽተ ሽሕ ዝኾኑ ሰራዊት ቤንሻንጉል ጉምዝ ኣብ ዘመነ ምንሊክ ኣብ ኲናት ዓድዋ ወፊሮም እዮም። ስለዚ እዚ ዘሪኣካ ቕድሚ 1902 ዓ.ም.ፈ ክልል ቤንሻንጉል ኣካል ኢትዮጵያ ምንባራ እዩ ኢለን።

ኣብ ቤንሻንጉል ጉምዝ ከባቢ መተከል ዝሞት ዘሎ ህዝቢ ምስዚ ዝተተሓሓዘ ይመስለኒ ዝበላ ወይዘሮ መካ፣ ነዚ ብዳሓር ኮይኖም ዘላዓዕልዎ ዘለዉ ድማ ግብፃውያን እዮም ክብላ ሓቢረን።

ኣብዚ ኩነታት እዚ ግብፃውያን ንተመዛበልቲ ቤንሻንጉል ጉምዝ ገንዘብ ኣውፅኢና ንሓግዞ እናበሉ ምንቕስቓሳት ጀሚሮም ኣለዉ። እዚ ድማ ምእንቲ ክግንፀል እዩ።ግብፃውያን ክሳብ ክንዲዚ እዮም ዝኸዱ ዘለዉ። ስለዚ ኢትዮጵያ ነዚ ኩነታት እዚ ብቕልጡፍ ተኸታቲላ መፍትሒ ክተቕምጠሉ ኣለዋ ክብላ ሚዕደን።

ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ መምህር ፖለቲካ ሳይንስን ዓለምለኸ ርክብን ከምኡ'ውን ተደራዳሪ ጉዳይ ሩባ ኣባይ ፕሮፌሰር ያእቆብ ኣርሳኖ ብወገኖም፣ኣብ ቀረባ እዋን ሱዳን ክልል ቤኒሻንጉል ጉምዝ ናተይ እዩ ዝብል ሓሳብ ሒዛ ምምፃኣ ጉዳይ ምስሕሓብ ዶብ ብምትሕልላኽ ኢትዮጵያ ኣብ ህዳሰ ግድብ ዘለዋ ትኹረት ንክተልዕል ዝተሓሰበ ሸርሒ ከምዝኾነ ገሊፆም።

ናይ ሓደ ሃገር ሉኣላዊ ሃገር መሬት ናተይ እዩ ብምባል ብሄራዊ ረብሓ ኢትዮጵያ ንምትእጉዃል ምፅዓር ከንቱ ትምኒት እዩ ዝበሉ ፕሮፌሰር ያእቆብ፣ ኢትዮጵያ ብመሰረት ትልማ እቲ ግድብ ክትዛዝሞ እያ፣እኹል ምድላው ተገይሩ ካልኣይ ዙር ማይ ንምምላእ ኣብ ምድላው ትርከብ ኢሎም።

## ‹‹ነቲ መረፃ...

ናይቲ መረፃ 'ውን ኣካላት ፀጥታ ክገብርዎ ዝግባእን ዘይግባእን ነገራት ፈልዮም ዝተቐመጡሉ ኹነታት ኣሎ። ነዚኦም ዝጥሕስ ኣካል ብዘይ ሓንቲ ምውልዋል ተሓታቲ ክኸውን ኣለዎ።

እዚ መረፃ ካብ ልቢ ዝነቐለ ልምምድ ዲሞክራሲ እንገብረሉ መረፃ እዩ።ሕጋውን ፍትሓውን ኾይኑ እንተዘይተኻይዱ ፈለማ ናይ ህዝብና ኣመኔታ ኣይህልዎን።ተኣማንነት ዘይብሉ መረፃ ድማ ንኻልእ ፅገም ዝዳርግ እዩ።እቲ ኻልኣይ ብናዕነት ዘይካየድ መረፃ ገፅታ ሃገርና ንኽበላሾ ማዕፆ ዝኸፍት እዩ።ብብዙሕ ምኽንያታት እቲ መረፃ ናፃ ኾይኑ ብዘይ ሓደ ፅዕንቶ ክፍፀም ኣለዎ እንትበሃል ኣካላት ፀጥታ'ውን እቲ ሕጊ ብዝፈጥረሎም ኹነታት ጥራሕ ተደሪኾም ልእኽቶኦም ክዋፅኡ ኣለዎም።ካብዚ ሓሊፉ ሕጊ ዝጥሓሰ ስራሕ እንተሰሪሖም ካብ ተሓታትነት ኣየምልጡን።

**ወጋሕታ፡- ኣብ ኽይዲ መረፃ ይኹን ኣብ ኣቀባብላ እቲ ውፅኢት ሕብረተሰብ ኣወንታዊ ግደ ንኽህልዎ መንግስቲ እንታይ እናገበረ እዩ?**

**ኣይተ ገዱ፡-** እቲ ሕብረተሰብ ፅቡቕ ኣስተዋፅኦ ክህልዎ ይደሊ።ስለዝኾነ ኣካላት ፀጥታ 'ውን ብመንፅር ምኽባር ሰላም ህዝቢ ንኽሳተፍ ክሰርሑ ኣለዎም።ልዕሊ ኹሉ ኣብ ሰላማውነት እዚ መረፃ እቲ ህዝቢ ንኽሳተፍ ክሰርሑ ይግባእ።ልዕሊ ኹሉ ኣብ ሰላማውነት እዚ መረፃ ህዝቢ፣ፓርትታት ፖለቲካ፣ሕፁያት ተወዳደርቲ፣ሰብ ሞያ ሚድያ፤ ልዑል ተራ ክፃወቱ ኣለዎም ኢለ ይኣምን።ምኽንያቱ ሰላማዊ መረፃ እንተተገይሩ ልዕሊ ኹሉ ተጠቃሚ እቲ ሕብረተሰብ እዩ።ሓባራዊ ጉዳይን ኣጀንዳን እዩ።ኣብዚ ጉዳይ እዚ ኹሉ ዝምለከቶ ኣካል ተሳትፎ ክገብር ይግበአ።ስለዝኾነ ድማ ኣካላት ፀጥታ በብብርኩ ምስቲ ማሕበረሰብ ስራሕቲ ንምስራሕ ፃዕሪ እናገበሩ እዮም።

**ወጋሕታ፡-ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ሰሜን ዝተገበረ ኽይዲ ምኽባር ሕጊ፤ዝነበሮ ድንግዝግዝታ ንምፅራይ ብዙሕ ዋጋ እናኸፈሰ ከምዝኾነ ይፍለጥ፤ምስ መረፃ 2013 ተተሓሒዙ ተመሳሳሊ ነገር ንኸይፍጠር መንግስቲ ኣቐዲሙ እንታይ ይሰርሕ ኣሎ?**

**ኣይተ ገዱ፡-** እቲ መረፃ ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ብዝኾነ መገዲ ምክያድ ማሕበረሰብ ዓለም ግንዛበ ንኽህልዎ ምግባር ፈላማይ ጉዳይ እዩ።እቲ መረፃ ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ንምግባር ወሳኒ ግደ ዘለዎ እቲ ማሕበረሰብ እዩ።እዚ ድማ በዞም ዝስዕቡ ሕቶታት እዩ ዝውሰን፤ሰባት ብናዕነት ዝደልይዎ ንምምራፅ ዝግድቦም ነገር ኣሎዶ?ልዕልነት ሕጊ ተረጋጊፁ ዶ?ፓርትታት ፖለቲካ ብዘይ ሓደ ፅዕንቶ ኣብ ዝደለይዎ ቦታን ግዘን ሕጊ መሰረት ገይሮም ኣብ ዝገብርዎ ምንቅስቓስ ብዘይ ገለ ገደብ እናተፈፀመ ድዩ?።

እዚ ከምዘሎ ኾይኑ ማሕበረሰብ ዓለም ብዝተፈለየ መገዲ እዚ መረፃ ናፃን ዲሞክራሲያውን ኾይኑ ንኽካየድ ካብ ዓቕሚ ህንፀት ቦርዲ መረፃ ዝተፈላለዩ ድጋፋት እናገበረ ፀኒሑ እዩ።ዓቕሚ ህንፀት ጥራሕ ዘይኮነስ ኽይዲ እቲ መረፃ ንኽግንዘቡ ካብ መፈለምትኡ እስካብ እቲ ውፅኢት ዘሎ ኽይዲ ንኽዕዘቡ ብወገን መንግስቲ ኽፉት እዩ።ከምኡ'ውን መንግስቲ መረፃ ቦርድ ሓዊሱ ንዝተፈላለዩ ኣካላት ስራሕቲ ግንዛበ እናሰርሐ እዩ።ካብዚ ተበጊሱ ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ሓቂ ተደሪኹ፤ ኣብ እንገብሮ ኽይዲ መረፃ ውፅኢትን ኣወንታዊ ርኢቶ ንኽህልዎ ዝገብር እዩ ኢለ ይኣምን።

**ወጋሕታ፡-ብዚ ኣጋጣሚ ንመዳርግቲ ኣካላት መረፃ 2013 ዘመሓላልፍዎ መልእኽቲ እንተሃልዩ?**

**ኣይተ ገዱ፡-** እዚ መረፃ ብዙሓት ተወዳደርቲ ፓርትታት ዝወዳደሩሉ መረፃ እዩ።ፖለቲካና ድሑር እዩ፣እቲ ስርዓት ዲሞክራሲያውን ዝተርፎ ነገር እንተሃለወ'ውን ጥንክር ዝበሉ ተወዳደርቲ ፓርትታት ንቕድሚት እናመፁ እዮም።እቲ መረፃ ኣብ ውድድር ዝተመስረተ ስለዝኾነ እቲ ሕብረተሰብ ብዙሓት መማረፅታት ስለዝቐረበሉ ዝመሰሎ ናይ ምምራፅ መሰል ተመቻቺዩሉ እዩ፤ስለዝኾነ እቲ ሕብረተሰብ ዋና ባዓል ቤት ናይቲ መረፃ እዩ።ብምዃኑ ድማ እቲ መረፃ ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ኾይኑ ዝዛዘመሉ ኹነታት ንምፍጣር ተርኡ ክዋፃእ ኣለዎ።እዚ ተፈጥራዊ መሰል ናይቲ ሕብረተሰብ እዩ።ሕገ መንግስታዊ መሰሉ እዩ።እዚ መሰሉ ተግባራዊ ንምግባር ኣብዚ መረፃ ብብቕዓት ክሳተፍ ኣለዎ።ሰላማዊ ኾይኑ ንኽዛዘም ግድኡ ክዋፃእ ኣለዎ ዝብል እምነት ኣለኒ።

ኻልኣይ ፓርትታት ፖለቲካ ብንቕሓት እናተሳተፉሉ ዝርከብ መረፃ እዩ።እዚ መረፃ ሃገር ናብ ዝሓሸ ብርኪ ንምብፃሕ «ኣነ ይሓይሽ፣ኣነባ ይሓይሽ» ተበሃሂሎም ፓርትታት ዝወዳደሩሉ እዩ።ሃገር ናብ ዝሓሸ ብርኪ እትሳገረሉ ድማ ሰላማዊ ኹነታት እንትፍጠር እዩ።ፓርትታት ሰላማዊ ዝኾነ መረፃ ንኽካየድ ንኣባላቶምን ንደገፍቶምን ከምኡ'ውን በብብርኩ ንዝርከብ መዋቕሮም ኣድላይነት ሰላማዊ መረፃ ምግንዛብን ምምሃርን ከምኡ'ውን ንሰላም ጠጠው ክብሉን ይግበኦም።

ሳልሳይ ኣካላት መኸበርቲ ሕጊ፤ ልዕልና ሕጊ ናይ ምርግጋፅ ጉዳይ ኣብ ማእገሮም ዝዓለበ ጉዳይ እዩ።እዚ ድማ ሓላፍነቶም ናይ ምውፃእ ጉዳይ እዩ። ካብ ኻልእ እዋን ንላዕሊ ኣገዳሲ ኾይኑ እዩ።ተልእኾኦም ንምውፃእ ብንቕሓትን ብምውዳድን ክንቐሳቐሱ ይግባእ።እዚ መረፃ ሰላማውን ሕጋውን ብዝኾነ መገዲ ንኽውዳእ ምግባር ንዓኣቶም'ውን ኽብሪ እዩ።ካብዚ ዝሓለፈ ድማ እቲ መረፃ ብልዕልነት ዘመሓድሮ ቦርዲ መረፃ ብገለልተኛ ንኽስራሕን ልዕልነት ሕጊ ዝተረጋገፀሉ ንኽኸውን ንምግባር ግድኦም ክዋፅኡ ይኽእሉ እዮም።ብድምሩ መላእ ኢትዮጵያውያን እዚ መረፃ ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ኾይኑ ንኽዛዘም ግድኦም ንምውፃእ ክንቀሳቐሱ ይግባእ፤ዝብል ርኢቶ ኣለኒ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሕት ብጣዕሚ እየ ዘመስግን**

**ኣይተ ገዱ፡-** ኣነ'ውን ብጣዕሚ እየ ዘመስግን

## ‹‹ሃገርና ምፍታው...

ምድራዊ ፀጋታት ዝዛየደ ፀጋ እዩ» ኢሎም ሊቃውንቲ ናይቲ እምነት የምህሩ ክብሉ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ድሮ በዓል ዒድ ኣልፈጥር ኾይንና ብዛዕባ ምሕረት፣ይቕረታን ፍቕርን 'ምበር፤ብዛዕባ ፅልኢ ምሕሳብ ኣፀጋሚ እዩ።ቐፃሊ እዋናት ብዛዕባ ሓድነት እንዝምረሉ 'ምበር፤ብዛዕባ ምፍልላይ እንዝምረሉ እዋን ከምዘይኸውን ተስፋ ይገብር ምስበሉ፤ኣስተምህሮ እስልምና ከምዝገልፆ ሓደ ሰብ ንባዕሉ ጥቕሚ ጥራሕ ዝነብር እንተኾይኑ፤ህይወቱ ትርጉም ኣይክህልዎን።ምስኡ ዝነብር ማሕበረሰብ እናጠመየ እሱ ፀጊቡ ተዝውዕል፣ጎራብቱ ተረብሾም እሱ ሰላም እንተረኺበ፣ሃገሩ ተፀጊማ እሱ እንተመቺዋ፣ኣብ ዙርይኡ ግብረተ ኽፍኣት በዚሑ ብዛዕባ ናይ ባዕሉ ቕድስና ዝሓስብ እንተኾይኑ ካብ ኣላህ ፈፂሙ ሕዝነት ኣይረክብን ክብሉ ተዛሪቦም።

‹‹ሕድሕድና ነናይ ባዕልና ዝተፈላለየ ናይ ፖለቲካ እምነት ክህልወና ይኽእል።ዘላትና ሃገር ግና ሓንቲ እያ።ዝተፈላለየ ኣረኣእያ ክነሰጉም ንኽእል፤ዘለና ህዝቢ ግና ሓደ እዩ።እቲ ፅገምና'ውን ሓደ እዩ፤ድኽነትን ድሕረትን እዩ፣ ዋላኳ ዓብዪ ህዝቢ እንተሃለወና ብኢኮኖሚ፣ብዲሞክራሲ፣ብቴክኖሎጅን ብኻልኦት ዘፈራት ስልጣነን ኣብ ድሕሪት እንስራዕ ኢና።እዚ ድሕረትና ንምስዓር ፈለማ ነንባዕልና ንፋተው፣ሃገርና'ውን ነቐድም» ኢሎም።

ፅልኢ ንዝዘርኡ፣ምስ ኣሕዋትናን ሓፍትታትናን ጎንፂ ንዝጥንስሱ፣ቑስልና እናሓኸኹ ንዘድምዩ ዕድል ኣይንሃቦም፤ኣንሕና ምስ ፍቕሪ እሳቶም ኣብ ፅልኢ፣ኣንሕና ምስ ሓድነት እሳቶም ኣብ ምፍልላይ፣ኣንሕና ኣብ ድልድል እሳቶም ኣብ ሓፁር፣ኣንሕና ምስ ሃገር እሳቶም ኣብ ቑሸት ከምዝኾና ኣይንረስዕ ኢሎም።

‹‹ንሎመዓንቲ ክንብል ፅባሕና ካብ እነበላሹ፤ ንፅባሕ ክንብል ሎሚ ንሰዋእ»ምስ በሉ፣ እቲ በዓል ናይ ደስታ፣ሰላም፣ተስፋን በረኸትን ንክኸውን ይምነ ኢሎም።

ምኽትል ቐዳማይ ሚኒስትርን ሚኒስትር ጉዳያት ወፃኢን ኣይተ ደመቀ መኮንን ብወገኖም ኣብ ዘመሓለለፍዎ መልእኽቲ፣ ፆመ ሮሞዳን ብሰዓብቲ እምነት እስልምና ፍሉይ ሃይማኖታዊ ትርጉም ከምዘለዎ ብምግላፅ፣ ኣብቲ ዝነበረ ናይ ሓደ ወርሒ ፆመ ፀሎት ካብቲ እምነት ወፃኢ ምስ ዘለዉ ወገናትና ሓድነትና ብዝበለፀ ንምጥንኻር ኣወንታዊ ኣጋጣሚ ዝፈጠረ ኢዩ ነይሩ ኢሎም።

እቶም ኣወንታዊ ኣጋጣሚታት ስዒቡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተሰናድኡ መርሃ ግብሪታት ኢፍጥር ኣፈላላያትና እንተይሓፀሩና መኣዲ ዝተኻፈልናሉ መድረኻት ናይ ሓድነትና መርኣዩ ኢዮም ክብሉ እውን ገሊፆም።

ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያውነት ተኣኻኺብና ሓድነትና ብዝበለፀ ዘማዕብሉን ዘድምቑን መርሃ ግብሪታት ሃገራዊ መሰረት ንክህልዎም ብዝበለፀ ምስራሕ ከምዘድሊ ድማ ተዛሪቦም።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ወርሒ ዓብይ ሮሞዳን ካብ ሓድነትና ዝቕድሕ ምድግጋፍ፣ ምትሕስሳብን ምድግጋፍን ኢትዮጵያዊ መሰረት ንክቕፅል ሓደራ ኢሎም።

## ‹‹ግብፂ ግድብ...

**ወጋሕታ፡- ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ኣመልኪቱ ኣብ ሰለስቲአን ዝግበር ዘተ ብስምምዕ እንተዘይተዛዚሙ ግብፂ ኣብ ርእሲ ኢትዮጵያ ኲናት ክትኸፍት ትኽእል ዶ? ወይ ኣብቲ ግድብ ጉድኣት ክተብፅሕ ትኽእል ዶ?**

**ወይዘሮ መካ፡-** ግብፃውያን ግንባር ንግምባር ክገጥሙ ኣይኽእሉን። ነቲ ግድብ ክወቕዕዎ ዝኽእልሉ ምኽንያት 'ውን ኣይህሉን። እዚ ብዓለም ለኸ ዝተኸልከለ እዩ። ግብፂ ከምዚ እንተገይራ 'ውን ማዕቐብ ክግበረላ ይኽእል እዩ። ቐጥታ ኲናት እትኸፍተሉ ኩነታት ኣይህሉን። ኣብ 19 ክፍለ ዘመን ፈቲና ብኢትዮጵያ ተሳዒሮም እዮም። ሕዚ ንሱዳን ተጠቂሞም ይሙኩሩ ኣለዉ እዮም፤ ነዚ ደሞ ኢትዮጵያ ብትዕግስትን ንቕሓትን እያ እትከታተሎ ዘላ። ነቲ ግድብን ዶብን ብምትሕሓዝ ይመስለኒ ሱዳን ዶብ ኢትዮጵያ ጥሒሳ ክትኣቱ እንተላ ግብፂ ኣብ ጎኒ ሱዳን እያ ዝበለት። ኮይኑ ግና ሱዳናውያን ባዕሎም ከምዝብልዎ ግብፂ ንባዕላ ሰፊሕ መሬት ሱዳን ሒዛ ኣላ እያ። ሱዳን ምስ ግብፂ ዘለዋ ዶብ ዘይፈትሐት ምስ ግብፂ ተመሻጢራ ከም ዝፍለጥ ዶብ ኢትዮጵያ ብምጥሓስ ከምኡ 'ውን ሓረስቶት ብምፍንቓል ሰፊሕ መሬት ሒዛ እያ።

ካሊእ ግብፂ እትገብሮ ዘላ ኣብ ውሽጢ ጉዳይና ብምእታው ግብፂ ግድብ ህዳሰ ንምስንኻል ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ብዓመፅ ዝንቐሳቐሱ ኣካላት ብገንዘብን ብሞራልን እናደገፈት እያ ትርከብ። ሓደ ሓደ ኣካላት ብፍላይ ብገንዘብ ተገዚኦም ኢትዮጵያ ንምጉዳእ ዝሓስቡ ተወለድቲ ኢትዮጵያውያን ክዕሸው ኣይግበኦምን፤ ብግዝያዊ ረብሓ እንተይተታለሉ ብዛዕባ ሃገሮምን ህዝቦምን ክቕድሙ ኣለዎም። ህዝቢ ኢትዮጵያ መስተውዐሊ እዩ፤ ዝጠቕሞን ዝጎድኦን ይፈልጥ እዩ። ስለዚ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ቕርሕንቲ ምትፍናንን ንጎኒ ብምግዳፍ ትኹረቱ ኣብ ናይ ደገ ፀላኢ ክኸውን ኣለዎ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሕት ብጣዕሚ እየ ዘመስግን።**

**ወይዘሮ መካ፡-** ኣነ 'ውን ብጣዕሚ እየ ዘመስግን።

ብምትሕብባር ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊን ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ በቢሰሙን ዝዳለው ትምህርታዊ ፅሑፍ

# ስራሕቲ ትካላዊ ዕረያ ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊ ፌዴሪሺ

ኢትዮጵያ ካብ 2010 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ኹለንተናዊ ከይዲ ለውጢ ትርከብ፡፡ዝተጀመረ ሃገራዊ ለውጢ ቐፃልነት ንምርግጋፅ ትካላዊ ዕረያ(ሪፎርም) ምኽያድ ስትራቴጃዊ ረብሕኡ ግልፂ እዩ፡፡ዝሓለፉ ውሑዳት ዓመታት ብዙሓት ኣብ ውሽጢ ናይዚ ሃገር ትካላት ስራሕቲ ዕረያ ተሰሪሖም ካብዚኣቶም ትካላት ኣመራርሓ ኣካዳሚ መለስ ዜናዊ ፌዴሪኢ እቲ ሓደ እዩ፡፡እዚ ኣካዳሚ ዕረያ ንምኽያድ መልዓሊ ዝኾኑ ምኽንያት ካብ ኩነታት ትንተና ብምልዓል ፈልዩ እዩ፡፡

ብመንፅር መልዓሊ ኩነታት ናይቲ ኣካዳሚ ትካላዊ ለውጢ ሃገራዊ ለውጢ ዝሸከም ፣ዓለምለኸ ስታንዳርድ ዘማልአ ፣ትኹረቱ ፖለቲካ ኣመራርሓ ምህናፅ ኾይኑ ንኹሉ ሃገራዊ ትካላት ብዘይምቁራፅ ኣመራርሓ ትምህርትን ስልጠና ፣ምርምርን ስልጠናን ፣ምርምርን ምምኻርን ግልጋሎት ብምሃብ ፕሮፌሽናል መራሕቲ ብስፍሓትን ብዘይምቁራፅን ዘፍሪ ጠንካራ ስትራቴጅክ ትካል ምህናፅ ዝብል ግልፂ ዕላማ ኣቕሚጡ እዩ፡፡

እዚ ዕላማ ንምዕዋት 35 ኣባላት ዘለዉዎ 6 ኮሚቴታት ብምውዳብ ትልሚ ዕረያ ንኣመራርሓ ስራሕ እቲ ኣካዳሚ ኣቕሪቡ ንኽፀድቕ ብምግባር ብሓፂርን ማእኸላይን ግዘ ዝስራሕ ዓሰርተ ዋና ዋና ስራሕቲ ዕረያ ተፈሊዮም ብቕደም ሰዓብ ተሰሪሖም እዮም፡፡ ፈለማ ተግባር እቲ ኣካዳሚ ንምጥያሽ ደንቢ ምድላው እዩ፡፡ እዚ ትልሚ ንኽፍፀም ተልእኾ ዝተውሃቦ 5 ኣባላት ዘለዉዎ ቴክኒክ ኮሚቴ እንትኸውን ረቂቅ ደንቢ ብኣምሓረኛን እንግሊዝኛን ተዳሊዩ ጠቕላሊ ዓቃቢ ሕጊ ፌደራል ሓሳብ ንክህበሉ ብምግባር ናይቲ ኣካዳሚ ስራሕ ኣመራርሓ ቦርድ ሓዊሱ በቢብርኩ ዘለዉ ርኢቶ ንክህቡ ብምግባር ዝተረኸቡ እታወታት ብምውሳድ በቲ ደንቢ መብሪሂ ብምወሳኽ ንኽፀድቕ ብቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ፌዴሪኢ ኣቕሪቡ እዩ፡፡

ኣብቲ ረቒቕ ደንቢ እቲ ኣካዳሚ ሽም ንምቕያር ሰፋሕቲ ነገራት ተተንቲኖም ምስተፈለዩ እቲ ሽም እንታይ ይኹን ? ዝብል ጉዳይ ብትኹረት ተራእዩ እዩ፡፡ትካላዊ ሽም ንምሃብ ፣ንምፅዋዕ ፣ንምርዳእ፣ንምፅሓፍ ቐሊል፣ ሰሓቢ፣ብቐሊሉ ዝዳሓዝን ዝግለፅን ፣ሓፂር ፣ግልፅን ዘይርሳዕን ፣ምስ ካሊእ ስም ዘይጋጮ ፣ንዝተፈላለዩ ኣፕልኬሽን ዝስማዕማዕ ፣ራእይ ፣ተልእኾን ትሕዝቶን ኣመላኻቲ፣ዘመን ተሳጋርን ብቐሊሉ ምፍላጥን ምሻጥን ዘኽእል ዝብሉ መመዘንቲ ኣብ ጥቕሚ ንክውዕሉ ተገይሩ እዩ፡፡ቐፂሉ'ውን ካብ 13 ሃገራት ናይ 21 ተመሳሳልቲ ትካላት ሽም ተወሲዱ መዳርግቲ ኣካላት መፀውዒ ሽም ንኽመርፁ ብምግባር ሽድሽተ ዝኾኑ ተፈልዮም በብብርኪ ኣብ ዝተኻየደ ምፍላይ ዘተን ምዘናን ኹለንተናዊ ዘካተተ ከምኡ'ውን ዘመን ተሳጋሪ ዝኾነ መፀውዒ ናይቲ ደንቢ ኣካል ተገይሩ እዩ፡፡

እቲ ኻልኣይ ዋና ተግባር ዝነበረ ኽፍተት ብምምላእ ንሃገር ኣመራርሓ ንልምዓት ዓብይ ጥቕሚ የርክብ እዩ ተባሂሉ ዝተኣመነሉን ካልኦት ሃገራት ዕብየት ሓደ ሚስጥር ዝኾነ ፖሊሲ ልምዓት ኣመራርሓ ምቕራፅ ዝምልከት እዩ፡፡እዚ ንኽፍፀም ተልእኾ ዝተውሃቦ በምኽትል ፕሬዚደንት ኣካቢነት ዝምራሕ ሽድሽተ ኣባላት ዘለውዎ ሓደ ንእሽተይ ኮሚቴ እዩ፡፡ብኣመራርሓ ልምዓት ምንነት ፣ኣድላይነት ፣ኣተገባብራን ዝፅበ ውፅኢት ከምኡ'ውን ተግዳሮትን መፍትሒኦምን ሃገራዊ ገፅታ ዘለዎ ፅንሰ ሓሳብ ሰነድን ኣመራርሓ ልምዓትን ፖሊሲ ምንነት ፣ቕርፅን ትሕዝቶን ፣ከምኡ'ውን ፖሊሲ ትግበራ ዘተ ብምኽያድ ናይ ሓባር ግንዛበ ተበፂሑ እዩ፡፡ኣድላይ ሓበሬታ ብምእካብን ተሞክሮን ብምውሳድ ኣብ ኢትዮጵያ ፖሊሲ ኣመራርሓ ልምዓት ፣ዕላማታት ፣ስትራቴጅን ኣንፈትን ረቒቕ ሰነድ ተዳልዩ እዩ፡፡



**ኣይተ ጥላሁን ኣረጋ**
**ኣካቢ ቴክኒካል ኮምቴ ትካላዊ ዕረያ**

ሳልሳይን ሃገራውን መፃኢ ዕብየትን ብልፅግናን መሰረታዊ ለውጢ የምፅእ እዩ ተባሂሉ ዝእመነሉ ኣመራርሓ ሙያ ኾይኑ ኣብ ዓቕሚ ዝተመስረተ ምምላእ ፣ምውፋርን ዕብየትን ዝወሃቦ ኣሰራርሓ ምዝርጋሕ ዝምልከት እዩ፡፡ስለዝኾነ ሃገራዊን ዓለምለኸ ስታንዳርድ ብምምስራት ሃገራዊ ብርኪ ኣመራርሓን ብቕዓትን መለክዒ ስታንዳርድ ረቒቕ ድልው ኾይኑ እዩ፡፡

ራብዓይ ተግባር ትካላዊ መሓውርን ኣወዳድባን ምምሕያሽ ዝምልከት እዩ፡፡ብዝተመሓየሸ ናይቲ ኣካዳሚ ተልእኾ ብብቕዓት ንምስራሕ ዘኽእል መሓውራዊ ኣወዳድባ ምቕራፅ ኣድላይ እዩ፡፡ብምኳኑ ኣብ ስራሕ ዘሎ መሓውራዊ ኣወዳድባ ፀገማት ብምትንታን ምፍላይ ፣ብሃገር ውሽጥን ወፃእን ተመሳሰልቲ ትካላት መሓውራዊ ኣወዳድባ ፅንዓት ብምኽያድ ፣እንታይ ዓይነት መሓውራዊ ሞዴላት ኣለዉ፣ናይቲ ኣካዳሚ ተልእኾ ንምስኻዕ ኣየኑ ዓይነት መሓውር ሞዴል ንኽተል ዝብሉን ዝኣመሰሉን ሳይንሳዊ መንገድታት ንምጥቃም ናይቲ መሓውር ረቒቕ ተዳልዩ እዩ፡፡

ሓምሻይ ተግባር ብመሰረት ኣወዳድባ ንስራሕ መደባት ዝርዝር ስራሕ ምድላው እንትኾን ዝምልከቶ መንግስታዊ ትካል ዘዳለዎ ዝርዝር ስራሕ መምርሒ ብምኽታልን እሴት ዘይውስኹ ተዓፂፎም ረቒቕ ተዳልዩ እዩ፡፡ብዝተዳለወ መሓውራዊ ውዳበ መሰረት ኣብ መደብ ስራሕ ሰብ ሓይሊ ምምዳብ ብዘኽእል መምርሒ ምደባ ሰብ ሓይሊ ዝምልከቶ ኣካል መልዓሊ ብምውሳድ ረቒቕ ተዳልዩ እዩ፡፡

ሻድሻይ ተግባር ናይቲ ኣካዳሚ ቐፃሊ ዓሰርተ ዓመታት ስትራቴጅክ ትልሚ ምድላው ብዝምልከት እንትኾን ሳይንሳዊ ስትራቴጅክ ትልሚ ከይዲ ኣደላላዎ ብምኽታል ኣድለይቲ ሰነዳትን ሓበሬታን ብምእካብን ተኸታታሊ ዘተን በቢብርኩ ብምኽያድን ዝተረኸቡ እታወታት ብምኽታል ተዳልዩ እዩ፡፡ካብ ዓሰርተ ዓመት ትልሚ ዝተቐድሐ ሓሙሽተ ዓመትን ናይ ዓመትን መራሒ ትልሚ እውን ተዳልዩ እዩ፡፡

ሻውዓይ ተግባር ክሳብ ኸዚ ኣብ ጥቕሚ ዝነበሩ ኣሰራርሓታት ዝነበሩ ፀገማት ብምዝርዛር ብምፍላይን ብምድላውን ንስራሕ ድልው ምግባር ዝምልከት እዩ፡፡ካብዚ መልዓሊ ካብ ልምዲ ፣ካብ ሃገር ውሽጥን ወፃእን ተመሳሰልቲ ትካላት ተሞክሮ ብምልዓል ሓደሽቲ ዝተሓደሱ ኣሰራርሓ መምርሕታት፡-

1ይ.ናይቲ ኣካዳሚ ሌጅስሌሽን ፣

2ይ.ኣመራርሓ ስልጠና -ተንከፍ ፍኖተ ካርታን መምርሕታት ፣

3ይ.ምርምር ተንከፍ ፖሊስን ጋይድላይን ፣

4ይ.ፅርየትን ኣግባብነት ተንከፍ መምርሕታት ፣

5ይ.ካሪኩለማት ላዕለዎት ትምህርቲ ፣

6ይ.ስልጠና ኣመራርሓ ሰነዳትን፣

7ይ.ድጋፍ ወሃብቲ ግልጋሎት መምርሕታት እቶም ቀንዲ እዮም፡፡

ብሓፈሻ ንሃገራዊ ለውጢ ዝምጥን ንለውጢ ዘላቕነት ፋይዳ ዘለዎ ኣመራርሓ ንምህናፅ ኣድላይነት ምጥያሽ ኣካዳሚ ኣመራርሓ ቐዳምነት ክዋሃቦ ዘሎዎ ብምኳኑ ኣመራርሓ ኣካዳሚ መለስ ዜናዊ ትካላዊ ዕረያ ኣብ ምኽያድ ይርከብ፡፡ንትካላዊ ዕረያ ውፅኢታውነት ናይቲ ኣካዳሚ ኣመራርሓታትን ሰራሕተኛታትን ቆራፃት እንትኾኑ ካልኦት በቢብርኩ ዝርከቡ መዳርግቲ ኣካላት ኣድለይቲ ስራሕቲ ብምፍፃም ግቡኦም ንክዋፅኡ ትፅቢት ይግበር፡፡


## ኣድራሻ

በሌ ሩዋንዳ ሸዋ የገበያ ማዕከል አጠገብ
ስልክ፡- 011 893 26 55
ፖ.ሣ.ቁ፡- 7254
Website http:// www.mzla.edu.et
Email info@mzla.edu.et
Face book www.facebook.com/meleszenawileadershipacademy

# ነፃ ሓሳብ

## ታሪኽ እንሰርሕ ሓርበኛታት ንኹን

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኢትዮጵያን ጅግንነትን ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገፅ እዮም። ልክዕ ከም ኢድን ጓንትን እዮም ምባል ይካኣል። ካብ ዘመን ናብ ዘመን፣ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ሸምና ብኹርዓት እናተፀወዐ ፀኒሑ እዩ። ነዚ ድማ ኣብተፈላለየ እዋን ኣብ ርእሲ ፀላኢ ዝተመዝገበ ዓወት ዘኹርዕ ምስክር እዩ። ካብቶም እሙናት ናይ ታሪኽ ድርሳናትና ውሽጢ ታሪኽ ሓርበኛታት ዝላዕለ ቦታ ይሕዝ። ሓርበኛታት ኢትዮጵያውያን እንትንክኡ ዝናደዱ፣ እንትድፈሩ ብሕብረት ዝላዓሉሉ ኩሩዓት ፀለምቲ ህዝቢታት እዮም። ኣብ ታሪክ ኢትዮጵያ ብወርቒ ቐለም ዝተፃሕፉ ሽማት ሽም ሓርበኛታት ብቐዳምነት ተቐሚጡ እዩ። ኣብ ታሪኽ ፀለምቲ ህዝቢታት እዚ ሽም እዚ ኣሎ።

ካብ ኣፍሪካ ሓሊፉ ኣብ ናይ ኣውሮፓ ስልጣነ ውሽጢ 'ውን ተጠቓሲ እዩ። ጠጠው ዝበልናዮ ምኽንያት በዚ ናይ ሓርበኛታት ዓብዪ ሓቒ እዩ። ኢትዮጵያ ጠጠው ዘበላ እዚ ሽም እዚ እዩ። ብኣፍሪካ ኮነ ብዓለም ናይ መጀመርያ ስልጡናት ህዝቢታት ብምባል ንፅዋዕ ብሃገርናን ብርስትናን ቐልዲ ብዘይፈልጡ ብናይ ኣቦታትና ደምን ዓፅፅምትን እዩ። ካብ ትማሊ ክሳብ ሕዚ ንሃገርን ህዝብን ክብሪ ክብሉ ንባዕርሶም ከም ሽምዓ ዘመሽኹ ብርክት ዝበሉ ጀጋኑ ኣቦታት ኣለዉ እዮም። ርስተይ ኣይህብን፣ ዶብ ሃገረይ ኣየንክእን ክብሉ ዝሞቱ፣ ብዙሓት ሰብ ውዕለት ሃገር ሓርበኛታት ትማልን ለሙዓንትን ኣለዉ እዮም።

ኢትዮጵያ ኣብዚ ሕዚ እዋን ልክዕ ብብርኪ ዓለም ለኸ ደሚቓን ተሓፊራን ክትረአ ዝገበሩ ኣቦታትና እዮም። ኣብ ዓድዋ፣ ካራማራ፣ ኡጋዴንን ኣምባኣላጀን ዓብዪ ገድሊ ብምፍፃም ዘይሞትን ዘይኣርግን ዘላኣለማዊ ክብሪ ዝሃቡና ሰብ ሓደራ ትውልዲ እዮም ነይሮም። ካብ ባርነት ኣውፂኦምና እዮም። ዘመን ብዘይስዕሮ ተጋድሎ ሓርበኝነት ብዙሕ ፀላኢ ብዓወት ሓሊፍና ኢና። ብደምን ዓፅፅምትን ሓርበኛታት ኣቦታትና ኣብ ዓለም ዓባይ ናይ ናፅነት ሃገር ሃኒፅና ኢና።

ኣነን ንስኻትኹምን ፍረ ዓወት ኣቦታትና ኢና። ክብርና እንተይጎደለ፣ ናፅነትና እንተይተነኽአ፣ ዶብና ከይተደፈረ ካብ ትማሊ ክሳብ ሕዚ ብኽብሪ ንፅውዓ ነፍሶም ንሃገር ብዝሃቡ ናይ ኣቦታትና ሞት እዩ እየ ዝብል ዘለኹ። ኩልና ፍረ መስዋእቲ ኣቦታትና ኢና። ንሕና በዚ ሞት ልክዕ ዝተኸፍሎ ኣብቲ እዋን ብዝነበሩ ጅግንነት ዘተመልአ ወለዶ እዩ። ብደም ኣቦታትና ዝበቐልና ብኣዕፅምቶም ዝተሓፈርና ናይ ብዙሕ ተጋድሎ ውፅኢት ኢና።

ብዙሓት ዝናፍቕዎ ኣብ ታሪካዊ ሃገር እንነብር ህዝቢታት ኢና። ብዓብዪ ክብሪን ሞገስን ካብ ትማሊ ክሳብ ሕዚ ስጉምና ኢና። ንኽብሪ ኢትዮጵያ ብዝኸፈልዎ መስዋእቲ ካብ ጭቆና ወፂእና ርእስና ኣቕኒዕና ኢና። ኢትዮጵያውያን ብዝሃነፅዋ ሃገር ናብ ድሙቕ ብርሃን ተሳጋጊርና ኢና። ብብዙሕ ሞትን መከራን ኣቦታትና ሓራ ወፂእና ሽምና ኣብ ታሪኽ ድርሳናት ፅሒፍና ኢና። ክብሪ ንዝሓለፉ ጀጋኑ ወለዲ ይኹን።

ሃገር ናይ ኩልና ክብሪ እያ፤ ስለ ሃገር ዘምህሩና ወለድና እዚ ክብሪ እዩ። ካብ ዓበይቲ ዓዲ ዝሰማዕናዮን ዝፈለጥናዮን ጥበብ እዚ እዩ። ናይ ኣቦታትና ሓደራ ኣለና እዩ። ከምዚ ዝበለ ሓደራ ኢና ተሸኪምና ንነብር ዘለና። ሓርበኝነት ኣብ ልቢ ሕድሕድ ኢትዮጵያዊ ኣሎ እዩ። ካብ ሕድሕድ ኢትዮጵያዊ ዝቕዳሕ ደም ዶብ ሉኣላዊነት እዩ። ብኸምዚ ምንባር ንሃገርን ህዝብን ዝኸፈል ናይ ዜግነት ግቡእ ይመስለኒ።

ብኸምዚ ኩነታት ምንባር ዓርሰኻ ንኻልኦት ህልውና መቒልካ ከም ምሃብ እየ ዝቖፅሮ። ብደም ኣቦታትና ንሕና ሕዚ ወሊድና ከቢድና ንነብር ኣለና። ብርቱዕ ህዝቢ፣ ስልጡን ሃገር ተባሂልና ኣብ ዓለም ኣዳባባይ ተመስኪሩልና ኢዩ። ፅባሕ ዝመፅእ ወለዶ ድማ ኣነን ንስኹምን ነድልዮ ኢና። ብናይ ወለድና ሓቂን ጅግንነትን ከንነብር ዝኸኣልና ምኳና ተረዲእና ካሊእ ካባና ቐፃሉ ንዝመፅእ ትውልዲ ዓርስና ንሓላፍነት ክንዳሎ ኣለና።

ኣቦታትና በዚ ልክዕ እንተዘይነብሩ ነይሮም ኣብ ዝሕዚ ግዘ ንሕና በዚ ልክዕ ኣይንርከብን ነይርና። ኣቦታና ንዓና ከምዘድለዩና ንሕና 'ውን ዝድለ ትውልዲ ስለ ዝመፅእ ግቡእ ዜግነትና ክንዋፃእ ይግባእ። ብኣቦታትና ምንባር ኢና ንነብር ዘለና። ብተስፈኦም ለምሊምና ኢና። ሕዚ ካልኦት ወለዶ ንኽነብሩ ናይና ተራ እዩ። ንኻልኦት እነድልየሉ ንኻልኦት እትኸውን ምችውቲ ሃገር ንምፍጣር ናይ ሓርበኛነት ስራሕ ንሰርሐሉ ግዜ ኢና ንርከብ።

ኣብ ዝሕዚ ሰዓት ፅቡቕ ነገር ንምስራሕ ኣብ ዘድልየሉ ሰዓት ኢና ንርከብ። ፅቡቕ ነገር ብምስራሕ ካባና ቐፂሉ ዝመፅእ ትውልዲ ስንቒ ንምኳን ክንለዓል ኣለና። ናይና ህልውና ብናይ ኣቦታትና ጅግንነት ዝተፈጠረ እዩ። ህልውና መፃኢ ትውልዲ ብናይና ጥንካረን ታሪኽን ዝፍጠር እዩ ዝኸውን። ፅቡቕ ሓሳብ ንባዕልትና ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ ዙርያና ዝርከቡ በረከትን ፅቡቕ ነገር ስለዝኾነን ኩሉ ነገር ካብ ሓሳብ ንጀምር። ሕልምን ራእይን ንኻልኦት ክጠቕም ከምዘለዎ ሓሲብና ንላዓል።

ኣቦታትና ናይ ትማሊ ኢትዮጵያ ብሩህ መልክዕ እዮም ነይሮም። ሓርበኛታትና ነንሕድሕዶና ናይ ሞት ዋጋ ዝኸፈሉ ፅቡቕ ኣተሓሳስባ ዝነበሮም ወለዲ እዮም። ኩልና ንኹልና ነድሊ ኢና። እናፈለጥናን እናተሳሓሓትናን ኣድላይ ስለ ዝኾና ኢና ናብዚ ምድሪ መፂእና። ብናይ ኣቦታትና ሓርበኝነት ተጋድሎ ሕዚ ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውነትን ክነብር እዩ።

ድሕሪ ንሕና ዘሎ ወለዶ ነንባዕሉ ዝደጋገፍ እዩ። ትማሊ ዝተፃሕፉ ደመቕቲ ነገራት ኣብ ኩልና ኣለዉ እዮም። ንሂወትና ብጣዕሚ ኣድላይ ዝኾኑ ኣብ ጥቓና ነይሮም እዮም። እዚ ሓቂ እዚ ናብ ሃገርናን ህዝብናን ክነምፅኦ እንተለና ሓርበኛታትና ንረክብ።

ኣብዚ ሕዚ ዘመን ሓርበኛታትና ናተይን ናይኩሙን ናይ ሓባር ሓቒ እዮም። ኣብ ኣዳባባይ ዓለም ብዙሓት ክሳዶም ምቕናዕ ኣብዝኣበዮም ተቐርቂሮም ኣብዝነበርሉ እዋን ቕንዕ ኢልና ክንከይድ ዝገበሩና ኣቦታትና እዮም። ዘላእለማዊ ክብርን ናፅነትን ዘጓናፀፉና ኣብቲ ዘመን ንሱ ዝበቖሉ ሓርበኛታት እዮም። ሕዚ ኣብ ሃገርና ታሪኽ ንምስራሕ ናተይን ናትኹም ተራ እዩ።

ታሪኽ ካብ ምውራይ ወፂእና ታሪኽ እንሰርሐሉ ዘመን ኢና ንርከብ። ከምዝፍለጥ ሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ኣብ ልዑል ፀገምን መከራን ውሽጢ እያ እትርከብ። ካብ ናይ ትማሊ ንላዕሊ ሕብረትና እትደልየሉ እዋን እያ እትርከብ። ካብ ደገን ውሽጥን ፀላእቲ ተላዒሎማ ኣለዉ። ሓድነትናን ሕብረትናን ንምሽርሻር ተንኮል ዝሰርሑ ውልቐሰባትን ጉጅለታትን ከምኡ 'ውን ጎረባብቲ ሃገራት እንተይቐረዩ ዝተስኡላ ግዜ ኢና ንርከብ።

ከም ኣቦታትና ትውልዲ ዘይርስዖ ናይ ጅግንነት ተግባር ሰሪሕና ንምሕላፍ ኣብ ትኽክለኛ ግዜ ኢና ንርከብ። ናተይ ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ ወፂእና ንሃገርና ፅቡቕ ነገር ንገብረሉ ብሕብረት ንቖመሉ ኣብ ናይ ተጋድሎ ግዜ ኢና ንርከብ። ኣቦታትና ኣብ ዓድዋ ፋሺስት ጣልያን፣ ኣብ ካራማራ ተስፋሕፊሑ ሱማልያ ከምኡ 'ውን ኣብ ካልኦት ግንባር ኩናት ወፊሮም ብሓርበኝነት ብርክት ዝበሉ ዓወታት ብምምዝጋብ ሕዚ ዘለቶ ኢትዮጵያ ኣብነት ኮይኖም እዮም። ንሕና'ውን ፅባሕ እትፍጠር ሓዳሽ ሃገር ንሓዱሽ ወለዶ ዝኸውን ዘኹርዕ ስራሕ እንሰርሐሉ ግዜ ኢና ንርከብ። ከም ኣቦታትና ናይ ኢትዮጵያውያን ደማቕ ቐለም ደጊምና ከንፅሕፍ ሕዚ ናይና ግዜ እዩ። ሃገርና ኣብዚ ሕዚ እዋን ብደገን ብውሽጥን ፀላእቲ ከቢቦማ ኣለዉ። ብሓድነትን ሓቦን ጠጠው እንብለሉ ግዜ ኢና ንርከብ።

ብኣባይ ጉዳይ ናይ ግብፅን ሱዳንን ምፍርራሕ መዕለቢ ዘይረኸበ ኣብ ናይና ዘመን ዝኒህ ፀገም እዩ። ኣብ ሃገርና ኣብ ተፈላላዩ ቦታታት ዝላዕሉ ፀገማት'ውን ተወሳኺ ፀገም እዩ። ብፖለቲካ፣ ብኢኮኖሚ፣ ብማሕበራዊ ህይወትና ውሽጢ ሃገርና ናይና ሓርበኝነት እትደልየሉ ግዜ ኢና ንርከብ። ሕዚ ንሃገርና ይኹን ንህዝብና ፅቡቕ ተግባር እንሰርሐሉ ካብ ኩሉ እዋን እተፈለየ መገዲ ኢና ንርከብ። ኢትዮጵያ እፈትዋ እየ ዝብል ኩሉ ካብ ወረ ሓሊፉ ብተግባር ዝፍተነሉ ግዜ እዩ።

ብሓቂ ኢትዮጵያ ካብዚ ንላዕሊ ፀገም ገጢምዋ ኣይፈልጥን። ኣነ ናይ ሃገረይ ፀገም ይስመዐኒ እዩ። ሃገረይ ክረድኣ እትደሊ እያ። ክረድኣ ድማ ኣለኒ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓድነት ክለዓል ከምዘለዎ ይስመዓኒ። ሕማም ኢትዮጵያ ናይ ኩሉና ሕማም እዩ። ኣብ ውሽጢ መከራኣ መከራና ኣሎ እዩ። ሕዚ ከም ኣቦታትና ብሕብረት ደው ብምባል ፀገም ሃገርና መዕለቢ ክረክብ ክንገብር ኣለና። መብዛሕትኦም ፀገማትና ሓድነትን ህዝባዊነትን የድልዮም እዩ። መብዛሕትኦም ፀገማት ድማ ኣብ ውሽጢ ኣባይን ኣባኹምን ኢድ እዩ ዘሎ። ኩልና ብሓድነት ጠጠው እንተይልና ኩሉ ፀገም ከም ጠስሚ መኺኹ ክተርፍ እዩ።

ክሳብ ሕዚ ዘለዉ ፀገማትና ሕብረት ብምስኣን ዝመፁ እዮም። ምፍልላይና ዝፈጠሮ ፀገም እዩ ኣብ ዝሕዚ ሰዓት በቢኸባቢኡ መከራታት እናተፈጠሩ ንሽገር ዘለና። ሓርበኛ ንኽንባሃል ግዴታ ኣብ ናይ ኵናት ሜዳ ኬድና ክንዋጋእ ትፅቢት ኣይግበረልናን። ሓርበኛ ክንባሃል ግዴታ ጉራደ ወይ ናይ ውግእ መሳርሒ ክንዕጠቕ ትፅቢት ኣይግበረልናን። ፅቡቕ ነገር ብምፅሓፍ ሓርበኛ ምኳን ንኽእል ኢና። ብናይ ሕድሕድ ሃገራዊ ፀገም ነቒሕና ብምስታፍ መፍትሒ ብምምፃእ ናይዚ ትውልዲ እዚ ሓርበኛታት ክንኸውን ንኽእል ኢና።

ብህዳሴ ግድብ ዝላዓሉ ኣፍሪካዊ ኮነ ዓለም ለኻዊ ተቓውሞታት ብሓድነት ጠጠው ብምባል ታሪኽ ምስራሕ ንኽእል ኢና። ኣብ ዝተዋፈርናሉ ዓውደ ስራሕቲ ሃገርናን ህዝብናን ዝጠቕም ፅቡቕ ውፅኢት ብምምፃእ ሓርበኛ ክንኸውን ንኽእል ኢና። ፅቡቕ ነገር ብምስራሕ፣ ፅቡቕ ነገር ብምሕሳብ፣ ኣብ ዙርያና ንዘለዉ ኣድለይቲ ነገራት ጠጠው ብምባል በዚ ሓርበኛ ክንኸውን ንኽእል ኢና። ፅቡቕ ነገር ንምስራሕ እንተተዳሊና ታሪኽ ክንሰርሐሉ ንኽእል ብዙሓት ሃገራዊ ጉዳያት ኣለዉ እዮም።

እቲ ፀገም ኮይኑ ዘሎ ምስ ዕቡድ ምዕባድ፣ እምኒ ምስዘልዐሊ እምኒ ምልዓል እዩ። ሃገርና ኣብ ኣተሓሳስባና ውሽጢ እያ ዘላ። ካብ ረሳሕ ኣተሓሳስባ ወፂእና ድሙቕን ብርሃናዊን ሓቒ ክነምፅእ ኣለና። ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ክንዲ ታሪኽ ምስራሕ ታሪኽ ብምውራይ እነሕልፎ ግዜ ይበዝሕ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ክንዲ ታሪኽ ንምስራሕ ምሙካር ብኣክሱምን ላሊበላን እናተደነቕና ስራሕ ፈቲሕና ንውዕል ብዙሓት ኢና። ልዑላት ነይርና እናበልና ብወረ ግዜና ካብ ነሓልፍ ልዑላት ክንኸውን ምስራሕ የድሊ።

ቑም ነገር ንምስራሕ እንተተዳሊና ክንሰርሕ ንኽእል ኢና። ኣቦታትና ስልጡን ኣብ ዘይነበረ ዘመን እዮም ንዓለም ዘድንቕ ታሪኽ ዝሰርሑ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ንሕና ብብዙሕ ነገር ምችውን ስልጡንን ኣብ ዝኾነ ዘመን ኢና ዘለና። ንህዝብና ይኹን ንሃገርና ታሪኽ ንምስራሕ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኣብ ትኽክለኛ ግዜ ኢና ንርከብ። ወነ ኣቦታትና ተዓጢቕና ንዘለዉ ሃገራዊ ፀገማት መፍትሒ ብምምፃእ ዜግነታዊ ሓላፍነትና ክንዋፃእ ሐደራ እናበልኩ ኣብዚ ከብቕዕ። ሰላም ቕነ።

**(ካብ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ዝተወስደ)**

# መኣዲ ጥበብ

## እስልምናን ጥበብን

**ትርሃስ ፍቓዱ**

ንሰዓብቲ እምነት እስልምና ‹‹ዒድ ሙባረክ›› እናበልና ፤ዝተፈላለዩ ድርሳናት ታሪኽ፣ጥንታዊ ፅሑፋት ከምኡ'ውን ዝተፈላለየ መርበብ ሓበሬታታት ምርኣይ ሃይማኖት እስልምና ኣብ ኪነ ህንፃን ዜማን ዘበርከተቶ ስራሕቲ ጥበብ ክንድህስስ ኢና።

መብዛሕትኦም ስራሕቲ ጥበብ መሰረቶም ሃይማኖት እዩ።ኪነ ህንፃ፣ኣቆፃፅራ ዘበን፣ዝተፈላለየዩ ዜማታት ወዘተ፤ ብፍላይ ብብርኪ ዓለምለኸ ብቕርስነት ዝተመዝገቡ ኪነ-ህንፃታት መሰረቶም ሃይማኖት እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ታሪኻዊ ቕርስታት እንተርኢና'ውን ብሃይማኖታዊ ጥበብ ዝተሰርሑ እዮም።ቕርስታት ማእኸላይ ምብራቕ ናይዚ ሓቂ መሰኻኽር እዮም።

ዶክተር ሓሰን ስዒድ ዝተብሃሉ መካየዲ ፅንዓት ኣብ ዘቕረብዎ ሓደ መፅናዕቲ፤ነብዩ መሓመድ ንነገስታት ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ ህያባት ልኢኾም እዮም። ካፍቶም ህያባት ድማ ሙሉእ ፀሊም ኽዳን፣ናይ ወርቂ ቐለበት፣ናይ ሓበሻ መጋየፂ (ፈርጥ) ዘለዎ ሰለስተ ‹‹ኣንካሴ›› ፣ጨና፣ምሽላ ሓበሻን ኻልኦትን ይርከብዎም።ሃይማኖት እስልምና ንኢትዮጵያ ዘበርከተቶ መንፈሳዊ ይኹን ንዋታዊ ቕርስታ ብዙሓት እዮም። ኣብ ሱማሌ፣ ዓፋር፣ ሃረሪ፣ ቤንሻንጉል ጉሙዝ ፣ኣብ ኣርጎባን ኻልኦት ከባብታትን ታሪኻዊ ቕርስታት እስልምና ንረክብ።

ናብ ከባቢ ሃረር እንትንኸይድ እስላማዊ ቕርስታት ማሕበረሰብ ሃረር ንረክብ።መደብር ሓያለ መስጊዳት ዝኾነት ሃረር እስልምና ካብ እትቕበል ልዕሊ 1000 ዓመት ኣቑጺራ እያ።

ተመራማሪ ጉዳያት እስልምናን መፅንዒ ታሪኽን ዝኾኑ ተሾመ ብርሃኑ ከማል፤ኣብ ዝተፈላለዩ ፅሑፎምን ጋዜጣን (ሪፖርተር ጋዜጣ) ብዛዕባ መንዙማ ሰፊሕ መብራህርሂ ሂቦም እዮም።

‹‹መንዙማ›› ናይ ዓረብኛ ቃል እንትኸውን ነዞመ ቃብ ዝብል ስርወ ቃል ዝተረኸበ እንትኸውን፤ትርጉሙ ድማ ኣሰናድአ፣ኣዳለወ፣ኣብ ምዕሩይ ኹነታት ኣቐመጠ፣ኣስተኻኸለ ማለት እዩ።‹‹ኣልሽዒር››ዝብል ቃል እንትውሰኽ ድማ ምግጣም፣ግጥሚ ምድርዳር፣ቃላታትን ሓረጋት ኣብ ትኽክለኛ ቦቶኦም ምቕማጥ ዝብል ትርጓመ ይፈጥር።መንዙማ ካብ ኻልኦት ግጥምታት ዝፈልዮ ምስ እምነት እስልምና ዝተተሓሓዘ መንፈሳዊ ግጥሚ ብምዃኑ እዩ።

መንዙማ ጥንታዊ ፈጣሪ መመስገኒ ፣ነብዩ መሓመድ (ሱዓወ) መወደሲ፣መምሃሪ ሓድነት ፈጣሪ፣እንትኸውን፤በዚ መዳይ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያን ማእኸላይ ኢትዮጵያን ናይ ንጉስ (ወሎ) ሙጅሂድ ብቐዳምነት ከምዝጥቀሱ፣ብምቕፃል ናይ ዳና ሸኻት፣ካብ ኣና ናብ ዳና፣ካብ ዳና ናብ ጫሌና እናበለ ናብ ኻልኦት ከምዝተዛመተ የረድኡ።ኣብ ራያ በዓል ጀማሎዲን ኣንይ፣ሼኽ ኢብራሂም ሪሓና፣ሼኽ ኣዋልዎ፣ሼኽ ኣብዱሰመድ፣ሼኽ ኣብዱርሕማን፣ሼኽ መሓመድ ዓረቡ ሲራጅ ዝጥቀሱ እዮም።

‹‹ኣብዚ ሐዚ እዋን ብመናእሰይ ዝቐርብ መንዙማ ካብ ኣብ ሃገራት ዓረብ ዝቐርብ ነሺዳ ዝተቐድሐ ወይ ድማ ዝተዳቐለ፣ሓደሓዲኡ ድማ ካብ ዓለማዊ ደርፊ ዝተወሰደ ከምዝኾነ ኣድላይነት መንዙማን ዘበንን ብሓባር ብምርኣይ ንግንዘብ›› ይብሉ እቶም ተመራማሪ።

ስነ ፅሑፍ ዓረብኛ ብፍላይ ኣብ ሃይማኖትን ፍልስፍናን ከምኡ'ውን ምስ ሳይንስ ዘለዎ ምትእስሳር በዚ ኣጋጣሚ ንምስፍሕፋሕ ዕድል ረኺቡ እዩ።ዝተፈላለዩ ዓይነታት ግጥሚ ብበዝሒ ተገጢሞም እዮም።ታሪኻት፣ሓተታታትን ኣፈ ታሪኻትን ተፃሒፎም እዮም። መንዙማ ዓረብኛ መዲህ ነባዊ(ነብዩ መሓመድን ቤተሰቦምን ዝንእዱ)፣መቃም(ሰባት ብሓንሳብ ኾይኖም ዘቕርብዎ)፣ማዕሉፍ((ኣብ ሰሜን ኣፍሪካ)፣ድር፣(ኣብ ግብፂ)፣መወሸሽ ኣብ ሶሪያን ኢራቅን)፣ከምኡ'ውን መቃም ኣል ኢራቂ ተባሂሎም ዝፍለጡ መንዙማታት ኣለዉ። ኣብ ቱርኪ ‹‹ነዓት›› ብሕብረት ዝቐርብ ናይ መውላዊ ዚክር፣ ዓረባት ናይ መንዙማ ወይ ድማ ናይ ዜማ መፅሓፍ (ኪታቡ ኣቃኒም) ኣለዎም።

ቕርፅታት ግጥሚ ዓረብ ብርክት ዝበሉ እንትኾኑ እቶም ቐንድታት መዲህ (መመጎሲ፣ መወደሲ፣ መጋነኒ)፣ ሒጃ (መፅላልኢ፣ ተፃራፊ፣ መሽሞሪ)፣ ቕዛል(ንፈጣሪ፣ ንነብይ፣ ፍቕሪ ሰብ ዝግለፀሉ)፣ ቂጣህ፣ (ብኣጋጣሚ ዝግጠም)፣ ማስናዊ (ድርብ ትርጉም ዘለዎ)፣ ወስፍ(ገላፂ)፣ ሪጣ(መስቆንቆኒ)፣ ኺምሪያ (ወይኒ ወይ ድማ ብወይኒ ዝምሰል፣ መስከሪ መንፈስ ዘልው ኣብነት ዘስክር ፍቕሪ)፣ ተርድያህ (ናይ ሃደን ግጥሚ)፣ ፈኸር((ናይ ፈኸራ ግጥሚ)፣ መወሸሻ (ብዛዕባ ፍቕሪ ሃገር)፣ ሓመስ (ናይ ኩናት ግጥሚ) እዮም።

ኣብ ስነ ፅሑፍ ዓረብ ኣዝዩ ማዕቢሉ ዝበሃል ስልቲ መቀማህ ዝበሃል ኣሽሙር ተንከፍ ዝርው ፅሑፍ እንትኸውን፤ናይዚ ስነፅሑፍ በዓል ሞያ ካብ 1969 እስካብ 1008 ዝነበረ ኣል ሐመድሓኒ ዝተብሃለ ደራሲ እዩ።ዋላኳ ሜላ ኣፀሓሕፋ ብዓል ሐማድሐኒ ይፈጠር እምበር እቲ ሜላ ንቕድሚት ንኽስጉም ገይርዎ እዩ ዝበሃል ካብ 1054 እስካብ 1122 ዝነበረ ዒራቓዊ መሐመድ ኣልቃሲም ኢብ ዓሊ ኣል ሐሪሪ እዩ።

# ወጋሕታ ስፖርት

# ጋንታ ፋሲል ከነማ ናይዚ ዓመት ሻምፒዮን

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

እግሪ ኩዕሶ ጉጅለ ፋሲል ከነማ 2013 ዓ.ም ቤትኪንግ ፕሪሚየር ሊግ ኢትዮጵያ ሻምፕዮን ከምዝኾነ ኣረጋጊፁ።ኢትዮጵያ ቡና ምስ ወላይታ ኣብ ዝገበሮ ንሕንሕ ብማዓረ ውፅኢት ምዝዛሙ ስዒቡ ጋንታ ፋሲል ዝተረፉ ኣርባዕተ ፀወታት እናሃለውዎ ናይዚ ሊግ ሻምፒዮን ከምዝኾነ ኣረጋጊፁ እዩ።ብኣሰልጣኒ ስዩም ከበደ ዝስልጥን ፋሲል ከነማ ኣብዚ ዓመት ኣብ ዝገበሮ ንሕንሕ ሓደ ግዘ ጥራሕ እዩ ክስዓር ዝኻኣለ ።ፋሲል ከነማ ሻምፒዮን ምዃኑ ስዒቡ ካብ ፕሪሚየር ሊግ ኣክስዮን ማሕበር ብር ሓደ ሚልየን ሽልማት'ውን ከረክብ እዩ።

ፋሲል ከነማ ኣርባዕተ መርሃ ግብሪ እናቐረዮ 49 ነጥቢ ክስብስብ ኽኢሉ እዩ።ጉጅለ እግሪ ኩዕሶ ፋሲል ቅድሚ ኸዚ ናይ ኣውዲቓካ ምሕላፍ ሻምፕዮን ከምዝነበረ ዝዝከር እዩ።ኣሰልጣኒኦምን ተፃወቶምን ሓጎሰም ገሊፆም እዮም።ኣሰልጣኒ ስዩም ከበደ ንነዊሕ እዋን እዚ ፅዋዕ ዝፅበ ዝነበረ ደጋፊ ፋሲል ከነማ በዚ ኣጋጣሚ እንኳዕ ደስ በለኩም ኹላትና ደስ ኢልና እዩ ክብሉ ኣብ ዝሃብዎ ርኢቶ ገሊፆም እዮም።ተፃዋታይን ኣነን ናይዚ ዓወት ታሪኻዊ ምዃና ብጣዕሚ ሕጉስ እየ ኢሎም።

ሎሚ ዓመት ፍሉይ ዝገብሮ ገና ፀወታታት እናቐረዩና ሻምፕዮን ምዃና ብጣዕሚ ሑጉሳት ኢና ዝበሉ ተፃወቲ ጋንታ ፋሲል ከነማ ኣብ ዝሓላፉ ሰለስተ ዓመታት ተፎካኪርቲ ኾይና ግና ንፅዋዕ ኣይበፃሕናን ነይርና ኣብዚ ኸዚ እዋን ዓወት ብምግባርና ንደገፍትና እንኳዕ ደስ በለኩም ክንብል ንፈቱ ክብሉ ሓጎሶም ገሊፆም እዮም።

ብ 1960 ዓ.ም ኣብ ጎንደር ከተማ ዝተመስረተ ጋንታ ፋሲል ከነማ ዳግማይ ናብ ኢትዮጵያ ፕሪሚየር ሊግ ካብ ዝዓበየሉ 2009 ዓ.ም ጀሚሩ ተናሓናሕነቱ ከርኢ ክኢሉ እዩ።ብፍላይ ድማ ዝሓለፉ ኽልተ ዓመታት ናይ ሊግ ክብሪ ንምርካብ እናቐረበ ኾይኑ ግና ፅዋዕ ንምጭባጥ ከምዘይኻኣለ ናይቲ ጋንታ ኣባላት ሕራነ እዩ።

ናይቲ ጋንታ ተፃዋታይ ሙጅብ ቃሲም ኣብ ዝሃቦ ርኢቶ ፋሲል ከነማ ፅዋዕ ክወስድ ዝነበሮ ኸዚ ኣይኮነን ዝሓለፉ ዓመታት ንፅዋዕ እናተፎካከርና ኢና ነይርና ፣ሎሚ ዘመን ድማ ፍሉይ ዝኾነ ምድላው ሒዝና መፂና ተዓወቲ ክንኾን ክኢልና ኢና ክብል ንኢቲቪ ኣብ ዝሃቦ ቃለ መሕትት ገሊፁ እዩ።ኣሰልጣኒ ስዩም ከበደ ፋሲል ከነማ ክብሩን ተፈላጥነቱን እናዓበየ ንክኸይድ እቲ ዓብይ ነገር ፕርሚየር ሊግ ኢትዮጵያ ምርካብ እዩ ፣ኣብ 2013 ዓ.ም ካብ ምድላው ጀሚሩ ፅቡቕ ስራሕ ክንሰርሕ ክኢልና ኢና ኢሎም፣

ፋሲል ከነማ ጉዕዞ ሻምፕዮን ኣርባዕተ ፀወታ እናቐረይዎ ዝተፈለጠ እንተኾነ'ውን እቲ መገዲ ግና ቀኑዕ ኣይነበረን ።ኮቪድ 19 ኣብ ጋንታ ኣባላት ዝፈጠሮ ምድንጋፅ ንፋሲል ከነማ ፈተና ኾይኑ እዩ፣ኾይኑ ግና እዚ ኹሉ ብዓወት ሓሊፍናዮ ኢና ኢሎም እዮም።

ኣብዚ ኣብ ሓፂር እዋን ሻምፒዮን ዝኾነ ፋሲል ከነማ ነዚ ዓወት ምኽንያት ዝኾኑ ናይቲ ጉጅለን ኣመራርሓን ኣሰልጠንቲ ምንባብን ደገፍቲ ከምኡ'ውን ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ድልየትን ምልዕዓልን ተጠቀስቲ እዮም፣ ድሕሪ ኸዚ እውን ዝጀመሮ ሰዓርነት ጉዕዞ ከምዝቕፅል'ውን ናይቲ ጋንታ ተስፋ እዩ።

ናይቲ ጋንታ ውሽጣዊ ጥናካረ ናይ ስራሕ ውፅኢት እዩ ዝበሉ ኣሰልጣኒ ስዩም ከበደ፣ ፋሲል ከነማ ጥንካረ ኣብ ሜድኡ ውሽጢ እዩ ካብ ሜድኡ ወፃኢ ካልእ እዩ እናተብሃለ ወቐሳ እንተነበረና እውን ኣብዚ ኸዚ ዝተፃወትና ግና ካብ ሜዳና ወፃእን ኣብ ዝተፈላለየ ሜዳ እዩ፣ደጋፊ 'ውን ብዘይብሉ ኣጋጣሚ እዩ ፣እዚ ድማ ናይቲ ጋንታ ብቕዓት እዩ ዘሪኣና ክብሉ ን ኢቲቪ ኣብ ዝሃብዎ ርኢቶ ገሊፆም እዮም ።



ፋሲል ከነማ ኣርባዕተ ፀወታ እናቐረዮ 2013 ዓ.ም ናይቲ ሊግ ሻምፒዮን እንትኸውን ኢትዮጵያ ቡና ብ 35 ነጥቢ ካልኣይ ብርኪ ሒዙ እናተኸተለ ይርከብ።

## ኣትሌት ጉዳፍ ፀጋይ ብ10 ሺሕ ሜትሮ ርሕቐት ቅልጡፍ ሰዓት ብምምዝጋብ ተዓዊታ

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ ):- ኣትሌት ጉዳፍ ፀጋይ ኣብ ፈላማይ 10 ሺሕ ሜትሮ ርሕቐት ተሳትፎኣ ቅልጡፍ ሰዓት ብምምዝጋብ ተዓዊታ።

ኣብ ፖርቹጋል ዝተኻየደ ውድድር ጉያ 10 ሺሕ ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ ፈርናንዳ ሪቤይሮ ጎልድ፣ ኣትሌት ጉዳፍ ፀጋይ ኣብ ፈላማይ ተሳትፎኣ 29 ደቒቕ 39 ሰኮንድን 42 ማይክሮ ሰከንድን ብዝኾነ ሰዓት ኢያ ተዓዊሪት ኮይና።

እቲ ዝተዓወተትሉ ሰዓት ኣትሌት ኣልማዝ ኣያና ኣብ ሪዮ ኦሎምፒክ ካብ ዘመዝገበቶ ክብረወሰን ዓለም ዝኾነ 29 ደቒቕ 17 ሰኮንድን 45 ማይክሮ ሰከንድን ብምቕፃል ኣብ ኢትዮጵያ ካልኣይ ቅልጡፍ ክብረወሰን እቲ ርሕቐት ከምዝኾነ ካብ ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

